ናይ ዕለታዊ ንበብ

ሕታም 4

ጥቅምቲ - ሕዳር - ታሕሳስ

2024

# ጥዑምብስራት

## መዓልታዊ

**ናጻ**

**ክሸየጥ ይብሉን**

እዚ ናይ ዕለታዊ ንባብ
ብተሓባበርትና ድሮ ስለ እተኸፍለሉ
ብናጻ ኽትዝርጋሕ ኣለዎ።

ካብ ርሑቕ ሃገር ዝመጸ ብስራት፡ ከም ዝሑል ማይ ንዝጸምኤት ነፍሲ እዩ። (መጽሓፍ ምሳሌ 25:25)

Uebert & BeBe
ANGEL




## ዩበርት ቢቢ ኤንጅልን

ዩበርት ቢቢ ኤንጅልን ንሓያሎ ዓመታት ኣብ ናይ ምሉእ ግዜ ኣገልግሎት ብምንጣፍ፣ ናብ መላእ ዓለም ብዛዕባ ብስራት ጸጋ ኣምላኽ (ዩጌልዮን) ብምብሳር፣ ከምኡውን ነቲ ኣብ መላእ ዓለም ዘሎ ትንቢታዊ ኣገልግሎት ኣብ ምእዋጅ ፈለምትን መራሕትን ድምጺ ኰይኖም የገልግሉ ኣለዉ። ክልቲኦም Spiritual Warfare, Intimacy, Prayer Banks, Supernatural Power of The Believer ከምኡውን ካልኦት ከምኡ ዝኣመሰሉ ጽሑፋት ብምድራስ፣ ኣዝዮም ህቡባት ደረስቲ ኢዮም። ዩበርትን ቢቢ ኤንጅልን ኣብ መላእ ዓለም ተደለይቲ ዝኾኑ መደርቲ ዋዕላ (conference) እዮም። ከም ዓለምለኻዊ መራሕቲ መጠን ድማ በቲ ዘለዎም ራኢ፣ ምህዞን ትብዓትን ክብሪ ረኺቦም እዮም። ከም መስረትቲ ቤተ-ክርስትያን ዘ ጉድ ኒውስ ቸርች (ስፒሪት ኤምባሲ) (The Good News church (Spirit Embassy)) ምዃኖምን ናይ ነብዪ ኦፊስ ብምሓዞምን፣ ነፍሳት ንምድሓን ኣብ ብስራት ጸጋ ኣምላኽ (ዩጌልዮን) ንምዝርጋሕ ዘለዎም ወፈያን፣ ኣብ መላእ ዓለም ብሚልዮናት ዚቘጸሩ ሰባት ተንኪፉን ደሪኹን እዩ።



**ኦሪት ዘፍጥረት 30:27**
**ላባን ድማ፥ ኣብ ቅድሜኻ ሞገስ እንተ ረኺበስ፡ እግዚኣብሄር ምእንታኻ ኢሉ ኸም ዝባረኸኒ ኣስተውዒለ ኣሎኹ፡ በሎ።**

እቶም ክትጽንበሮም ዝመረጽካ ዓይነት ሰባት ምስቲ ኣብ ሂወትካ እትርእዮ በረኸት ብቐጥታ ጽልዋ ኣለዎም ። ኣብዛ ኣብ ላዕሊ ዘላ ጥቕሲ ላባን ምስ ያእቆብ ኪዛረብ ከሎ "እግዚኣብሄር ምእንታኻ ኢሉ ኸም ዝባረኸኒ ኣስተውዒለ ኣሎኹ" ክብል ኢና እንርኢ። ብኻልእ ኣዘራርባ ላባን እቲ ኣብ ሂወቱ ዝረኣዮ ዓወት ሳላ እቲ ኣምላኽ ኣብ ህይወት ያእቆብ ዘቐመጦ በረኸት ምዃኑ እዩ ዝእመን ነይሩ።

ሎሚ ኣብ ክርስትና ብዙሓት ሰባት ሳዕቤን ናይቶም ኣብ ዙርያኦም ምሳታቶም ክራኸቡ ዝመርጹዎም ሰባት ኣይግንዘብዎን እዮም። መጽሓፍ ቅዱስ ጻድቃን ብጾቶም ብጥበብ ከም ዝመርጹ ይነግረና፣ ስለዚ እዩ እቶም ምሳኻ ግዜ ከሕልፉ ዝፈቐድካሎም ሰባት ምስቲ ኣምላኽ ኣብ ህይወትካ ዘቐመጦ ጻውዒት ወይ ራእይ ከም ዝሰማምዑ ከተረጋግጽ ዘለካ።

እቶም ከቢቦምኻ ዘለዉ ሰባት ምስ ክርስቶስ ንቕድሚት ክትግስግስ ዘይሕግዙኻ እንተ ደኣ ኾይኖም፣ እቲ ሳዕቤኑ ኣዝዩ ሓደገኛ ዕንወት ከምጽእ ይኽእል እዩ። ኣዕሩኽትኻ ወይ ትፈልጦም ሰባት ጠንቂ ናይቲ ብተደጋጋሚ ዘሸግረካ ዘሎ ማዕበል ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፣ ወይ ድማ ምኽንያት ናይቲ ቅጽበታዊ ዓወትካ ንክኾኑ ክእለት ኣሎ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ጽልዋ እቶም ኣብ ሂወተይ ዝሓብሮም ሰባት ወሳኒ እዩ! ካብ ሎሚ ኩሉ ነቲ ምስ ኣምላኽ ዘለኒ ሕብረት ከበላሹ ዝዓለመ ኣጋንንታዊ ጽልዋ ዘለዎ ሕብረታት ካብ ሂወተይ እኣልዮ ኣለኹ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ምሳሌ 13:20**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ሉቃስ 1, ወንጌል ዮሃንስ 1**



ዮሃንስ 3:16
ኣምላኽ፡ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኵሉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር፡ ከይጠፍእሲ፡ ንወዱ በጃ ኽሳዕ ዚህብ፡ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ።

እዛ ኣብ ላዕሊ ዘላ ጥቕሲ ሓንቲ ካብተን ኣብ ክርስትና ኣዝየን ዝጥቀሳ ጥቕስታት መጽሓፍ ቅዱስ እያ። ከምኡ ኾይኑ ግን ብዙሓት ትርጉም ናይዛ ሓያል መልእኽቲ ብልክዕ ኣይተረድኦምን ኣሎ። ጎይታ የሱስ ዘልኣለም ሂወት ክብል ከሎ፣ ንዘልኣለም ምንባር ጥራይ ኣይኮነን ዘስምዕ ነይሩ።

ብርግጽ ዘልኣለማዊ ሂወት ውሉድ ኣምላኽ ብምዃንና ተዋሂብና እዩ። እታ "ዘልኣለማዊ ሂወት" እትብል ቃል ግና ኣብቲ ኦሪጅናል ናይ ግሪኽ ጽሑፍ "Zoe" (ዞዌ) እትብል ቃል እያ። "Zoe"(ዞዌ) ማለት "ልክዕ ከምቲ ንኣምላኽ ዘለዎ ሂወት" ማለት እዩ። ኣምላኽ ዘልኣለማዊ እዩ ኢልና ክንገልጾ ከለና፣ ምስቲ ዘለኣለማዊንቱ፣ እቲ መወዳእታ ዘይብሉ ሓይሉ፣ መወዳእታ ዘይብሉ ምሕረቱን፣ መወዳእታ ዘይብሉ ኽእለቱን ከምኡውን ምስቲ መወዳእታ ዘይብሉ ፍልጠቱን ኣተሓሒዝና ኢና ንዛረብ ዘለና። ኩሉ ምስቲ መለኮታዊ ባህሪ ኣምላኽ ዝተኣሳሰረ ዘበለ ዘልኣለማዊ እዩ። ከምኡ ድማ፣ ዳግማይ ምስ ተወለድና እዚ ዓይነት ሂወት እዚ እዩ መንፈስና ተኻፊሉ።

ክርስቶስ እቲ ናይ ኣምላኽ ሂወት ሂብካ እዩ። እዚ ማለት፣ ከም ውሉድ ኣምላኽ ዘልኣለማዊ ብሉጽነት ዘለዎ ሂወት ክትነብር ኢኻ ተፈጢርካ። ናይ ውድቀት ሂወት ኣብ ዓሌትካ የለን! ኣብዛ ዓመት መዓርግ ጸባን፣ ኣብ ኩሉ መድረኽ ህይወትካ ብሉጽ ንክትከውንን ብሉጽ ንክትሰርሕን መወዳእታ ዘይብሉ ዓቕሚ ኣለካ!

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ናይ ኣምላኽ ሂወት ተዋሂብኒ እዩ! መወዳእታ ዘይብሉ ተኣምራት ኣብ ሂወተይ ንኽቕበል መወዳእታ ዘልብሉ ዓቕሚ ኣለኒ! ኣነ ዘልኣለማዊ ብሉጽነት ዘለዎ ሂወት እየ ዝነብር። ብስም የሱስ ክርስቶስ፣ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ወንጌል ዮሃንስ 10:28-30

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ማቴዎስ 1, ወንጌል ሉቃስ 2



ግብረ ሐዋርያት 2:38-39
ጴጥሮስ ከኣ፡ እቲ ተስፋ ንኣኻትኩምን ንደቅኹምን ነቶም ኣብ ርሑቕ ዘለዉ ኹሎም፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ዚጽውዖም ዘበሉን እዩ እተዋህበ እሞ፡ ተነስሑ ነፍሲ ወከፍኩም ከኣ ብስም የሱስ ክርስቶስ ንሕድገት ሓጢኣት ይጠመቕ፡ ህያብ መንፈስ ቅዱስውን ክትቅበሉ ኢኹም በሎም።

ኩሉ ርክብ ሓሳብ ብምልውዋጥ ወይ ብምዝርራብ እዩ ዝህነጽ። ካብ ሓዳርካ ኣትሒዝካ ክሳዕ ምስ ደቅኻ ዘለካ ርክብ፣ ኣብ ናይ ስራሕ ዓለም ዘለካ ርክባት ውን እንተኾነ ምዝርራንብ ወይ ውን ሓሳብካ ምልውዋጥ እንተ ዘየለ ዝኾነ ርክብ ክቕጽል ኣይክእልን እዩ። ልክዕ ከምኡ ድማ ከም ውሉድ ኣምላኽ መጠን፣ ምስ መንፈስ ቅዱስ ክትሓብር ኣሎካ።

ብዙሓት ሰባት ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ንክሕግዞም ወትሩ ድሉው ዝኾነ ሓጋዚ ከም ዘለዎም ስለ ዘይፈልጡ በይኖም ብጸበባ እዛ ዓለም ክሳቐዩ ኢኻ እትርኢ። መንፈስ ቅዱስ ሓደ ኣዝዩ ባህ ዘብል ኣካል ኢዩ። ስለዚ ድማ ኢኻ ከም ሓደ ሰብ ጌርካ ክትዛረቦ ዘለካ። ብዛዕባ መዓልትኻ፣ ብዛዕባ ሽግርካ ብዛዕባ ዓወትካን ንገሮ፣ ብዛዕባ ኵሉ ነገር ንገሮ። ንሱ ንክሕግዘካ እዩ ምሳኻ ዘሎ።

መንፈስ ቅዱስ ንክርስቶስ ምስተቀበልካዮ ብቐጥታ ብናጻ እተወህበካ ኣዝዩ ክቡር ህያብ እዩ። መንፈስ ቅዱስ ብሓቂ ኣብ ውሽጥኻ ምስ ኰነ፣ እቲ ምንጪ ሓይሊ ባዕሉ ኣብ ውሽጥኻ ስለ ዝሓደረ ካልእ ሓይሊ ኣየድልየካን ኢዩ። እቲ ዝበለጸ ክርስትያናዊ ሂወት ንምንባር ምስ መንፈስ ቅዱስ ጥዑይ ርክብ ክህልወና ኣዝዩ ኣድላዪ ኢዩ ። ካብ ድሕሪ ሕጂ እምበኣር፣ ምስተንሳእካ ንመንፈስ ቅዱስ ሰላም ምባል ኣይትረስዕ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነን መንስፈ ቅዱስን ሕብረት ኣለና። ንሱ ምሳይ ይጽሊ፣ ኣነ ውን ምስኡ መዓልታዊ እየ ዘዕልል። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 8:26

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ማቴዎስ 2

# ስርዓተ ኣካይዳ ኣብ ግዜ ውግእ



**2ይ ጢሞቴዎስ 2:3-4**
**ከም ንፉዕ ናይ ክርስቶስ የሱስ ዓቀይታይ ምሳይ ኳንካ መከራ ጽገብ። ዓቀይታይ ናብ ኵናት ከይዱስ፡ ነቲ ዘዐቀዮ ምእንቲ ኼስምሮ ኢሉ፡ ብናይ መነባብሮኡ ዚጠላለፍ የልቦን።**

ኣብ ዝኾነ ሰራዊት ነፍሲ ወከፍ ወተሃደር በቲ ናብ ኣገልግሎት ዝጸውዖ ኣባል ዝውሃቦ ስራሕ ኣለዎ ። ብተመሳሳሊ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ኣብዚ መወዳእታ ግዜ ንኽትዋጋእ ናብ ኣገልግሎት ጸዊዑካ ኣሎ። ወላ’ ኳ ብዙሓት ሰባት ኣብ ውግእ ከም ዘለና ኣይፍለጡ፣ ንሕና ግን ኣብ ውግእ ኢና ዘለና። እዚ ውግእ እዚ ኣብ ቍጠባዊ ወይ ማሕበራውን ባህላውን ጕዳያት ዘተኮረ ዘይኰነስ ኣብ ነፍሳት ዘተኮረ ውግእ እዩ ።

እዛ ኣብ ላዕሊ ዘላ ጥቕሲ፡ እቶም ናብዚ ኣገልግሎት እተጸውዑ ሰባት ዚመላለሱላ ስርዓት ኣካይዳ እያ። ንፉዕ ወተሃደር ብዛዕባ ሲቪላዊ ጕዳያት ዘይጭነቕ ምኽኑ እያ እትገልጽ። ከም ንፉዕ ወተሃደር ክርስቶስ ኣብ ናይዛ ዓለም እዚኣ ነገራት ኣይትጠምት፣ ኣብቲ ኣምላኽ ዝሃበካ ተልእኾ ኣተኵር!

ኣብ ቤተ-ክርስትያን ከም ሰባኺ ወይ ውን ከም ለጋሲ ወይውን ተሓሓጋዚ ምኺንካ ብዘየገድስ ኣብ መደብ ኣምላኽ ኣዚኻ ኣገዳሲ ከም ዝኾንካ ክትፈልጥ ኣለካ። ብስርዓታት እዛ ዓለም እዚኣ ንከይትምራሕ እበ፣ ኣብ ክንዳኡስ ነቲ ንኽተገልግል ዝለኣኸካ ምእንቲ ኽተሐጕስ ኣካይዳኻ ልክዕ ከም ሓደ ኣብ ውግእ ዘሎ ሰብ ዝኽተሎ ስርዓተ ኣካይዳ ይኹን።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

**ከም ንፉዕ ወተሃደር ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ስርዓተ ኣካይዳ ወተህደራት እየ ዝስዕብ። ብስርዓታት እዛ ዓለም እዚኣ ኣይኮንኩን ዝምራሕ። ኣብዚ ንነፍሲ ሰባት ዚግበር ውግእ ኣብ ቅድሚት እየ ዘለኹ። ኣሜን ።**

### ተወሳኺ መጽናዕቲ
**መዝሙር ዳዊት 144:1**

### ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ማቴዎስ 3, ወንጌል ማርቆስ 1, ወንጌል ሉቃስ 3**



**2ይ ቆረንቶስ 4: 16-17**
**እቲ ሽዓ ዚሓልፍን ቀሊልን ጸበባና ማእለያ ዜብሉ ብሉጽ ናይ ዘለኣለም ምሉእ ረዚን ክብሪ የዳልወልና እዩ እሞ፡ እቲ ናይ ወጻኢ ሰብና እንተ በሰበሰ እኳ፡ እቲ ውሽጥና ኣብ ጸጽባሕ ይሕደስ ኣሎ፡ ስለዚ ኣይንሕለልን ኢና።**

ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ፣ ንስኻ ኢኻ እቲ ሓጐስ መንፈስ ቅዱስ ከም ዝግለጽ እትገብር። ናይ ተስፋ ምቑራጽ ሂወት ምስቲ ኣምላኽ ነቶም ዚስዕብዎ ዘዳለዎ ህይወት ብሓደ ኣይከይድን እዩ ። ስለዚ ኣብ ሂወትካ ቦታ ክትህቦ የብልካን። ብዙሓት ክርስትያናት ሓጎሶም ኣብቲ ኣብ ከባቢኦም ዘጋጥም ነገራት እዮም ዘመርኲስዎ።

ክርስቶስ ብስምዒታትካ ተኣሲርካ ከይትመላለስ ኣድሒንካ እዩ። ስለዚ ኢኻ እምበኣር ነቲ ኣምላኽ ብክርስቶስ ገይሩ ዝሃበካ ሓጎስ እንዳ ረባሕካ ልዕሊ ኩነታትካ ክትነብር ዘለካ። ንሓጎስ ኣምላኽ ክትረብሓሉ ኣለካ ክንብል ከለና ነቲ ኣምላኽ ዳግማይ ምስ ተወለድካ ዝሃበካ ሓጎስ ምሉእ ብምሉእ ምጥቃም ማለት እዩ። መምርሒ መንግስቲ ኣምላኽ እዚ ዝስዕብ እዩ፣ “እቲ እትርእዮ ኢኻ ትረክብ ወይ ትወሃብ”። ስለዚ እቶም በዒንትኻ እትርእዮም ነገራት እንድሕር ደኣ ከምቲ ዝደለኻዮም ዘየለዉ፣ ኣዒንትኻ ናብ ላዕሊ ቋሕ ኣብል! ብኣዒንቲ መንፈስካ ጠምት! ንኹነታትካ ብኣረኣእያ እቲ ኻብኡ ዘድሓነካ (ማለት ክርስቶስ) ክትርእዮ ጀምር። ሎሚ ልዕሊ ኩነታትካ ክትነብር ምርጽ። ስምዒታትካ ብዘየገድስ፣ ኩሉ ግዜ ሕጉስ ዝኾነ ሂወት ኣባኻ ንኽህሉ ምረጽ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

**እቲ ኣምላኽ ዝሃበኒ ሓጎስ ንረብሓይ ኢዩ። ኣነ ልዕሊ ኩነታተይ እየ ዝመላለስ። ኣብ ሂወተይ ባህ ዘየብሉኒ ነገራት እንድሕር ደኣ ርእየ፣ ብባህርያዊ ኣዒንተይ ምርኣይ ገዲፈ ብመንፈሳዊ ኣዒንተይ ምርኣይ እየ ዝጅምር።**

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ያቆብ 1:2**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ማቴዎስ 4, ወንጌል ሉቃስ 4-5**



**ቆሎሴ 3: 1**
**ደጊም ምስ ክርስቶስ ተንሲእኩም እንተ ኼንኩምሲ፡ ነቲ ክርስቶስ ኣብ የማን ኣምላኽ ተቐሚጥዎ ዘሎ፡ ነቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ድለዩ።**

ውድድር ኣፍራስ ዝበሃል ጸወታ ኣሎ። ኣብዚ ውድድር እዚ፣ እቶም ተወዳደርቲ ናብ ዝተወሰነ ቦታ ቅድሚ ካልኦት ፈረሰኛታት ንክበጽሑ እዮም ዝወዳድሩ። ኣብ ከምዚ ዝኣምሰሉ ውድድራት፣ እቶም ኣፍራስ ብኽልቲኡ ሸነኽ ናይ ኣዒንቶም መኸልከሊ ይግበረሎም እዩ። እዚ ድማ ሓሳቦም በቲ ኣብ ኣከባቢኦም ዘሎ ነገራት ንኸይስረቕ ኢሉ እዩ ዝግበር። ብተመሳሳሊ መንገዲ ከም ውሉድ ኣምላኽ መጠን ልክዕ ከምቲ ፈረስ ብትኹረት ተንቀሳቐስ! ኣብ ጉያኻ መታን ከተትኩር፣ መንፈስዊ መከላኸሊ ኣዒንቲ ለቢስካ ንኹሎም ካብ ወጻኢ ዝመጹ ረበሻታት ዕገቶም።

ሓደ ነገር ክንዝክሮ ዘለና ነገር ግን ወላ እኳ ኣዒንቲ እቲ ፈረስ ተሸፊነን ይሃለዋ፣ ኣእዛኑ ግን ክፉታት እየን። እዚ ድማ ነቲ ካብ ፈረሰኛ ዝመጽእ መምርሒታት ምስማዕ የኽእሎ። ንስኻ ውን ከም ክርስትያን መጠን ነቲ ኣብ ዙርያኻ ዘሎ ረበሻ እንዳ ዓገትካ ከለኻ  ውን ድምጺ ኣምላኽ ንምስማዕ ጽን እንዳበልካ ክትጎዪ ኣለካ።

ብመሰረት እዛ ኣብ ላዕሊ ዘላ ጥቕሲ፣ እንድሕር ደኣ ዳግማይ ተወሊድካ ኲንካ፣ ኣዒንትኻ ኣብቲ ላዕሊ ዘሎ የቶኩራ። ኣብቲ ኣምላኽ ኣብዚ ግዜ እዚ ክትኮኖ ኢሉ ዝጸውዓካ ነገር ኣቕልብ። ሽዑ ድማ ሂወትካ ልዕሊ እቲ ዝሓሰብካዮ ደሚቑ ክበርህ ክትርኢ ኢኻ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኩሎም ረበሻታት ካብ ሂወተይ ይኣልዮም ኣለኹ! ኣብቲ ኣነ ክጎይዮ ዘለኒ ውድድር ጥራሕ እየ ዘቶኩር። ልክዕ ከም ኣብ ውድድር ዘሎ ፈረስ፡ ናብ መስመር መዛዘሚ ገጸይ ብፍጥነት እሕምበብ  ኣለኹ! ኣብዛ ዓመት ናይ ማዓርን ጸባን፣ ዓወተይ ርግጽ እዩ ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ወንጌል ማቴዎስ 6:33

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ዮሃንስ 2-4



እያሱ 3:5
እያሱ ነቶም ህዝቢ፡ እግዚኣብሄር ጽባሕ ኣብ ማእከልኩም ዜገርም ነገር ኪገብር እዩ እሞ፡ ተቐደሱ፡ በሎም።

እያሱ ኣብ ንጽህና ሓይሊ ከም ዘሎ ምሉእ ብምሉእ ይፈልጥ ነይሩ እዩ። እዚ ማለት ንጽህና ኣብ ኣተሓሳስባኻን፣ ኣብ ሂወትካን ኣብ ኣካይዳኻን ማለት እዩ። ዕላማ ኣምላኽ ኣብ ሂወትካ እንድሕር ደኣ ክትስዕብ ኰንካ፣ ንጹህ ክትከውን ኣለካ። ብዙሓት ሰባት ካብ ምስ ክርስቶስ ምስ ዓለም ዝኸይድ ሂወት እንዳ መርሑ ከለዉ ንነብሶም ግን ከም ክርስትያናት እዮም ዝርእዩዋ። ከምዚ ዓይነት ሂወት እንዳ ነበርካ እድሕር ደኣ ሂወትካ ካብ ክብሪ ናብ ክብሪ ክትኸይድ ትጽበ ኣለኻ ዕሽነት እዩ።

ኣብዛ ኣብ ላዕሊ ዘላ ጥቕሲ እያሱ ነቶም እስራኤላውያን "እግዚኣብሄር ጽባሕ ኣብ ማእከልኩም ዘገርም ነገር ክገብር እዩ እሞ ተቐደሱ" ክብል ከሎ ኢና እንርኢ። እዚ ማለት፣ ተኣምራት ኣምላኽ ንኽፍጸም እቲ ቅድመ ኩነት ምቕዳስ ህዝቡ እዩ ነይሩ።

ነፍስኻ ካብቶም ኣብ ዓለም ዘለዉ ብዘይ ምፍላይካ፣ እቲ ኣምላኽ ኣባኻ ከፍስሶ ተዳልዩ ዝነበረ በረኸት ክትስሕቶ ትኽእል ኢኻ። ሎሚ ንነፍስኻ ካብ ዓለም ክትፈሊ ምረጽ፣ ሽዑ ድማ ክትግምቶ ዘይትኽእል ተኣምራታት ኣብ ዙርያኻ ከጋጥም ክጅምር እዩ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብ ንጽህና ዓቢ ሓይሊ ኣሎ! ነፍሰይ ካብ ዓለምን ሃረርትኣን ብምርሃሓቐይ፣ ተኣምራት ካብ ኣምላኽ እቕበል ኣለኹ። ኣብ ንጽህና ሓይሊ ከም ዘሎ እፈልጥ እየ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ወንጌል ማቴዎስ 5:8

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ማተዎስ 8, ወንጌል ማርቆስ 2



**ሮሜ 8:11**
**ናይ እቲ ንየሱስ ካብ ምዉታት ዘተንስኤ መንፈስ ኣባኻትኩም ሐዲሩ እንተ አልዩ ግና፡ እቲ ንክርስቶስ የሱስ ካብ ምዉታት ዘተንስኦ፡ ንሱ ነቲ መዋቲ ስጋኹምውን፡ በቲ ኣባኻትኩም ሐዲሩ ዘሎ መንፈሱ ገይሩ፡ ህያው ኪገብሮ እዩ።**

ቤተክርስትያን ባዕላ ንነፍሳ ክትፍውስ ዘኽእል መስርሕ ኣለዋ። ውሉድ ኣምላኽ ምስ ኮንካ፣ ናይ ዘልኣለም ሂወት ኢኻ ተቐቢልካ። እዚ ማለት ካብ ድሕሪ ሕጂ ፈውሲ ኣየድልየካን እዩ። ዝኾነ ይኹን ሕማም ወይ ውን ድኻም ኣባኻ እንተ ደኣ ክኣቱ ፈቲኑ፣ በቲ ኣባኻ ዘሎ ውህበት ኣምላኽ ብምጥቃም ብቐጥታ ክትሰጐ ትኽእል ኢኻ። መጽሓፍ ቅዱስ እቲ ንየሱስ ካብ ምዉታት ዘተንስኤ መንፈስ ኣባኻትኩም ሐዲሩ እንተ አልዩ፣ ንስጋኹም ሂወት ይህቦ እዩ ይብለና።

ከምዚ ኾይኑ ግን፣ ብዙሓት ክርስትያናት ክሳብ ሕጂ ብንኣሽቱ ሕማማት ከም በዓል ሰዓልን ቃንዛ ርእስን ክሳቐዩ ኢኻ እትርኢ። ስለምንታይ እዩ ኸምኡ ኮይኑ? መጽሓፍ ቅዱስ ህዝቢ ኣምላኽ ሰኣን ፍልጠት ከም ዝጠፍእ እዩ ዝነግረና። ስለዚ ክርስትያናት ብሕማም ክሳቐዩ ከለዉ፣ ነቲ ተዋሂብዎም ዘሎ ሓይሊ ንምፍላጥ እኹል ግዜ ዘይኣሕለፉ ወይ ዘይተረድኡ እዩ።

ቃል ኣምላኽ ከተጽዕ ምስ ጀመርካ፣ እቲ ኣምላኽ ንደቁ ዘዳለዎ ሂወት ክትግንዘብ ክትጅምር ኢኻ። ብማእሰር ሕማምን ድኻምን ከይትእሰር እበ። ኣብ ክንድኡ ኣብቲ ኣምላኽ ዝሃበካናይ ምፍ ዋስ ውህበት እመን።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣምላኽ ኩሉ ንነፍሰይ ክፍውስ ዘድልዩኒ መሰርሒታት ሂብኒ እዩ። ባዕለይ ዝፍወሰሉ መስርሕ ኣባይ ኣለኒ። ፈጺመ ኣይክሓምምን እየ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**1ይ ጴጥሮስ 2:14**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ዮሃንስ 5**



ወንጌል ሉቃስ 4: 4
የሱስ ከኣ፡ ሰብ ብዅሉ ቓል ኣምላኽ እምበር፡ ብእንጌራ ጥራይ ኣይነብርን፡ ጽሑፍ እዩ፡ ኢሉ መለሰሉ።”

እዛ ኣብ ላዕሊ ዘላ ጥቕሲ ጎይታ የሱስ ንፈተና ሰይጣን ከመይ ገይሩ ከም ዝመለሰሉ እያ እተርኢ ዘላ። ከምኡ'ውን ቃል ኣምላኽ ኣብ ህይወትና ብኸመይ ተግባራዊ ክኸውን ከም ዝኽእል ጽቡቕ ገይራ እያ ተርእየና። ጎይታ ሰብ ብእንጌራ ጥራይ ዘይኮነስ ብኩሉ ካብ ኣፍ ኣምላኽ ዝውጽእ ቃል እዩ ዝነብር ክብል ከሎ፣ ብዛዕባ ሎጎስ (Logos) ኣይኮነን ዝዛረብ ነይሩ፣ ብዛዕባ ሬማ (Rhema) እዩ።

ሎጎስ ናይ ኣምላኽ ንሓሳባት፣ መደባት፣ ዕላማታት፣ ባህርይን ስብእነትን ዝሓቖፈ ቃል እዩ። ሬማ ግን ንሓደ ሰብ ንዝተወሰነ ዕላማን ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ግዜን ካብ ኣምላኽ ዝዝረብ ቃል እዩ። ሬማ ቃል ኣብ እዋን ድሌትካ ዳግማይ ክሃንጸካ ዝኽእል ሓይሊ ኣለዎ፤ ስለዚ እዩ ድማ እቲ ትንቢታዊ ኣገልግሎት ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ። ካብ ኣምላኽ ሬማ ቃል ምስ ተቐበልካ ልክዕ ኣብታ ህሞት እቲኣ ዘድልየካ ቃል ስለ ዝኾነ ኣዝዩ እዩ ዝባርኸካ።

ንኣብነት ኣብ ህይወትካ ጸገማት የጋጥመካ ይህሉ ይኸውን፡ ሃንደበት ድማ፡ “እንሆ፡ ኣነ ወትሩ ምሳኻ እየ” ዝብል ቃል ካብ ጎይታ ይመጸካ። ወላ'ኳ እዛ ጥቕሲ እዚኣ ቅድሚ ዘመናት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተጻሒፋ ትኹን፣ መንፈስ ቅዱስ ንኩነታትካ ትምልከት ብምዃና ናባኻ ስለ ዘምጽኣ፣ እዛ ቃል ሬማ ትኸውን።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ቃል ኣምላኽ ከስተንትን ከለኹ፡ መንፈስ ኣምላኽ ንህሉው ኩነታተይ ዝኸውንን ካብ ኣምላኽ ዝተዘርበን ቃል እዩ ዘምጽኣለይ! ሬማ ንህይወተይ ዳግማይ ይሃንጽ ኣሎ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
2ይ ጢሞቴዎስ 3:16

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ማተዎስ 12፣ ወንጌል ማርቆስ 3፣ ወንጌል ሉቃስ 6

# መባእታዊ መሰረት እምነት



**እብራውያን 11: 1**
**እምነት ግና ነቲ ተስፋ ዚግበሮ ነገር ርግጽ ምግባር፡ ናይቲ ዘይርአ ነገር ምርዳእ እያ።**

እምነት፡ብመሰረቱ፡ ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ ዲያብሎስን ዝግበር ክትዕ እዩ። ኣብ መንጎ እቲ ንጉስ ነገስታት ብዛዕባኻን ኩነታትካን ዝብሎንን ኣብ መንጎ እቲ ዲያብሎስ ብዛዕባ ህይወትካ ዝብሎን ኢዩ። ኣብዚ ክትዕ እዚ እትረኽቦ ዓወት ኣብቲ ብዛዕባ ቃል ኣምላኽ ዘለካ ኣፍልጦ ጥራይ እዩ ዚምርኰስ። መጽሓፍ ቅዱስ እምነት ብምስማዕ፡ ምስማዕ ድማ ብቃል እግዚኣብሔር ትመጽእ ይብል፡ ስለዚ እምነት ብምስማዕ ትመጽእ፡ ምስማዕ ድማ ቃል ኣምላኽ ብምንባብ እዩ ዝፍጠር ማለት እዩ! እንድሕር ደኣ ምስቲ ትሓልፎ ዘለኻ ኩነታት ብዝምልከት እምነት ጎዲልካ ኮይኑ፣ መፍትሒኡ ቃል ኣምላኽ እዩ።

ቃል ኣምላኽ ካብቲ ገጻት መጽሓፍ ቅዱስ ዘሊሉ ኣንጻር ሓሶት ጸላኢ ከም ዋልታኻን መከላኸሊኻን ክዋሳእ ፍቐደሉ! ዲያብሎስ ድኹም ኢኻ ክብለካ ከሎ መልስኻ "እግዚኣብሄር ሓይለይን ዋልታይን እዩ፤ ልበይ ኣብኡ ይውከል ንሱ ድማ ይሕግዘኒ!" ኢልካ መልስ።

ዲያብሎስ ሓሚምካ ምስ በለካ፡ "ኣምላኸይ ድሌተይ ዘበለ ይመልኣለይ እዩ!" ኢልካ መልስ። ቃል ኣምላኽ ከም መሰረት እምነትና ኮይኑ እዩ ዝሰርሕ። ጸላኢ ከጥቅዕ ከሎ፣ ንቃል ኣምላኽ ከም ምንጪ መከላኸሊኻ ምጥቃም ተማሃር። በቲ መሰረታዊ ናይ እምነት ባእታ ምስ ተዓጠቕካ ዝኾነ ዝትንክፈካ የለን!

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
**እምነተይ ነቲ ዘይርአ ክውንነት፡ ንጥረ ነገርን ኣካላውነትን የልብሶ! ቃል እግዚኣብሄር ብግቡእ ኣብ ዝጥቀመሉ እዋን፡ ካብ መጥቃዕቲ ጸላኢ ከም መከላኸሊ ኮይኑ የገልግለኒ። ነቲ መሰረታዊ ናይ እምነት ባእታ ጽቡቕ ጌይረ እየ ዝጥቀመሉ! ኣሜን።**

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ሮሜ 10፡17**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ማተዎስ 5-7**



2ይ ጴጥሮስ 1: 10
ስለዚ፡ ኣቱም ኣሕዋትና፡ ንጽውዓኹምን ምሕራይኩምን ከተጽንዕዎ ኣዚኹም ተጋደሉ። እዚ እንተ ገበርኩምሲ፡ ከቶ ኣይከተንደልህጹን ኢኹም።

መካነ መቓብር መአከቢ ናይ መወዳእታ ዘይብሎም ናብ ግብሪ ዘይውዓሉ ተስፋታትን ሕልምታትን እዩ። እዚ ማለት፣ ህያባቶምን ሓሳባቶምን ናብ መፈጸምትኡ ከይበጽሐ ማእለያ ዘይብሎም ዳይረክተራትን ሙዚቀኛታትን ስነጥበባውያንን ካልኦትን ኣብዚ ቦታ ዓሪፎም ስለ ዘለዉ እዩ። እዚ ኣዝዩ ዘሕዝን ክውንነት እዩ።

ብዙሓት ንጻውዒት ኣምላኽ ኣብ ህይወቶም ምሉእ ብምሉእ ከይፈጸሙ እዮም ሂወቶም ዝውድኡ! እንተኾነ ግን ኣብ ላዕሊ ዘላ ጥቕሲ ጽውዓኻን ሕሬትካን ንምጽናዕ ብትግሃት ክትሰርሕ ኣለካ ትብል። ትጉህ ዝብል ቃል "ንሓደ ነገር ንምፍጻም ቀጻሊ ምጽዓር"፤ ከምኡ ውን "ዝኾነ ነገር ኣብ ምግባር ትኩርን ጽኑዕን ምዃን" ማለት እዩ። ብሓቂ በቲ ዘይከሓድ ጸውዒት ኣምላኽ ኣብ ህይወትካ እንተ ደኣ ተጸዊዕካ ኴንካ፡ ጸዊዒትካ ንምፍጻም ጽኑዕን ትኩርን ጻዕሪ ክትገብር ኣለካ!

ብዙሓት ክርስትያናት ዳግማይ ብምውላዶም ጥራይ ከምቲ ኣምላኽ ንህይወቶም ዝሓንጸጸ መደብ ይነብሩ ከም ዘለዉ ይመስሎም ኢዩ። እዚ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ እዩ። ከምኡ እንተዝኸውን ነይሩ ጳውሎስ ንሓደ መንእሰይ ኣገልጋሊ (ኣርኪጶስ) ጸውዒት (ኣገልግሎት) ኣምላኽ ንምፍጻም ክጥንቀቕ ኣይምነገሮን ነይሩ። ሎሚ ነቲ ጸውዒት ኣምላኽ ኣብ ሂወትካ ብዘይ መመኽነይታ ብንጥፈት ክትስዕቦ ወስን።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ናብ ኣገግሎት ተሳሒበ ኣለኹ! ነቲ ዘይከሓድ ጸውዒት ኣምላኽ ኣብ ህይወተይ ንምፍጻም እየ ዝነብር! ተልእኾ ኣምላኽ ኣብ ሂይወተይ ንምፍጻም ኣብ ነፍሲ ወከፍ ስጉምቲ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ እየ ዝምራሕ!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ቆሎሴ 4፡17

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ማተዎስ 9፡ ወንጌል ሉቃስ 7



**ፊልጲ 4:6**
**ድሌትኩም ዘበለስ ብጸሎትን ልማኖን ምስናይ ምስጋና ኣብ ኣምላኽ ይፈለጥ እምበር፡ ብገለ እኳ ኣይትጨነቑ።**

ጎይታ የሱስ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ኩነታትን ቅልውላውን ዓወት ከም ዘለና ኣረጋጊጹልና ኣሎ። ፍርሕን ራዕድን ጭንቀትን ኣካል ናይቲ ክርስትያናዊ ተመክሮ ኣይኮነን። እግዚኣብሄር መንፈስ ሓይልን ፍቕርን ቅጽዓትን እምበር ናይ ፍርሒ መንፈስ ከም ዘይሃበና መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና እዩ። እዚ ማለት ፍርሒ ህያብ እዩ፤ እቲ ወሃቢ እዚ ህያብ ድማ ባዕሉ ዲያብሎስ እዩ።

ከም በዓል “ፈሪሐ” ዝብሉ ሓረጋት ኣብ ስነ-ቓላትካ ክኣትዉ ፈጺምካ ኣይትፍቀደሎም። ምኽንያቱ ፍርሒ ናይ ኣምላኽ ዘይኮነስ ናይ ዲያብሎስ’ዩ። ከም ውሉድ ኣምላኽ መጠን ርእሰ ተኣማንነትካ ካብ ፍልጠት እቲ ኣብ ውሽጥኻ ዝነብር ክኸውን ይግባእ።

ጭንቀት ወይ ስንባደ ምስ ዝስምዓካ፡ ነቲ ሃዋርያ ዮሃንስ “ኣቱም ደቀየ፡ ንስኻትኩም ናይ ኣምላኽ ኢኹም፡ ካብቲ ኣብ ዓለም ዘሎስ ኣባኹም ዘሎ ዝዓቢ ስለ ዝኾነ ስዒርኩምዎም ኣለኹም” ዝበሎ ቃል ዘክር። ኣምላኽ ንነፍሲ ወከፍ ክገጥመካ ዝኽእል ውግእ ንክትስዕር፣ ኩሉ ዘድልየካ መሳርሕታትን መሳለጥያታትን ሂቡካ ኣሎ። ንፍርሕን ጭንቀትን ጸቕጥን ኣቢኻ፡ ኣብቲ ነቲ ውግእ ድሮ ዝተዓወተልካ ጎይታ የሱስ ተኣማመን።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ናይ ኣምላኽ እየ፤ ብዝኾነ ነገር ኣይጭነቕን እየ! ርእሰ ተኣማንነተይ ኣብ ጎይታ የሱስ እዩ። ዝኾነ ጸላኢ ከም ዝስዕረኒ ኣሚኑ እንተ ደኣ ይዋግኣኒ ሃልዩ፣ ውግእ ከይተጀመረ ከሎ ድሮ ተሳዒሩ እዩ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ይ ዮሃ 4፡4

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ማቴዎስ 11



**ወንጌል ዮሐንስ 14:13**
**ኣቦ ኣብ ወዲ ምእንቲ ኪኽብርሲ፡ ብስመይ ዝለመንኩምዎ ዘበለ ዅሉ ኽገብረልኩም እየ።”**

ኩሉ ዝለመንካዮ ኣምላኽ ይህበካ እዩ። ኣምላኽ ክህበካ ምኽኣል ክሳዕ ዝስእን ክትልምኖ እትኽእል ነገር የለን። ኣብ ህይወትካ ንክትዕወት ድሌትን ፍቓድን ኣምላኽ እዩ፤ እንተኾነ ግን፡ ኣምላኽ ሃብታም ክትከውን ስለ ዝደለየካ ጥራይ ሃብታም ኩንካ ማለት ኣይኮነን፡ ንግዚኡ ሃብታም የለኻን። ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ሂወትካ ንኽፍጸም ቃል ኣምላኽ ክትነብሮን ክትለማመዶን ኣለካ።

ኣብዛ ኣብ ላዕሊ ዘላ ጥቕሲ ጎይታና የሱስ ብስሙ እንተለሚንካ እቲ ነገር ክገብሮ እየ ይብል። ‘ኣብዛ ጥቅሲ እቲ ቃል ኣብ ምሕታትካ ውሱን ክትከውን ከም ዘለካ የርኢ። ወሳንነት(Specificity) ነቲ እትደልዮ ውጽኢት ከም እትረኽቦ ይገብር። መጽሓፍ ቅዱስ ነዚ ሓሳብ እዚ ኣብ ወንጌል ማቴዎስ ደጊሙ ኣርጊጽዎ ኣሎ፣ “ነዚ ከረን እዚ ናብቲ ኣግልስ ትብልዎ ...ዝሰኣነኩም ውን የልቦን”። ‘ነዚ’ ዝብል ቃል ኣብ ትእዛዝካ’ውን ውሱን(Specific) ክትከውን ከም ዘለካ ዘመልክት እዩ!

ኣብቲ ኣምላኽ ኣብ ውሽጥኻ ዘቐመጦ ብርቱዕ ሓይሊ ተኣማመን። ከኣልነት ኣምላኽ ብገዛእ ኣተሓሳስባኻ ኣይትደርቶ።ንሱ ልዕሊ ምርዳእካ ዓቅሚ ኣለዎ። ካብ ደረትካ ወጺእካ ዓቢ ነገር ሕተት፡ እግዚኣብሄር ድማ ከከም ደረጃ እምነትካ ክምልሰልካ ከሎ ተዓዘብ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ብስም የሱስ ክሓትት ከለኹ ነቲ ዝደልዮ ነግር እፈልጦ እየ፣ ብልክዕ ውን እየ ዝገልጾ። እግዚኣብሄር ካብ ሓሳበይ ንላዕሊ ንኹሉ ዘድልየኒ ከማልእ ሓይሊ ከም ዘለዎ እፈልጥ እየ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ማቴ 17፡20**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ሉቃስ 11**


GoodNews DAILY



**1ይ ተሰሎንቄ 5:16-18**
**ኵሉ ሳዕ ተሐጐሱ። ከየባተኽኩም ጸልዩ። እዚ ምእንታኹም ብክርስቶስ የሱስ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ እሞ፡ ብዅሉ ኣመስግኑ።**

ጸሎት ኣቃውማኻ እዩ። ዘይምጽላይ ማለት ኣብ ብርቱዕ ውግእ ኣቲኻ ብዘይ ጥይት ንጸላኢ ቶኽሲ ክትትኩስ ምፍታን እዩ! ብብሉጽ ዝኾነ ናይ ጸሎት ህይወት ክትዕጠቕ ከለኻ፡ ኣንጻር ኩሉ መጥቃዕቲ ዲያብሎስ ኢኻ ንነብስኻ ትኽላኸለላ ዘለኻ።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣገዳስነት ጸሎት ዘርእዩ ሓያሎ ኣብነታውያን ንርኢ፤ ሓደ ባዕሉ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ እዩ። ኣብ ወንጌላት፡ ቅድሚን ድሕሪን ዓበይቲ ተኣምራት ምፍጻሙ ክጽሊ ከሎ ኢና እነንብብ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ፣ ቅድሚ እቲ ዘዓበየ ተኣምራት ማለት ሓጢኣትና ኣብ መስቀል ተሰኪሙ፣ ኩሉ በደልና ሓዲጉ፣ ንሞት ምስዓሩ፣ ኣብ ጸሎት ከም ዝነበረ ኢና እንርኢ።

ከምኡ ኮይኑ ግን ኣብ ቤተ ክርስቲያን ገሊኦም ነቲ ኣብ ብዙሓት ዓንኬላት ዝተተባባዐ ዝሑል ዝኾነ ናይ ጸሎት ህይወት ተለማሚዶሞ ኣለዉ። ንኣብነት ቅድሚ መግቢ ምብላዕካ ወይ ቅድሚ ምድቃስካ ጥራይ ምጽላይ፣ ኣብ ርእሲዚ ድማ ልክዕ ከምቲ ናይቶም ኣብ ቀደም ዝነበሩ ናይ ኣምላኽ ሰባት ዝረኣዩዎ ውጽኢት ክርእዩ ይጽበዩ።

ከም በዓል ሃዋርያ ጳውሎስ ዝኣመሰሉ ሰባት ብሉጽ ዝኾነ ናይ ጸሎት ህይወት ከም ዝነበሮም ብትብዓት ተዛሪቦም እዮም፣ ንሰብ ቆሮንቶስ "ሓለፋ ኹላትኩም ቋንቋታት እዛረብ እየ እሞ ንኣምላኽ ኤመስግን ኣለኹ" ክብሎም ከሎ ኢና እንርኢ። ኣብ ጸሎት ዘሎ ሓይሊ ምስ ኣላለኻዮ ደው ዘብለካ ነገር የለን።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ብሓይሊ ጸሎተይ ገይረ ናብ ጸላኢ ይትኩስ ኣለኹ። ካብቲ ምስ ኣቦ ዘለኒ ሕብረት ጸዓት ይረክብ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**1ቆሮ 14:18**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ማቴዎስ 13, ወንጌል ሉቃስ 8**



**መዝሙር ዳዊት 119:105**
**ቃልካ ንእግረይ መብራህቲ፣ ንመገደይ ብርሃን እዩ።**

ከም ክርስትያን ኣብ ብርሃን ትነብር ዘለኻ መሲሉካን ኣብ ጸልማት እንድሕር ደኣ ትመላለስ ኣለኻ ኣብ ሓደገኛ ቦታ ኢኻ ዘለኻ። ዓለም ‘ድላይካ ግበር’ ወይ ‘ንማንም ኢልካ ኣይትለወጥ’ ወይ ‘ንርእስኻ ምሰል’ ዝብሉ ሓረጋት ተስፋሕፍሕ እያ። ቃል ኣምላኽ ግን ልክዕ ከምቲ ክርስቶስ ፍጹም ዝነበረ ንፍጽምና ክንጽዕር ይነግረና።

ውሉድ ኣምላኽ ክነስኻ ክሳብ ሕጂ ብመናፍስቲ ጸልማት እትሸገረሉ ዘለኻ ምኽንያት ፍሉጥ እዩ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ምኽፋት ቃሉ ብርሃን ከም ዝህብ ይዛረብ። ማለት ብቐጻሊ ቃል ኣምላኽ እንተዘይተንብብ ኮይንካ ጸልማት ናብ ህይወትካ ክኣቱ ትፈቅድ ኣለኻ ማለት እዩ።

ኣብዛ ኣብ ላዕሊ ዘላ ጥቕሲ ቃል ኣምላኽ ከም መብራህቲ ንእግርና ተገሊጹ ኣሎ። እዚ ማለት ሽግር ምስ ዝገጥመካ፣ ኣብ ዙርያኻ ጸልማት ከም ዘሎ ክመስል ከሎ፡ ንቃል ኣምላኽ ከም ድሙቕ ብርሃን ተጠቒምካ ነቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ጸልማት ክትብትኖ ትኽእል ኢኻ። ሎሚ ንቃል ኣምላኽ ከም ብርሃን ኣንጻር ኩሉ መጥቃዕቲ ካብ መናፍስቲ ጸልማት ተጠቐመሉ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

**ንዝኾነ ናይ ጸልማት መንፈስ ከመይ ጌረ ከም ዝገጥሞ እፈልጥ እየ። ቃል ኣምላኽ ኣብ ኩሉ ኩነታተይ ዝመርሓኒ ናይ እግረይ መብራህቲ እዩ። እቲ ኣባይ ዘሎ ብርሃን ቃል ኣምላኽ ከም ናይ ስታዲዩም ብርሃን ኢዩ፣ ንኹሉ ኣብ ከባቢየይ ዘሎ ጸልማት ድማ ይብትኖ! ኣሜን።**

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**1ይ ዮሃ 1:7**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ማርቆስ 4-5**


GoodNews DAILY



**ኦሪት ዘፍጥረት 13:14-15**
**ሎጥ ካብኡ ምስ ተፈልየ ድማ፡ እግዚኣብሄር ንኣብራም፡ ዓይንኻ ቋሕ ኣብል እሞ ካብዛ ዘሎኻያ ቦታ ንሰሜንን ንደቡብን ንምብራቕን ንምዕራብን ኣቢልካ ጠምት። እዛ ንስኻ እትርእያ ዘሎኻ ኩላ ምድሪ ንኣኻን ንዘርእኻን ንዘለኣለም ክህበካ እየ።**

ሓደ ሓደ ግዜ ድምጺ ኣምላኽ ክትሰምዕ ዘይትኽእለሉ ምኽንያት ናይ በይንኻ ግዜ ስለ ዝይብልካ እዩ። ሎሚ፡ እዝንኻ ካብ ቃላት ኣምላኽ ንምእላይ ዝተዳለወ ብዙሕ ትኹረትካ ዝሰርቕ ነገራት ኣሎ።

ኣብ ላዕሊ ዘላ ጥቕሲ ቅድሚ ምግላጽ ምፍላይ ከም ዘድልይ እያ እትምህረና። ኣብርሃም (ኣብራም) ምሉእ ብምሉእ ክሳብ ንእምላኽ ዘይተፈልየ ካብ ኣምላኽ ምግላጽ ክቕበል ከም ዘይከኣለዶ ኣይገርምን፤ ብዙሕ ግዜ ጽምዋ ወይ ንበይንኻ ክስምዓካ ይኽእል እዩ፣ እዚ ግዜ እዚ ካብ ክርስቶስ መምርሒ ንኽትረኽበሉን ምስኡ ትርጉም ዘለዎ ዕላል ንክትጅምርን ፍጹም ግዜ ምዃኑ ከይተረድኣካ ክሓልፍ ይኽእል እዩ።

ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ውን ከይተረፈ ምስ ኣቦ ክዘራረብ ናይ ጽምዋ ግዜ ከም ዘሕለፈ መጽሓፍ ቅዱስ የረድኣና። ማቴዎስ የሱስ ምስ ኣቦ ብሕታዊን ናይ ጽምዋን ግዜ ንኸሕልፍ ነቶም ሰባት ኣሰናቢቱ ኣብ እምባ ከም ዝደየበ ይዛረብ። ልክዕ ከምኡ ንስኻ ውን ከምቲ ጎይታ ዝገበሮ፣ ካብ'ቲ ኣብ ዙርያኻ ዘሎ ረበሻን ጫውጫውን ወጺኻ ኣብ ቃል ኣምላኽ ንኽተቶክር ግዜ መድብ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

**ኣገዳስነት ናይ ጽምዋ ይርድኣኒ እዩ። ቅድሚ ምግላጽ ምምጽኡ ተነጽሎ ወይ ምፍላይ ከም ዘድልይ ይርድኣኒ እዩ። ኣብቲ ናይ ብሕትውና ህሞታተይ ድምጺ ኣምላኽ ብንጹር ክሰምዕን ነቲ ዝተዳለወለይ ምግላጽ ክቕበልን ድሉው ከም ዘለኹ እእውጅ! ኣሜን።**

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ማቴ 14፡23**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ማርቆስ 10**

## እቲ ዘይልወጥ ሓቅነት ፍቕሪ ኣምላኽ



**1ይ ዮሃንስ 3:1**
**ርኣዩ፡ ውሉድ ኣምላኽ ክንብሀል፡ እቲ ኣቦ ኸመይ ዝበለ ፍቕሪ ሀበና፡ ከምኡውን ኢና። ስለዚ ኸኣ ዓለም ንእኡ ኣይፈለጠቶን እሞ፡ ንኣና ኣይትፈልጠናን እያ።”**

መጽሓፍ ቅዱስ ፍቕሪ ከም እትህብ ጥራይ ዘይኰነስ ናይ ምቕባል ዓቕሚ ከም ዘለዋ እዩ ዘርእየና። እቲ ዘይልወጥ ሓቅነት ፍቕሪ ኣምላኽ ንዓኻ ንውሉዱ ኲሉ ከም ዝሃበካ እዩ መጽሓፍ ቅዱስ ዝነግር። ነፍሲ ወከፍ ጸጒሪ ርእስና ብኣምላኽ ብጥንቃቐ ከም እተቖጽረ ውን ይነግረና እዩ። እዚ ነቲ ኣምላኽ ኣብ ህይወትና ዘቐመጦ ክብሪ እዩ ዘርኢ።

ፍቕሪ ኣምላኽ ከም ህያብ ተዋሂብና ኢዩ። እዚ ማለት፣ ካብ መጠን ንላዕሊ ፍቕሪ እዩ ተዋሂቡና ዘሎ። እቲ መግለጺ ፍቕሪ ዝኾነ ክርስቶስ ኣብ ውሽጥኻ ይነብር ኣሎ። ንስኻ ውን ፍቕሪ ናይ ምቕባልን ምሃብን ባህርያዊ ክእለት ሒዝካ ኢኻ ተፈጢርካ። ስለዚ እዩ ድማ ነቲ ኣባኻ ዘሎ ፍቕሪ ኣምላኽ ከተርእዮን ክትገልጾን ኣገዳሲ ዝኾነ።

ኣብ ክርስቶስ መን ምዃንካን ናይ መን ምዃንካን ተረዲእካ ክትመላለስ ከለኻ፣ ኣብ ህይወትካ ንውድቀት ዝኸውን ቦታ የለን። ኣብ ኣምላኽ ከቢርካ ጥራይ ዘይኮንካስ ብእኡ እውን ብዘይ መጠን ከም እተፈቐርካ ኣብ ሕልናኻ ርድኢት ይሃልውካ። ብኡኡ ውን ክትነብር ጀምር።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

**እቲ ዘይልወጥ ሓቂ ዝኾነ ፍቕሪ እግዚኣብሄር በቲ ኲሉ ኣብዚ ዓመት ጸባን መዓርን ዝገበረለይን ብሕጂ ውን ዝገብረለይን ርኡይ እዩ! ኣሜን።**

### ተወሳኺ መጽናዕቲ
**መዝሙር ዳዊት 17፡8**

### ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ማቴዎስ 14, ወንጌል ማሪቆስ 6, ወንጌል ሉቃስ 9**



GoodNews DAILY

# ኣብ ቓል ኣምላኽ ስጉምቲ ምውሳድ



**ያእቆብ 2:26**
እምብኣርከ ስጋ ብዘይ መንፈስ ምዉት ከም ዝኾነ፡ ከምኡውን እምነት ብዘይ ግብሪ ምውትቲ እያ።

ሎሚ ኣብ ውሽጢ ቤተ-ክርስትያን ለብዒ ናይ ቃል ኣምላኽ ዘይገብሩ ሰባት የስፋሕፍሕ ኣሎ። ጥቕስታት ምዝካር ወይ ንነዊሕ ሰዓታት ምጽላይ ኣገዳሲ እኳ እንተኾነ፣ ምስቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ተሰማሚዕካ ንኽትነብር ግን ኣብ ኣዘራርባኻን ኣካይዳኻን ንቃል ኣምላኽ ኣብ ግብሪ ምውዓል ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ መሰረት ስነ-ምግባርን ናይ ጽድቂ ናብራን ጥራይ ዘይኰነስ ነፍሲ ወከፍ ክርስትያን ከኽብሮ ዘለዎ መምርሒ መትከል እውን ኢዩ።

ሃዋርያ ያእቆብ ኣብዛ ኣብ ላዕሊ ዘላ ጥቕሲ ዓሚቕ ትርጉም ዘለዎ ነገር ገሊጹ ኣሎ። ንሱ ድማ እምነት ብዘይ ግብሪ ምዉቲ ምዃና እዩ። ብዙሓት ክርስትያናት ወላ’ኳ ወትሩ ሰንበት ኣብ ቤተ ክርስትያን ይሃልዉ፣ ለይትን መዓልትን ይጸልዩ፣ ወትሩ ድማ ኣብ ናይ ቤተክርስትያን ፕሮግራማት ይካፈሉ፣ ስለምንታይ ግን ጣዕሚ ወይ ሓጐስ ዘይብሎም ናብራ ይነብሩ ኽም ዘለዉ የተሓሳስቦም ኢዩ።

እቲ መፍትሒ ኣዝዩ ቐሊል እዩ ። ከም ውሉድ ኣምላኽ፣ ኩሉ ዜጋጥመካ ቓልሲ፣ ምስቲ ኣብ ሂወትካ ብቓል ኣምላኽ ትነብረሉ ወይ ድማ ዘይትነብሩሉ መጠን ብቐጥታ እተኣሳሰረ እዩ። ኣምላኽ ንመለኮታዊ ቓሉ ናይ ምዝካር ክእለት ጥራይ ዘይኰነስ ኣብ ግብሪ ናይ ምውዓል ሓይሊ እውን ሂቡና እዩ። ሎሚ ኣብ ኵሉ መዳያትካ ብቓል ኣምላኽ ክትመላለስ ምረጽ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ቃል ኣምላኽ ኣብ ኵሉ መዳይ ህይወተይ ከም ዚዓዪ እገብር ኣለኹ። ክርስትናይ ብዝኣከብክዎ ፍልጠት ጥራይ ዘይኰነስ በቲ ኣብ ሂወተይ ዘርእዮ ምግላጽ ሓይሊ ቃል እውን ኢዩ ። ኣብዛ ዓመት እዚኣ ፍረ ኽፍሪ እየ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዕንባቆም 2፡4

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ዮሃንስ 6



ኤፌሶን 4:32
ግናኸ ከምቲ ኣምላኽ ብክርስቶስ ይቕረ ዝበለልኩም፡ ንሓድሕድኩም ተላዋሃትን ተዳናገጽትን ኲንኩም፡ ይቕረ ተባሃሃሉ።

ኣወዳትን ኣዋልድን ናይቲ ዝተንስአ ክርስቶስ ከም ምኳንና መጠን ኵሉ ኣበሳና ንዘለኣለም ተሓዲጉልና እዩ። ይኹን እምበር ብዙሓት ክርስትያናት ምሕረት እተጥርዮ ነገር እምበር ብነጻ ዝተዋህበና ነገር ምኳኑ ኣይፈልጡን እዮም። መጽሓፍ ቅዱስ ንክርስቶስ ከም ጐይታናን መድሓኒናን ጌርካ ምስ ተቐበልናዮ ካብ ኵሉ ሓጢኣትና ከም ዝጸረና ይነግረና። ስለዚ ንኻልኦት ይቕረ ምባል ብምእባይካ ምስቲ ኣምላኽ ክርስትያናዊ ህይወት ኪኾኖ ዝግብኦ ዚብሎ ቃል ዚጻረር ዓይነት ህይወት ኢኻ እትነብር ዘለኻ ።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ይቕረ ምባል ዘለዎ ሓይሊ ኣብ እተፈላለየ ኣጋጣሚታት ክንርኢ ንኽእል ኢና ። ሓደ ኻብቲ ኣብነት እቲ ኣብ ግዜ መስጕጉቱን ስቓዩን ነቶም ኪጐድእዎ ዚደልዩ ሰባት ብምጥማት “ኣቦ ሕደገሎም” ኢሉ ዝጸለየ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ እዩ። ንሕና እውን ልክዕ ከም ደቂ ነቶም ዚቃለሱና ይቕረ ኽንብለሎምን ምእንታኦም ክንጽልን ይግብኣና።

እዛ ኣብ ላዕሊ ዘላ ጥቕሲ ልክዕ ከምቲ ኣምላኽ ዝገበረልና ይቕረ ኽንብል ትነግረና እያ ። ሎሚ ኣብ ልዕሊ ሓደ ሰብ ቂም እንተ ኣልዩካ ይቕረ ብምባል ፍቕሪ ኣምላኽ ኣባኻ ኣርኢ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ምረትን ቂምን ኪበልዓኒ ኣይፈቅድን እየ። ልክዕ ከምቲ ክርስቶስ ይቕረ ዝበለለይ፣ ኣነ እውን ንኻልኦት ከምኡ ኽገብረሎም እየ ። ብናጻ ይቕረታ ተቐቢለ ብናጻ ድማ እህብ። ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ቈሎሴ 3፡13

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ማቴዎስ 15፡ ወንጌል ማርቆስ 7



ትንቢት ኢሳይያስ 54:14
ብጽድቂ ኽትጸንዒ ኢኺ። እትፈርህዮ የብልክን እሞ፡ ካብ ግፍዒ ርሐቒ። ስምባድ ኣይኪቐርበክን እዩ እሞ፡ ካብኡ ርሐቒ።

ነቲ ኣምላኽ ዝሃበና ሰላምን ህድኣትን ዚፍትን ህውከት ዝመልኦ ግዜ ይመጽእ እዩ። ዓለም ናብ መወዳእታኣ እናቐረበት ኣብ እትኸደሉ ዘላ እዋን ድያብሎስ ነቲ ንነፍሲ ወከፍ ውሉድ ኣምላኽ እተዋህበ ሓጐስን ሰላምን ኪዘርጎ ይጽዕር ኣሎ ። እዚ ኾይኑ ግን ብጽድቂ ክትጸንዑ ኣሎኩም ።

ኣብ ዓለም ዘሎ ሰላም ወትሩ ዝቀያየርን ዘይርጉእን እኳ እንተኾነ፣ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ግን ኣብ እዋን ብርቱዕ ህውከት ዘይነቓነቕ ሰላም ኢዩ ዝህብ። ቃል ኣምላኽ ንጹር እዩ :- ኬጥፍኣኩም ዚኽእል ኣጽዋር ፈጺሙ ኣይተነድፈን ። ኣብዚ ህይወት እዚ ኣምላኽ መንን እንታይን ክትከውን ከም ዝጸውዓኩም ምሉእ ብምሉእ ምስ ፈለጥካ፣ ሰላምካ ንምዝራግ ጸላኢ ዘውጽኦ ዝኾነ ይኹን ውጥን ኪፈርስ እዩ።

ንጎይታ ምእማን ተመሃር። ከምኡ ውን ንኹሉ ውግእካ ድሮ ከም ዝተዓወትካ ፍለጥ። ጭንቀት፣ ፍርሂ፣ ውጥረት ወይ ምጥርጣር ነቲ ኣምላኽ ዝሃበካ ሰላም ኬናውጾ ኣይትፍቀድ። መሰረትካ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ እዩ፣ ፈጺምካ ኣይክትነቓነቕን ኢኻ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

መሰረተይ ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ስለ ዝኾነ ህውከት ኪመጽእ ከሎ ኣይናወጽን እየ። ኣብዛ ዓመት ጸባን መዓርን፣ ዝኾነ ይኹን ብዘየገድስ ኣብ ሰላም እቲ ንጉስ ነገስታት ተሰዊረ ኣለኹ። ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዮሃንስ 14:27

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ማቴዎስ 16፣ ወንጌል ማርቆስ 8



**2ይ ቆረንቶስ 4: 16-17**
**እቲ ሽዓ ዚሐልፍን ቀሊልን ጸበባና ማእለያ ዜብሉ ብሉጽ ናይ ዘለኣለም ምሉእ ረዚን ክብሪ የዳልወልና እዩ እሞ፡ እቲ ናይ ወጻኢ ሰብና እንተ በስበሰ እኳ፡ እቲ ውሽጥና ኣብ ጸጽባሕ ይሕደስ ኣሎ፡ ስለዚ ኣይንሕለልን ኢና።”**

ኣብ መንፈሳዊ ዓለም፣ ባህርያዊ ኣካላትካ እናዓበኻ ብዝኸደሉ መጠን መንፈስካ እናነኣሰ እዩ ዚኸይድ። ወላኳ ደጋዊ ኣካላትና ይድከም መንፈስና ግን ኩሉ ግዜ ዝተሓደሰ ኢዩ። ስለዚ ኸኣ ኢዩ ጾም ናይ መንፈስ ተክኖሎጂ ዝኾነ። ክትጾውም ከለኻ፣ መንፈስካ ብውሽጢ እናኣደልደልካ ንደጋዊ ሰብነትካ ድማ ኸም ዚደክም ብምግባር ትቈጻጸሮ ኣለኻ ማለት እዩ።

ሓደ ኽኢላ ፕሮፌሰር፣ እርጋን ከመይ ጌይርና ደው ከም ነብልን ከምኡ ውን ከመይ ጌርና ንእስነትና ከም እንመልሶ መጽናዕቲ ገበረ ። ኣብቲ ዝገበሮ መጽናዕቲ ኵሉም እቶም ብዕድመ ኽም እትንእስ ዚገብሩኻ ጂን ኣባኻ ኽም ዘለዉ ግናኸ ስርሖም ከም ዘይሰርሑ ዘለዉ እዩ ተገንዚቡ ። እተፈላለየ ፈተናታትን ክልሰ-ሓሳባትን ድሕሪ ምርካቡ፣ እዞም ዘይንጡፋት ጂን እዚኣቶም መጠኑ ብዝሓለፈ ውጥረት ምስ ኣጋጠመ ናብ ስራሕ ከም ዝውዕሉ እዩ ተገንዚቡ። እዚ ኸኣ ብጭንቀት ወይ ብኣእምሮኣዊ ድኻም ዘይኰነስ ንኣካላትካ ናብ ደረት ክትደፍእ ከላኻ እዩ።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ከም በዓል ሙሴ መንእሰይነት መንፈሶም ኣብቲ ደጋዊ ኣካላቶም ኣብ ዝግለጸሉ ደረጃ ዝበጽሑ ሰባት ንርኢ ኢና። ሙሴ ኣብ ግዜ እርጋኑ እውን እንተ ኾነ ናይ ምርኣይ ክእለቱ ኽም ናይ ሓደ መንእሰይ እዩ ነይሩ። ከም ክርስትያን መጠን ንመንፈስካ ንምሕዳስ ከም ጾም ዝኣመሰሉ ኣገባባት ተጠቐም። ነዚ ኣምላኽ ዝሃበካ ተክኖሎጂ ኽትጥቀመሉ ኸለኻ ከም ሕማምን ድኻምን ዝኣመሰሉ ነገራት ካባኻ ኺሃድሙ ኢዮም።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

መንፈሰይ መንእሰይን ሓይሊ ዝመልኦን እዩ። ንኣካላተይ ደጋዊ ጸቕጢ ብምግባር፣ መንፈሰይ ካብ ውሽጢ ኪድልድል እፈቅድ ኣለኹ። ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ዘዳግም 34፡7**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ማቴዎስ 17፣ ወንጌል ማርቆስ 9**



**መዝሙር ዳዊት 50: 9-11**
**ኵሉም እንስሳ በረኻን ኣብ ኣሻሕ ኣኽራን ዘለዋ ኽብትን ናተይ እየን፣ ንኹለን ኣዕዋፍ ኣኽራን እፈልጠን፣ ኣብ ምድሪ ዚዋሳወስ ከኣ ምሳይ እዩ ዘሎ እሞ፣ ኣነ ኻብ ገዛኻ ዝራብዓት፣ ካብ ደምቤኻውን ዲቤላታት ኣይወስድን።**

ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ኻብ እተመላለሱ ሰባት እቲ ዝበለጸ እዩ። ልክዕ ከምቲ ንሱ ዝገበሮ ኣብ መላእ ዓለም ኣወንታዊ ለውጢ ንምምጻእ ሓሳባትን ቅኑዕ ዝኾነ ኣገባብ እነባብራን ሂቡና ኢዩ ። ከመይ ጌርና ዕዉታት ከም እንኸውን፣ ነቲ ኣብ ከባቢና ዘሎ ኹነታትውን ብኸመይ ክንዕብልሎ ኽም እንኽእል ከምኡውን ከምይ ጌርና ካብቲ ዝገዝኣና ኲነታት ንወጽእ ጎይታ የሱስ የርእየናን ይሕግዘናን እዩ።

ንርእስኻ ኽም ብሉጽን ዜድንቅን ሰብ ጌርካ ርእያ ። ከም ተራ ሰባት ምንባር እበ። ምኽንያቱ ንስኻ ተራ ሰብ ኣይኮንካን። ኣምላኽ ዕዉት ንኽትከውን እዩ ፈጢሩካ። ድኽነትን ስእነትን ኣብ ዘርእኻ የለን።

መጽሓፍ ቅዱስ ኣቦና ኣብ ሽሕ ኣኽራናት ዘለዋ ከብቲ ኽም ዝውንን እዩ ዝነግረና። ኣምላኽ ድኻ ኼይኑዶ ይስምዓካ፧ ብርግጽ ድኻ ኣይኮነን። ከምቲ ኣቦና ሃብታም ዝኼነ ነቶም ዚስዕብዎ ውን ኲሉ ዝውንኖ ሂብዎም እዩ ። ናይ ባንክ ሕሳብካ ባዶ ምህላዉ ኣየገድስን እዩ፣ ንኹነታትካ ጥራይ ተዛረቦ ። ብክርስቶስ ሃብታም ኢኻ፣ ሃብትኻ እንዳ ተገልጸ (እንዳ ተራእየ) ኢዩ ዝኸይድ ዘሎ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ድኽነት መርገም እዩ። ሕጂ ይነጽጎ ኣለኹ። ነቲ ገለ እኳ ዘይጎድሎ ኣምላኽ እየ ዘገልግል። ኣምላኽ ዓወት ንኸምጽእ ኢሉ እተሃንጸ ኣእምሮ ሂቡኒ እዩ ። ዕዉት ስለ ዝኾንኩ ኣይሰዓርን እየ። ድኽነት ግደይ ኣይኰነን። ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**2 ዮሃንስ 1፡2**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ማቴዎስ 18**



**1ይ ዜና መዋዕል 22: 5**
ዳዊት ከኣ፡ እዚ ወደይ ሰሎሞን ንኡስን ልምሉምን እዩ፡ እታ ንእግዚኣብሄር እትስራሓሉ ቤት ግና ኣብ ኲለን ሃገራት ስምይትን ንእድትን ክተከውንሲ፡ ኣዝያ ዓባይ ክትከውን ይግባእ፡ ስለዚ ኽዳልወላ ደልየ ኣሎኹ፡ በለ። ሽዑ ዳዊት ቅድሚ ሞቱ ብዙሕ ኣዳለወ።

መብዛሕትኡ ግዜ ንሰማዕተይ "ብመጠን ዝተዳለናዮ ዕድላት የጓንፈና" ዚብል ብቃል እብሎም እየ። ኣየ ኽመይ ዝበለ ትኽክል መግለጺ ኰን ኢዩ። ክርስትያን ከም ምኽንካ መጠን ነቲ ኣብ ህይወትካ ዝርከብ በረኸት ኣምላኽ ክትዳለወሉ ኣገዳሲ ኢዩ። ኣብ ዓለም ከም 'ንጽቡቕ ተተስፎ ንኽፉእ ግን ተዳሎ' ከምኡውን 'ነቲ ዝኸፍአ ኩነታት ድሉው ኩን' ዝኣመሰለ ምሳሌታት ኣዝዮም ህቡባት ኢዮም። ይኹን እምበር ውሉድ ኣምላኽ ንኽምዚ ዝኣመሰለ ቓላት ኪቕበሎ የብሉን።

ኣብ እዋን ድርቂ፣ እቶም ኣብ ጽቡቕ ዘመን ምህርቲ ምድላዋት ዚገብሩ ሰባት እዮም ኣብ ዓመታት ድርቂ መኻዝኖም ብእኽሊ ዝመልእ። ኣገልግሎት ጎይታና የሱስ ውን ከይተረፈ ዝለዓለ ጽልዋ መታን ንኽምጽእ ቀቅድሚኡ ዝኸዱ መገዲ ጸረግቲ ነበርዎ።

እንተ ተዳሊኻ፣ ኣምላኽ ክትፍጽሞ ዝጸውዓካ ዝኾነ ይኹን ነገር ኣይኪፈሽልን እዩ። ነቲ ሓዳር፣ ንኣገልግሎት፣ ነቲ ኽትጅምሮ እትደሊ ንግዲ ከምኡውን ካልእ ከምዚ ዝኣመሰለ ነገራት ካብ ሎሚ ክትዳሎ ጀምር። ኣብዘ ዓመት ጸባን መዓርን ኣኺሉ ዚተርፍ ነገራት ንምርካብ ኽመይ ጌርካ ከም እትዳሎ ብልክዕ ንክትፈልጥ ጸጋ ተቐበል።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኩሉ ግዜ ነቲ ዝበለጸ እየ ዝዳሎ። ኣብዛ ዓመት እዚኣ፣ ኩሉ ዝተዳለኹሉ ዘበለ ናብ ፍረ በጺሑ እዩ። ብስም የሱስ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ምሳሌ 24፡27**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ዮሃንስ 7-8**



**መጽሓፍ ኢያሱ 23: 14**
**እንሆ ኸኣ፡ ኣነ ሎሚ መገዲ ኹላ ዓለም እኸይድ ኣሎኹ እሞ ካብቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ብዛዕባኹም እተዛረቦ ኹሉ ጽቡቕ ነገር፡ ሓደ ነገር እኳ ኸም ዘይወደቐ፡ ብኹሉ ልብኹምን ብኹሉ ነፍስኹምን ፍለጡ። ኩሉ በጽሓኩም እምበር፡ ካብኡስ ሓደ ነገር እኳ ኣይወደቐን።**

ኵሉ እቲ ጐይታ ነቶም ዚስዕብዎ እተመባጽዖ ነገራት ድሮ ተፈጺሙ እዩ። ከምኡ ኮይኑ ግን ብዙሓት ክርስትያናት ክሳዕ ሕጂ ሕማም፣ ድኽነት ወይ ውን ጸበባ ኣብ ህይወቶም የጋጥሞም ኣሎ። ስለምንታይ እዩ ከምኡ ዝኸውን፧ ምኽንያቱ ብዙሓት ክርስትያናት ገና በቲ ክውንነት ናይ ቃል ኣምላኽ ኣይመላለሱን እዮም ዘለዉ።

ከም ክርስትያናት መጠን መብጽዓታት ጐይታ ኣብ ሂወትና ከም ዝፍጸም ክንገብር ግዴታና እዩ ። ንቓል ኣምላኽ ዝግብኦ ኣኽብሮት ምሃብን ኣብ ግብሪ ምውዓል ውን ምስ እንኣቢ፣ መጽሓፍ ቅዱስ ጥቕሚ ዘይብሉ ጽሕፈት ዝመልኦ ብራና እዩ ዝኸውን።

ኣብቲ ኣምላኽ ኣብ ቃሉ ዝኣወጆ መብጽዓታት ምሉእ ብምሉእ ኣብ ኵሉ መዳይ ህይወትና ምውካል ክንመሃር ኣሎና ። እዛ ኣብ ላዕሊ ዘላ ጥቕሲ ኣምላኽ ዝኣተዎ መብጽዓታት ከም ዘይፈሸለ ተረጋግጸልና ። ኣብዚ ሓቂ እዚ ብልክዕ ኽትመላለስ ከለኻ ጭንቀትን ውጥረትን ከሸግረካ ኣይክእልን እዩ ። ከም ሃብትን ጽቡቕ ጥዕናን ብልጽግናን ዝኣመሰሉ ነገራት መብጽዓታት ጥራይ ዘይኰኑስ፣ ድሮ ተፈጺሞም እውን እዮም ። ኩሉ ነገር ድሮ ከም እተዳለወልካ ኣስተብሂልካ በዚ ርድኢት ተንቀሳቐስ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኵሎም ናይ ጐይታ መብጽዓታት ኣብ ህይወተይ ድሮ ተፈጺሞም እዮም። ሎሚ ኵሉ መብጽዓታት ኣምላኽ ናተይ ምዃኑ ተረዲኤ እየ ዝንቀሳቀስ ዘለኹ። ኣብ ኵሉ መዳይ ህይወተይ ድማ በረኸተይ ይወርሶ ኣለኹ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**2 ቈረንቶስ 1:20**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ዮሃንስ 9-10**



**መዝሙር ዳዊት 30: 11-12**
ነፍሰይ ምእንቲ ኽትዝምረልካን ስቕ ከይትብልንሲ፣ ብኽያተይ ናብ ሳሕቂ ለዊጥካለይ፣ ከለይ ፈቲሕካስ፣ ደስታ ኣዕጢቕካኒ። ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ፣ ንዘለኣለም ክውድሰካ እየ።

ፍረ ናይ ምፍራይ ሓይሊ ዘለዎ ጽምብል (celebration) ኣሎ። ብዙሓት ካብቶም ሎሚ ንክርስትያናት ዘጋጥምዎም ዘለዉ ጸገማት፣ ብውዳሴን ብበዓልን ክስዕርዎ ይኽእሉ እዮም። መጽሓፍ ቅዱስ ኣምላኽ ብውዳሰ ወይ ማህሌት ህዝቡ ኸም ዚነብር ይነግረና። እዚ ኸኣ ቅዱስ በዓል ኣብ ዝሃለዎ ዘበለ ኣምላኽ እውን ኣብኡ ኸም ዘሎ እዩ ዘረድእ ። ከም መጠን ውሉድ ኣምላኽ ብዓል ምብዓል ጥራይ ዘይኰነስ ብመንፈስን ብሓቅን ምምላኽ ኣገዳሲ እዩ።

ቃል ኣምላኽ፣ ሓይሊ ኣምላኽ ብጽምብል ወይ ድማ ብኣምልኾ ብፍጥነት ዝተገልጸሉ እተፈላለየ ኣጋጣሚታት ከም ዝነበረ ይሕብረና እዩ ። ሓደ ኣብነት ጳውሎስን ሲላስን ኣብ እተኣስሩሉ እዋን እዩ ። ኣብ ቤት ማእሰርቲ ከለዉ ኣምልኾ ክሳዕ ክንደይ ሓያል ምዃኑ ይፈልጡ ነበሩ ። ንኈይታ ዚውድስ መዝሙር ኪዝምሩ ኸለዉ መሰረት እቲ ቤት ማእሰርቲ ተናወጸ። ካብ መቓውሖም ድማ ናጻ ወጹ። ልክዕ ከምኡ ንስኻ ከተምልኽ ከለኻ ውን ኣምላኽ ነቲ ንህይወትካ ኣብ ባርነት ዘእተዋ መቕሕ ንምፍታሕ ድሉው እዩ ። ሎሚ ኣብ ምብዓል ዘሎ ሓይሊ ተጠቀመሉ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

**ኣምላኽ ኣብ ውዳሰይ እዩ ዚነብር። ኣብ እዋን ህውከት እውን ከይተረፈ ናይ ኣምልኾ ሓይሊ እፈልጦ እየ ። ኣብዛ ዓመት እዚኣ ካብ ቅድሚ ሕጂ ብዝያዳ ከምልኽ እየ። ኣሜን ።**

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**መዝሙር 22፡3**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ሉቃስ 10**



GoodNews DAILY



ኦሪት ዘፍጥረት 1: 28
ኣምላኽ ከኣ ባረኾም። ኣምላኽ ድማ፤ ፍረዩን ተባዝሑን ንምድሪ ከኣ ምልእዋን ምለኽዋን፡ ንዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ ሰማይን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኵሉ እንስሳን ከኣ ግዝኡ፡ በሎም።

ፍረዩን ተባዝሑን። ብዙሓት ሰባት ነዛ ጥቕሲ እዚኣ ምስ ኣዳምን ሄዋንን ጥራይ እዮም ከተሓሕዝዋ ዚኽእሉ። እንተ ኾነ ግን እዛ ጥቕሲ እዚኣ ኣብ ኵሉ መዳያት ክርስትያናዊ ሂወት ኽትውዕል ትኽእል እያ ። ኣምላኽ ድሮ ብዙሕ ፍርያትን ኣኺሉ ዝተርፍን ዘለዎ ህይወት ክንነብር ትእዛዝ ሂቡና ኣሎ ።

ኣምላኽ ንደቁ ኽምዚ ዓይነት ባህጊ እኳ እንተ ኣለዎ፣ ብዙሓት ክርስትያናት ግን ምስጢር ብልጽግና ስለ ዘይተማህሩ ናይ ምልኣት ሂወት ኣይነብሩን እዮም ዘለዉ ። ምስጢር ብልጽግና ኣምላኽ እዚ እዩ፣ ንኹሉ እቲ ንህይወትን ንኣምልኾን እንተላይ ንብልጽግና ዚምልከት ነገራት ኣምላኽ ሂብካ እዩ።

መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ልዕሊ ኵሎም ኣብዛ ምድሪ ዘለዉ ህያዋን ፍጥረታት ክትገዝእ ከም እተዋህበካ እዩ ዚገልጽ። እዚ ማለት ድማ ነቲ ኣምላኽ ድሮ ዝሃበካ ነገራት ክተዓናቕፈካ ዝኽእል ሓይሊ ዘለዎ ሰብ ኣብ ምድሪ የለን ማለት ኢዩ። ሓሳብ ክርስቶስ ከም ዘሎካን ክትገዝኦ ዘይትኽእል ንግዲ ኰነ ሞያ ከም ዘየለን ፈሊጥካ ብትብዓት ተመላለስ። ኣምላኽ ምስጢር ብልጽግና ሂቡካ ኣሎ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ምስጢር ብልጽግና እፈልጦ ኢየ ። ኣምላኽ ነቶም ብእኡ ዚኣምኑ፣ ኹሉ ኣዳሊሎም ኣሎ። ብስም የሱስ ዝነገድለኒ የብለይን ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
2 ጴጥሮስ 1:3

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ሉቃስ 12-13



1ይ ቆረንቶስ 14: 10
ኣብ ዓለም በበይኑ ዝኾነ ብዙሕ ቋንቋታት ኣሎ፡ ርግጽ ደሃይ ዘይብሉ ግና የልቦን።

እቲ እትዛረቦ ቃላት ንመጻኢኻ ክሃንጾ ወይ ከበላሽዎ ክእለት ኣለዎ። መጽሓፍ ቅዱስ ትርጉም ዘይብላ ሓንቲ ቃል እውን ከም ዘየላ ይነግረና እዩ ። እንተኾነ ግን ብዙሓት ክርስትያናት ቃላቶም ከም ዝሃስዮም ዘሎ ከይተረድኦም ክዛረቡ ኢና እንርኢ።

መዛረቢኡ ዕላማኻ ወይ ቃናኻ ብዘየገድስ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም፣ ኲሉ እትዛረቦ ቓላት ናይ ገዛእ ርእሱ ትርጉም ኣለዎ። ቃላት ኣዝዮም ሓያላት ካብ ምኻኖም እተላዕለ፣ ምድሓካ ብኣፍካ ምስ ተኣመንካ ጥራይ እዩ ዝፍጸም። ኣብ ህይወትካ ብዙሕ ጸገማት ኬጋጥመካ እንተ ጀሚሩ “እንታይ ዓይነት ቃላት እየ ዝዛረብ ዘለኹ፣” ኢልካ ንርእስኻ ሕተት።

ብዙሓት ሰባት ከም “ኣእጋረይ ምውት ኢለን” ከምኡውን ውሉዶም ናብ ገዛ ምስ ኣተወ “እዚ ሰይጣን ዝኾነ ቆልዓ ከኣ መጺኡ” ዚብል ሓረጋት ምጥቃም ጕድኣት ዘይብሉ ኹይኑ እዩ ዚስምዖም ። ከይኑ ግን ኣብ ኣእጋርካ ከቢድ ቃንዛ ኼጋጥመካ ኸሎ ወይ ውን ውሉድካ ንዓኻን ኣብ ቤት ትምህርትን ጸገም ክፈጥር ከሎ ኣይትገረም። ቃላት ኣፍካ ክብረት ዘለዎ ይኹን፣ ምስቲ ዘይጋገ ቓል ኣምላኽ ዚሰማማዕ ነገራት ጥራይ ካብ ኣፍካ ኣውጽእ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ንቃላተይ እጥንቀቐሎም እየ። ጥቕሚ እቲ ዝዛረቦ ቓላት እፈልጥ እየ ። ናይ ጥፍኣት ቃላት ዘይኮነስ ዝሃንጽ ቃላት እየ ዝዛረብ። ቃላት ኣፈይ ክብረት ኣለዎም።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ምሳሌ 16:24

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ሉቃስ 14-15



GoodNews DAILY



**ወንጌል ሉቃስ 15: 7**
**ከምኡ ኸኣ ንስሓ ኻብ ዘይደልዩ ተስዓን ትችዓተን ጻድቃንሲ፡ ብሓደ ዚንሳሕ ሓጥእ ኣብ ሰማይ ሓጐስ ኪኸውን እዩ፡ እብለኩም አሎኹ።**

ካብቶም ዓበይቲ ጓሶት (pastors) ኣትሒዝካ ኽሳዕ እቲ ሓድሽ ኣባል ጉባኤ፣ ኩሉ ሰብ ነፍሳት ናብ ክርስቶስ ከምጽእ ኢዩ ተጸዊዑ። ኣብዘን ናይ መወዳእታ እዋናት እዚኣተን፣ ደቂ ኣምላኽ ካብ ሓጢኣት ወጺኦም ናብ ኢድ ኣቦ ንኽይምለሱ ድያብሎስ ኣቓልቦኦም ዝሰርቁ ነገራት ገይሩ ኣሎ። ኣምላኽ ድሌቱ ነቶም ዘይተቐበልዎ ናብኡ ንምምላስ እዩ ። መጽሓፍ ቅዱስ እቲ ዓጺድ ድሉው ምኺኑ ነጊሩና እዩ፣ ሕጂ ወጺእካ ነፍሳት ኽትረብሕ ጥራይ እዩ ዘሎካ።

ገሊኦም ሰባት፣ ኣምላኽ እንታይ ክኾኑ ጸዊዕዎም ኣሎ ክሳዕ ሕጂ ከም ዘይፈለጡ ክነግሩኻ ከለዉ ኣዝዩ እዩ ዘገርም። መጽሓፍ ቅዱስ ንጹር እዩ፡- ሃብታም ኩን፣ ድኻ፣ ሰባኺ ኹን፣ ኣጽራዪ ቤት ትምህርቲ፣ ነፍሳት ክትረክብ ኢኻ ተጸዊዕካ ።

እቲ ዘለኻዮ ቦታ ነፍሳት ንምርባሕ ምቹእ ባይታ እዩ። ንወንጌል የሱስ ክርስቶስ ንበይንኻ ጥራይ ኣይትግበሮ። ንኹሉ ሰብ ብዛዕባ እቲ ንጉስ ነገስታት መስክር። ሽዑ ድማ ኣብ ሂወትካ ድንቂ ዝኾነ ነገራት ክትርኢ ክትጅምር ኢኻ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ዕዮ ኣምላኽ ብምንክብኻበይ ፣ ንሱ ውን ነቲ ናተይ ነገራት ይንከባኸበለይ ኣሎ። እቲ ዓጺድ ነፍሳት ድሉው እዩ። ኣነ ኸኣ ኣብቲ ግራት ዓያዪ እየ። ኣብዛ ዓመት እዚኣ ካብቲ ቕድሚ ሕጂ ዝገበርኩዎ ንላዕሊ ነፍሳት ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ከምጽእ እየ። ብስም የሱስ፣ ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ሮሜ 1፡16**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ሉቃስ 16-17**



ናብ ሰብ ሮሜ 12:2
እቲ ሰናይን ባህ ዜብልን ምሉእን ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ምዃኑ ምእንቲ ኽትምርምሩስ፡ ብምሕዳስ ሓሳብኩም ተለወጡ እምበር፡ ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ።

መንግስተ ሰማይ ምስ ሓደ ጽቡቕ ዘርኢ ዝዘርአ፣ ግን ደቂሱ ከሎ ጸላኢ መጺኡ ኣብቲ ግራቱ ጻህያይ ዝዘርኣሉ ሰብኣይ ተመሳሲላ ኣላ። ብዙሓት ክርስትያናት ዕዮ ኣምላኽ ገና ኣብ ዘይተዛዘመሉ እዋን ደቂሶም ስለ ዘለዉ እዛ ምሳሌ እዚኣ ምስ'ዚ ዘለናዮ ግዜ ትመሳሰል እያ።

ከም ሓለቓን መራሕን ኣብ ወለዶ ኰንካ ኽትትንስእ እንተ ደሊኻ፣ ብዝኾነ ይኹን ነገር ኣቓልቦኻ ኻብ ኣምላኽ ኬግልስ ኣይትፈቕደሉ። ሓደ ናይ ሓቂ ሓለቓ መርከብ ብርቱዕ ህቦብላን ማዕበልን ኣብ ዚበዝሓሉ እዋን፣ ንሱ ውን ክብርትዕ ከም ዘለዎ ይፈልጥ እዩ።

ሓደ ናይ ወለዶ ሓለቓ መርከብ ምቕት ኣይደልን እዩ። ወይ ውን ኣብ ግዜ ሽግር ካብታ መርከብ ኣይዘልልን። ተልእኽኡ ክሳዕ ዝዛዘም ካብታ ዘለዋ ቦታ ኣይንቀሳቐስን እዩ። ብተመሳሳሊ ውሉድ ኣምላኽ ከም ምዃንካ መጠን፣ ግዳማዊ ሓይልታትን ጽልዋታትን ንጻውዒትካ ዕንቅፋት ኮይኖም፣ ናብ ዕላማኻ ቕድሚ ምብጻሕካ ካብታ መርከብ ከም እትዘልል ክገብሩኻ ኣይትፍቀደሎም። ድምጺ ድያብሎስ ኣይትስማዕ። ኣብ ክንዳኡ ቃል ኣምላኽ ኣብ ኵሉ መዳይ ህይወትካ ንቕድሚት እንዳ ደፈአ ከም እትግስግስ ክገብረካ ፍቐደሉ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ሓለቓ ወለዶ እየ። ኣብ ስራሕ ኣይድቅስን እየ። ጸላኢ ካብቲ ኣምላኽ ዝጸውዓኒ ነገራት ኣቓልበይ ክሰርቕ ኣይፈቕደሉን እየ ። ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
2 ቈረንቶስ 6፡14

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ዮሃንስ 11



**ወንጌል ማቴዎስ 19: 26**
**የሱስ ጠመቶም፡ እዚ ንሰብ ኣይከኣሎን፡ ንኣምላኽ ግና ኵሉ ይከኣሎ እዩ፡ በሎም።**

ነቶም ብጐይታ ዘለዉ ፈጺሙ ዘይከኣል ነገር የለን። ናብ ጸጋም ወይ ናብ የማን ኣይትጠምት፣ ኣብ ጐይታ ጥራይ ኣተኵር። ኣለኒ ኢልካ እትሓስበ ድኻም ብዘየገድስ ኣምላኽ ካብ ኵነታትካ ንላዕሊ ንኽትነብር ኣብ ውሽጥኻ ሓይሊ ሂቡካ ኣሎ።

ንከኣልነት ኣምላኽ ኣብ ህይወትካ ኣይትደርቶ ። ምዕባይ ናይቲ ብድሆ ወይ ጸገም ብዘየገድስ ንካብኡ ዝዓቢ ኣምላኽ ኢኻ እተገልግል ዘለኻ። እንታይ ዓይነት ሓይሊ ኸም ዝሃበካ ምስ ፈለጥካ ክጐድኣካ ዚኽእል ኣጽዋር የልቦን። ገንዘብ ይኹን ሕማም ብዘየገድስ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ኵላቶም ዓወት ሂብካ ኣሎ።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ከም ጴጥሮስ፣ ትርጉም ናይታ ናይ መጀመርታ ስሙ (ማለት ስምኦን) “ቃንጥሻ” ወይ “ብቐሊሉ ዝናወጽ” ዝነበረ፣ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ህይወት ስምኦን ኣገልግሎቱ ምስ ጀመረ ግን ስሙ ናብ ጴጥሮስ (ማለት “ከውሒ”) ዝተለወጠሎም ሰባት ንርኢ ኢና ።

ዘይምርግጋእ ናይቶም ኣብ ህይወትካ ዘለዉ ነገራት ብዘየገድስ፣ ኣምላኽ ካብቲ ብንፋስ ዚነፍስ ቃንጥሻ ናብ ተሪር ከውሒ ኪልውጠካ ይኽእል እዩ። ኣብቲ ኣምላኽ ከም ውሉዱ መጠን፣ ዝኾነ ይኹን ነገር ንክትገብር ዝሃበካ ሓይሊ ተኣማመን።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

**ኵሉ ነገር ብኣምላኽ ክገብሮ እኽእል እየ። ኣምላኽ ዘይምርግጋእ ካብ ህይወተይ ኣልጊሱ ከም ከውሒ ኣጽኒዑኒ እዩ። ኣሜን ።**

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ሉቃስ 1፡37**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ሉቃስ 18**



**ሮሜ 4: 20**
**ግናኸ ንኣምላኽ ክብሪ እናሃበ ንምእማን በርትዔ እምበር፡ ነታ ተስፋ እምላኽ ብዘይምእማኑ ኣይ ተዋላወለን።**

ዘይትወላወል እምነት ሰዓሪት እምነት እያ ። ኣብርሃም ጽቡቕ ኣብነት ናይ ነቕ ዘይትብል እምነት እዩ ። ሮሜ 4፡20 ኣብርሃም ነቲ ኣምላኽ ዝኣተወሉ መብጽዓ ብሰንኪ ዘይምእማን ሰንከልከል ከም ዘይበለ ትነግረና። እዚ ኸኣ ካብቲ ኣምላኽ ዝበሎ ኸም ዘየድሓርሓረ እዩ ዚሕብር። ኣብርሃም ኵነታት ወይ ምድንጓያት ነቲ ኣምላኽ ዝኣተዎ መብጽዓ ኸም ዚጠራጠሮ ክገብሮ ኣይፈቐደን ። ኣምላኽ ነቲ እተመባጽዖ ብርግጽ ከም ዚፍጽሞ ብምእማን ጸኒዑ እዩ ዝቐጸለ።

ንስኻ እውን ሰንከልከል ዘይትብል እምነት ክትውንን ትኽእል ኢኻ። ኣብ ህይወትካ ዘጋጥሙኻ ጸገማት ንእምነትካ ከነቓንቕዎ ኣይትፍቀድ። ኣብ ክንዳኡ ኣምላኽ ኪሕሱ ኸም ዘይክእል ንርእስኻ ኣዘኻኽራ ። መብጽዓታት እግዚኣብሄር መዓልታዊ ኣብ ህይወትካ ኣውጆ። ዘይምእማን ናብ ኣእምሮኻ ሰሊኹ ክኣቱ ክፍትን ከሎ ብቓል ኣምላኽ ጌርካ ተቓለሶ። ልብኻ ብእምነት ክሳዕ ዚመልእ ብቓሉ ምልኣዮ። ከምዚ ኽትገብር ከለኻ እምነትካ ትድልድል፣ ዘይምእማን ድማ ካባኻ ይርሕቕ። ቃሉ ሓቂ ምዃኑን እቲ እተመባጽዖ ብርግጽ ከም ዚፍጸምን ፈሊጥካ ንኣምላኽ ብቐጻሊ ክብሪ ምሃብ ኣይተቋርጽ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ነቲ ኣምላኽ ዝኣተዎ መብጽዓታት ብሰንኪ ዘይምእማን ሰንከልከል ኣይክብልን እየ። ንኣምላኽ ክብሪ እንዳሃብኩ ብእምነት ብርቱዕ እየ። መብጽዓታቱ ኣብ ህይወተይ እወን ኣሜንን እዮም። ንቓል ኣምላኽ ምሉእ ብምሉእ ብምትእምማን እየ ዝመላለስ፣ መብጽዓታቱ ድማ ኪግለጽ ከሎ እርኢ እየ። ብስም የሱስ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**2 ቈረንቶስ 1፡20**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ወንጌል ማቴዎስ 19, ወንጌል ማርቆስ 10**

# GOODNEWS DAILY SPECIALS WEEK

The **GoodNews Daily Specials Week** is where millions of people worldwide tuned in for a spectacular, epic 5-day telecast as we celebrated the global impact of the GoodNews Daily devotional authored by **Prophet Uebert Angel**, and its heroic partners whose extraordinary efforts have helped spread the message of the hour across the globe. **GoodNews Daily Specials Week** with **Prophet Uebert Angel** was an unparalleled event with guest speakers from the United Kingdom, India, Germany, Fiji, America & South/East Africa talking about the impact of the daily devotional globally. This marked a new era of global impact through God's Word, and we can't wait to do it again.




@goodnewsdailydevotional










www.goodnewsdailydevotional.com



ኤር 51:20
ንስኺ ሞደሻይን ኣጻዋር ውግኤይን ኢኺ። ብኣኺ ህዝብታት ክጭፍልቕ፡ ብኣኺ መንግስትታት ከጥፍእ እየ።

ኣስትውዕል፣ እቲ ኣብ ገዛእ ዙርያኡ ዝነብር፣ እቲ ብርቱዕ፣ እቲ ካብ መጀመርታ ክሳዕ መወዳእታ ይኹን እንዳበለ ንኹሉ ዝፈጠረ ፣ እወ እቲ ኣስተናባሪ ኩሉ ሰማየ ሰማያትሲ፣ ኣጽዋር ውግእ ደልዩስ ናባኻ መጺኡ። ሞደሻይ ኢኻ ንስኻ ኢሉ ከም ኣጽዋር ውግእ ይጥቀመልካ።

እቲ ናይ ውግእ ሞደሻኻ ነቲ ጸላኢ ኣብ ልዕሊ ገንዘብካን ኣብ ሓዳርካን ኣብ ደቅኻን ኣብ ስራሕካን ዘምጽኦ መጥቃዕቲ ንምጭፍላቕ ኣብ ኢድ ኣምላኽ ከም ዘሎ ሞደሻ እዩ።

ኣጽዋር ውግእ ናይ ኣምላኽ ከም ዝኾንካ ምስ ፈለጥካ፣ ከም ዓለም ለኸ ባለስቲካዊ ሚሳይል ጌርካ ብጸሎት ክትድምስስን ኣብ ሰፈር ጸላኢ ለብዒ ኽተምጽእን ኢኻ። ኣምላኽ መደብቱን ዕላማታቱን ንምፍጻም ኪጥቀመልካ እዩ። ኩላ ፍጥረት ንስኻ ኽትግለጽ ኢያ እትጽበ ዘላ ሮሜ 8:18። ሃረርታ ፍጥረት ነቲ ምግላጽ ደቂ ኣምላኽ ይጽበዮ ኣሎ። ነቲ ኸም ኣጽዋር ውግእ ኣምላኽ መጠን ዘሎካ ኣቃውማ ደው በለሉ። ጸላኢ ኻብ ምህዳም ሓሊፉ ኻልእ ኣማራጺ ኣይኪህልዎን እዩ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብ ዝኾነ ይኹን ግዜን ቦታን ንውግእ ድሉው እየ። ነዚ ዕዮ ድማ ይተግህ ኣለኹ። እቲ ዝረኸቦ ዓወት ውን ብክርስቶስ ርግጽ እዩ። ነዚ መልእኽቲ ጸጋ ኣምላኽ ብሓይሊ ብስም የሱስ ክሳብ ጫፍ ዓለም ከብጽሖ ኢየ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኢሳይያስ 41፣15

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ - ማቴዎስ 20-21



2ጢሞ 4:7
ሰናይ ገድሊ ተጋዲለ፡ እቲ ጕያ ወዲኤ፡ ነቲ እምነት ሓልየ።

ሓደ ኣብቲ ወተሃደር ምኳን ዜምጽኦ ባህርያት ናብ ዕዮ ኽትጽዋዕ ከለኻ ወትሩ ድሉው ምኳን እዩ። ሓደ ንፋዕ ወተሃደር ኣብ ዝኾነ ይኹን መዓልቲ፣ ሰሙን። ወርሒ፣ ወይ ዓመት ንውግእ ድሉው ምኳኑ፣ ቅዱ ኣነባብራኡ እዩ ዚሕብር። ሓደ ኣብ ዓውዲ ኹናት ዚዋጋእ ወተሃደር ኪቐትል ወይ ኪቕተል ኣለዎ፣ ከም ተዋጋኢ መጠን ካልእ ዕላማ የብሉን!

ሓደ ክርስትያን ውን ከምኡ ኣብ ዓውዲ ኹናት ከም ዘሎ ኺርዳእ ኣለዎ። በዚ ምኽንያት እዚ ድማ ነቲ ዘዐቀዮ ንጉስ የሱስ እሙን ንምኳን ድሉው ኪኸውን ኣለዎ። ዮሃ 15:16 ኣነ ሐሪኹኹም እምበር፡ ንስኻትኩም ኣይሐረኹምንን። ክትከዱን ፍረ ኽትፈርዩን ፍሬኹምውን ነባሪ ኪኸውን፡ ነቦ ብስመይ ዝለመንኩምዎ ዘበለ ምእንቲ ኺህበኩም፡ ነዚ መደብኩኹም።

እዚ ኸኣ ጻዊዕትካ እዩ፦ ወጺእካ ነፍሳት ርባሕ፣ እተን ዝመጸ ነፍሳት ከኣ ኣብ ሂወት ኪጸንዓ ትግሃለን። ወንጌል ንምዝርጋሕ ውን ትጉህ ኩን። ኣገልግሎትካ ብዕቱብነት ርኣዮ። ንጸሎት ኩሉ ግዜ ትጋህ ኣብ ዓውደ ውግእ ኢኻ ዘለኻ፣ ኣብቲ ውግእ ንኽትዕወት ዝሕግዝካ ኹሉ ኣጽዋር ክትለብሶን ክትመልኮን ኣሎካ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ወተሃደር ክርስቶስ ስለ ዝኾንኩ ድሌተይ ፍቓድ እቲ ዘገልግሎ ኽገብር እዩ። ንጉስ የሱስ ሓለቓይ እዩ! ክብሪ ንጐይታ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ግብሪ ሃዋርያት 20፣ 24

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ ፦ ሉቃስ 19

## ሲቪል ዲኻ ወይስ ዓቀይታይ



**2ይ ጢሞተዎስ 2:3**
**ከም ንፉዕ ናይ ክርስቶስ የሱስ ዓቀይታይ ምሳይ ኳንካ መከራ ጽገብ።**

እቲ ጽኑዕ ሃዋርያ ክርስቶስ ዝነበረ ጳውሎስ ምእንቲ ወንጌል ተኣሲሩ። እታ ዝነበራ መርከብ ተሰቢራ ንህይወቱ ኣብ ሓደጋ ኣእትዩ፣ ቃል ኣምላኽ ናብ ኣዝዩ ዝረሓቐ ኹርናዓት ዓለም ኣብጺሑ እዩ። እወ ነቲ መንፈሳዊ ወዱ ጢሞቴዎስ ውን ከም ንፉዕ ወተሃደር ኮይኑ ብጽንዓት ክጽመም ከምዘለዎ ብምምዓድ የባራትያ ነበረ።

ንፉዕ ዓቀይታይ ክርስቶስ ወይ ሲቪል ክትከውን ምርጫኻ ኢዩ! ነፍስኻ ሕሜት ክትሰምዕ ክትምነ ክትርእያ ከለኻ ግና ንስኻ ሲቪል ኮይንካ ኣለኻ። ብቓላት እቲ ኣዛዚኻ ጐይታና የሱስ ዘይኰነስ ብበላበለውን ምትላልን ብቐሊሉ ምስ እትተሓዝ ሲቪል ኢኻ። ጸሎትን ጾምን ቃል ኣምላኽ ምንባብን ባህ ዜብል ዘይኰነስ ጾር ምስ ዚኾነካ ሲቪል ኢኻ። ንኽልተ ሰዓት ኣብ ቤተ-ክርስትያን ኮፍ ምባል ዘሰልቸወካ እንተኾይኑ ሲቪል ኢኻ።

ሎሚ፣ ከም ወተሃደር መጠን፣ህይወትካ ብክርስቶስ ናይ ትዕግስትን መስዋእትን ህይወት ትኹን። ደው በል ኣይትተሓለል ። ዓመት ጸባን መዓርን ገና ኣየብቅዐን። ብስም የሱስ፣ኣብዛ ዓመት እዚኣ ልክዕ ከምቲ ብዓወት ዚምርሽ ወተሃደር ጌርካ ክትምርሽ ኢኻ! ክብሪ ንጐይታ !

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ምስ የሱስ ጎይታይ ኲይነ ንቕድሚት ዝጐዓዝ ወታሃደር ኢየ፣ንድሕሪት ምምላስ የልቦን።ብስም የሱስ፣ ህይወተይ ናይ ዓወት ሽልማት ዝሓዘ ምስክርነት ዘለዋ እያ! ኣሜን!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ፊልሞን 1፣ 2**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ - ማርቆስ 11, ዮሃንስ 12**



**2ይ ነገስት 6:17**
ኤልሳእ ድማ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ እልምነካ ኣሎኹ፡ ኪርእስ ኣዒንቱ ኽፈት፡ ኢሉ ጸለየ። እግዚኣብሄር ከኣ ኣዒንቲ እቲ መንእሰይ ከፈተ እሞ ረኣየ፡ እንሆ ድማ፡ ኣብ ዙርያ ኤልሳእ እቲ ኸረን ናይ ሓዊ ኣፍራስን ሰረገላታትን መሊእዎ ነበረ።

ኣገልጋሊ ኤልሳእ፣ ንሱን እቲ ነቢዩን ብኣፍራስን ሰረገላታትን ሰራዊት ጸላእቲ ተኸቢቦም ከለዉ፣ነቲ ባህርያዊ ጥራይ ስለ ዝርእይ ዝነበረ ብፍርሂ ተዋሒጡ ነበረ። ነብዩ ኤልሳእ ተራ ሰብ ኣይነበረን። ከም ሓቂ እኳ ደኣስ ዝኾነ ሓቀኛ ነብዪ ኣምላኽ፣ ተራ ሰብ ኣይኰነን፣ ብሰማይ እተደገፈ ኣፈኛ ኣምላኽ እዩ።

ነብዩ ኤልሳእ ካብቲ ጊልያኡ ዚርእዮም ዝነበረ ንላዕሊ እተራቐቐ ሰራዊት ከም ዘለዎ ይፈልጥ ነበረ። እቲ ነብዩ ኣዒንቲ ጊልያኡ ኪኽፈታ እሞ እቲ ኣብቲ ዓውዲ ኹናት ዝነበረ ሓቀኛ ኩነታት ኺርኢ ጸለየ። ኤልሳእ ብብዙሓት ዕጡቓት መላእኽቲ ተዓጂቡ ጥራይ ዘይኰነ ነይሩስ ኣብ ሰረገላታት ሓዊ ተወጢሖም ውን ኢዮም ነይሮም።

ምስ ነብዩ ኣምላኽ ዘሎካ ምድራዊ ምቅርራብ ነቲ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ኣሸሓት ኪሎ ሜተራት ኪጽብጸብ ዚኽእል ዚፈላልየካ ርሕቀት ከምዘሎ ካብ ምርዳእ ኬጐልብቦ የብሉን። ስለዚ ኸኣ ኢኻ ንነቢ ኣምላኽ ኽተኽብሮ ዘሎካ!

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብ ቤት ኣምላኽ ብትግሃትን ብትሕትናን እየ ዝመላለስ ። ነቶም ኣምላኽ ኣብ ልዕለይ ዘንበሮም ኣገልገልቲ ጐይታ ክብ ዝበለ ኣኽብሮት ከርእዮም ሓላፍነተይ ኢዩ። ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**መዝሙር 68፣ 17**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ - ማቴዎስ 22, ማርቆስ 12**



**ሉቃስ 7:8**
**ኣነ ድማ ኣብ ትሕቲ ብዓል ስልጣን ዝግዛእ፡ ኣብ ትሕተይውን ዓቀይቲ ዘለዉኒ ሰብ እየ እሞ፡ ነዚ ኺድ እብሎ፡ ይኸይድ፡ ነቲ ድማ ንዓ፡ ይመጽእ፡ ንባርያይውን እዚ ግበር፡ ይገብር ከኣ።**

የሱስ እቲ ባህርያዊ ሕጊ ማይ ብምፍራስ ኣብ ልዕሊ ማይ ዝኸደ፣ የሱስ እቲ ብሓሙሽተ እንጌራን ክልተ ቑራጽ ዓሳን ሓሙሽተ ሽሕ ሰባት ዝመገበን እሞ ድማ ቈልዑ ከይቈጽርካ፣እዚ የሱስ "በዚ ዓቀይታይ" እንተ ዘይኰይኑ ብኻልእ ኣይተደነቐን።

ሓደ ባህሪ ናይ ወተሃደር፣ ንሰበ ስልጣን ዘለዎ ተኣዛዝነት እዩ። ሓደ ናይ ሓቂ ወተሃደር መምርሒ ምኽታል ባህሪኡ እዩ፣ ቅዋም ሃገሩ ከፈጽም ድማ ደው ዝበለ ኢዩ። ልክዕ ከምኡ ድማ ሓደ ክርስቲያን ቃል ኣምላኽ ኣብ ምፍጻም ደው ክብል ኣለዎ። ሓቀኛ ወትሃደር ስልጣናት የኽብር ትእዛዛት ድማ የተግብር። ። ሎሚ ናይ ሓቂ ወተሃደር የሱስ ንምኻን ድሉው ዲኻ ? መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ እቶም ንህይወቶም ኣብ ሓደጋ ዘእትዉ ዝነበሩ ናይ ጥንቲ ናይ ኣምላኽ ሰባት ይዛረብ እዩ፣ ንርእሶም ከም ወተሃደራት ክርስቶስ ኣብ ጎኒ ሰራዊቱ እተሰለፉ ገይሮም እዮም ዚርእይዋ ነይሮም! ኣዚ ዘለናዮ ግዜ ናይ መወዳእታ ዘመን ብምኳኑ፣ምስትውዓል ዝተዓጥቁ ዘይዛነዩ ወተሃደራት ኢዩ ዝሓትት። ስለዚ ከም ንዓውደ ኲናት ዝተዳለኻ ንፉዕን ንቑሕን ወታሃደር ኩን። እቲ ተጻራሪና ሰይጣን መታለሊ እዩ ደገ ኣይትኽፈተሉ። ንዕላማኻ ኣብ ዋጋዕዳጋ ኣይተእቱ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

**ንጐይታይን መድሓንየይን የሱስ ክርስቶስ ዘሎኒ ተኣማንነት ነቕ ዘይብል እዩ። ኣብ ዝኾነ ግዜ እሙን ኣገልጋሊ ኾይነ ብንጥፈጥ ክዓዪ ዝተዳለኹ ኢየ።**

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**2 ጢሞቴዎስ 2፣ 3**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ - ማቴዎስ 23, ሉቃስ 20-21**



**2ይ ቆረንጦስ 4:7**
**ግናኸ እቲ ማእለያ ዜብሉ ሓይሊ ኻብ ኣምላኽ እምበር፡ ካባና ምእንቲ ኸይከውን፡ እዚ መዝገብ እዚ ኣብ ኣቕሓ መሬት እዩ ዘሎና።**

ኣምላኽ ካብቲ መወዳእታ ዘይብሉ ጥበቡ ሓደ፣ ኻብ ጥንቲ ኣትሒዙ ክቡር መዝገብ ምስ ሓበአ ኢዩ።እቲ መሕብኢ ቦታ ድማ ሰብ ዝበሃል ኣቕሓ መሬት እንተ ዘይኰይኑ ኣብ ውሽጢ ኣልማዝ, ወርቂ ወይ፣ ሩቢ ዚምሽእ ካልእ ቦታ ኣይነበረን። እዚ ኣቕሓ ካይላ ዝኾነ ሰብ ክቡር መዝገብ ጥራይ ዘይኰነስ “ናይ ዘለኣለም ህይወት” እውን ሒዙ ነበረ (ዮሃንስ 3 ፣15)።

እታ ‘ዘለኣለማዊ’ ተባሂላ ተተርጐማ ዘላ ናይ ግሪኽ ቃል ኣዮኒዮስ aiónios ተባሂላ ተተርጐማ ኣላ፣ እዛ ቓል እዚኣ መጀመርታን መወዳእታን ንዘይብላ ዓለም እያ እተመልክት፣ እዛ ዓለም እዚኣ ንሓዋሩ ዝነበረትን ንሓዋሩ እትቕጽልን እያ! እዚ ብሓጺሩ ኣብ ዚመጽእ ዘሎ ዘመነ መዋእል እዩ።

ህይወት ኣምላኽ ተዋሂቡካ ኣሎ! እዛ ህይወት እዚኣ ዝሕልቲ ወይ ልብጥ ዝበለት ዘይኰነስ ከም ሓዊ ብርትዕቲ ኢያ። እዚ ምስጢር እዩ - ክርስቶስ ኣባኻትኩም ተስፋ ኽብሪ ኢዩ! ብርቱዕ ሓዊ ኣብ ውሽጥኻ ስለ ዘሎ ዋላ ሓደ ኺጐድኣካ ኣይክእልን እዩ። ንስኻ እቲ ቐንዲ ቤት ጽሕፈት ኣምላኽ ተሰኪምካ እትንቀሳቀስ፣ እተስተንፍስ ፣እትነብር ህያው፣ ከምኡውን ዘይትሰዓር ኣካል ኢኻ። ከምኡ ኣይስምዓካን ይኸውን መንነትካ ግን እዚ እዩ። ኣብዛ ዓመት ጸባን መዓርን ብትብዓት ኣብቲ መንነትካ ኽትመላለስ ጀምር!

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ንኣምላኽ ኣብ ውሽጠይ ጾይረዮ ኣለኹ።  ህይወት ኣምላኽ  Zoe ኣሎኒ፣ ስለዚ ክጠፍእ፣ ክሰዓር  ከምኡውን ክትንከፍ ኣይክእልን ኢየ። ብምስ የሱስ፣ ዝተንከየኒ  ጥፍኣት ይኹኖ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**2 ቈረንቶስ 5፣ 1**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ ፦ ማርቆስ 13**



ራእይ 8:4
እቲ ትኪ ዕጣን ከኣ ምስቲ ጽሎት እቶም ቅዱሳን ኰይኑ ኻብ ኢድ እቲ መልኣኽ ናብ ቅድሚ ኣምላኽ ደየበ።

ባርዕ ሓዊ ጥራይ ኣፍሪዩ ዝኽዝን ፋብሪካስ ኣብ ኣእምሮኻ ኽትስእሎዶ ምኸኣልካ? እወ መሰውኢ ቤት መቅደስ፣ ዚነድድ መንፈሳዊ ምህርቲ ዚፈርየሉ ቦታ እዩ! ሓዊ ከተፍርን ከተዋፍርን ምስ እትደሊ ናብቲ መሰውኢ ተባሂሉ ዚጽዋዕ ፋብሪካ ሓዊ ኪድ። ኣብኡ መለኮታውነት ምስ ሰብኣውነት ክሓብር ክትርእይ ኢኻ።

እቲ መሰውኢ ነቲ እናሻዕ ዘሸግረካ መከራ ሓንሳእን ንሓዋሩን እትረግጸሉ ናይ ጸሎት ቦታ ኢዩ። ኣብዚ ቦታ፣ ጸሎት ከም ጥዕም ጨና ኣብ ቅድሚ ፈጣሪኻ እተዕርገሉ ኽም ዚነድድን ዘይጠፍእን መስዋእቲ ኰይኑ ዚቐርበሉ ቦታ እዩ። ኣብዚ ዘይካኣልነትካ ብኣምላኻዊ ኽእለት ይልወጥ። ልክዕ ከምቲ ናይ ሃና መኻንነት ሓዳርካን ገንዘብካን ድማ የብቅዕ። ሎሚ እዚ ነገር እዚ ኣባኻ ክውን ኢዩ።

ኣብቲ ኣብ ቤትካ ወይ ኣብ ቦታ ኣምልኾኻ ዘሎ መሰውኢ ዓው ኢልካ ኽትጽሊ ኸለኻ፣ ኣምላኽ ሕጅን ንኹሉ ግዜን ብጣዕሚ ጸባን መዓርን ኬገርመካ እዩ። ክብሪ ንጎይታ!

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ዝባላዕ ሃልሃልታ ሓዊ ኢየ! ህይወተይ ንኹሉ ዕዮ ናይ ጸላኢ ዝበልዕ ሓዊ ኢዩ ዝነድድ ። ሓዊ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ኣዕጽምተይ ተዓጽዩ፣ ሕማም ከይኣቱ ስለ ዚኽልክል ብስም የሱስ ናይ ዓወት ህይወት እየ ዝነብር ዘለኹ! ኣሜን ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
መዝሙር 141፣ 2

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ ፦ ማት 24



**1ይ ጢሞተዎስ 4:12**
**ነቶም ኣመንቲ ብቓል፡ በኻይዳ፡ ብፍቕሪ፡ ብእምነት፡ ብንጽህናውን ኣርኣያ ኹኖም እምበር፡ ነታ ንእስነትካ ሓደ እኳ ኣይንዐቃ።**

ናብ ጽውዓኻ ኣቲኻ ወለዶኻ እትጸልወሉ ግዜን ኣጋጣምን ኣሎ እቲ ግዜ እቲ ኸኣ ሕጂ እዩ! ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ኣብ እተወሰነ ዕድመ እቲ ክእለቶም ብብሉጽ ውጽኢት ከም ዘይግለጽ ፈሊጦም፣ ካብ ንእስነቶም ኣትሒዞም ሞያኦም ክጅምሩ ንርኢ ኣሎና።ስለዚ ኣብ ካልእ ሞያ ዘለዉ ሰባት ካብ ንእስነቶም ኣትሒዞም ሞያኦም ኪጅምሩ ዚኽእሉ እንተ ኹይኖም፣ ወንጌላዊ፣ መምህር፣ ፓስተር ወይ ነብዪ ኮይንካ ምጅማር ብሰንኪ ዕድመኻ ዜፍርህ ዘሎ ስለምንታይ ይመስለካ?

ናትካ ሞያ ጥራይ ዘይኰነስ፣ ሕጂ ኽትጥቀመሉ ዘሎካ ክዳናጐይ ውን ዘይብሉ ጻውዒት እዩ። ዕድመ ዘይኰነስ መድረኽ እዩ ዚዛረብ! ሕፍረት ደው ኬብለካ ኣይተፍቅድ! ሕፍረት ኲርዓት ኢዩ። ተንሲእካ ኸም ብቑዕ ኣገልጋሊ ወንጌል ክርስቶስ ኮይንካ ብሓዊ ንጎይታ የሱስ ኣገልግሎ። ንመንፈስ ኣምላኽ ምስ እትግዛእ ንሱ ንድምጽኻ ክሳብ ወሰን ምድሪ ከጒልሖ እዩ። ኣብቲ ናይ መወዳእታ ዘመን ኢና እንነብር ዘለና፣ነዊሕ ግዜ እውን ኣይኪህሉን እዩ፣ እቲ መለኸት ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ኪንፋሕ ይኽእል ኢዩ! ተንስእ!

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ንወለዶይ ንኽበጽሕ ጻውዒት ኣምላኽ ኣለኒ። ከም ኣንበሳ ብትብዓት ንቕድሚት ክጐዓዝን ክዘምትን፣ ንየሱስ ከኣ ነፍሳት ክረብሕን ኢየ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ቲቶስ 2፣ 15**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ - ማቴዎስ 25**



ግብሪ ሃዋርያት 7:55
ንሱ ግና መንፈስ ቅዱስ መልኡ፡ ናብ ሰማይ ኣንቃዕሪሩ ኸኣ ክብሪ ኣምላኽን የሱስ ድማ ኣብ የማን ኣምላኽ ደው ኢሉን ረአየ እሞ፡

ሓደ ኻብቲ ሎሚ ኣብ ቤተ-ክርስትያን ዝዕዘቦ ዘለኹ ዝዓበየ ጌጋታት፣ ኩሎም ናይ ኣምላኽ ሰባት ብሓደ ዓይነት ገይርካ ምርኣይ ኢዩ። መጽሓፍ ቅዱስ እስጢፋኖስ ብዳርባ እምኒ ክቅተል ኸሎ ኣምላኽ ካብ ዝፋኑ ተንሲኡ ነቲ ዝወረደ ጕድኣት ኪምርምሮ ኸሎ ንርእይ። ኣብዚ እንነብሮ ዓለም ኣህዛብ ክጠፍኡን፣ ከተማታት ብምንቅጥቃጥ ምድርን ሓውን ክዓኑ ምርኣይ ልሙድ ኢዩ። ይኹን እምበር እስጢፋኖስ ብዳርባ እምኒ ኪቕተል ከሎ እንተ ዘይኰይኑ ኣምላኽ ካብ ዝፋኑ ተንሲኡ ኣይፈልጥን።

እዚ ኸኣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኩላትና ሓደ ኸም ዘይኰንና ከረድኣና ይኽእል። ሕጂ ሰባት ነቲ ብዛዕባ ኣምላኽ ዘለዎም ምርዳእ ዳግመግምት ዚገብርሉ እዋን እዩ ፣ እዚ ኸኣ ኵላቶም ብማዕረ ዘይኰነስ ከከም ደረጃ ጸጋኦም ዝግለጽሉ እዋን እዩ። ሓደ ናይ ኣምላኽ ሰብ፣ ንሰበ ስልጣናት፣ ከም ፕረዚደንትን ቀዳማይ ሚኒስተራትን ምውራዶምን ምድያቦምን ክንበ ኸሎ ክትርእይ ከለኻ፣ኣብኡ ዘለካ ኣጠማምታ እንደገና ኽትሓስበሉ ኣሎካ።መጻኢ ዝቅይሩ፣ ንብዙሓት ናብ ሓርነት ዘውጽኡ ናይ ኣምላኽ ሰባት ኣለዉ! ኣብ ከምዚኦም ዝበሉ ናይ ኣምላኽ ሰባት ኣኽብሮት ክህልወካ ኣለዎ ካብኡ ሓሊፉ ውን ቅዱስ ፍርሂ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ነፍሲ ወከፍ ኣገልጋሊ ኣምላኽ ፍሉይ ጸጋ ኸም ዘሎዎ እእመን ኣለኹ።! ከከም ዕቤት መለኮታዊ መዝነቶምን ጸጋኦምን ኣኽቢረ ኽርእዮም ቃል እኣቱ ኣለኹ ። ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ማርቆስ 16፣ 19**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ - ማቴዎስ 26, ማርቆስ 14**



**1ይ ነገስት 1:34**
**ኣብኡ ኸኣ ካህን ጻዶቅን ነብዪ ናታንን ኣብ ልዕሊ እስራኤል ኪነግስ ይቕብእዎ። መለኸት እናነፋሕኩም ድማ፡ ንጉስ ሰሎሞን ህያው ይኹን፡ በሉ።**

ነቲ ኣነ ቴክኖሎጂ ኽህነት ኢለ ዝጽውዖ ዘለኹ ነገራት ዝሓዙን ኣምላኽ ብዓቢ ሓይሊ ዝጥቀመሎም፣ኣብቲ መንፈሳዊ ዓለም ዝገዝኡ ሰባት ኣለዉ። መንፈሳውያን ሰባት ኣብዚ ነገራዊ ዓለም ዝግበር ኩሉ ንኽልውጡ፣ካብዚ መጋረጃ ናይ ነገራዊን ናይ ግዜን ደረት ዘለዎ ዓለም ተጓዒዞም ናብ ካልእ መንፈሳዊ ዓለም ምእታው ዝተለማመዱ ኢዮም። ቃል ኣምላኽ ነብያትን ካህናትን ዘይኮነ፣ ነገስታትን ካህናትን ኢሉ ኢዩ ዝጽውዓና (ራእይ.1፣ 6) እቲ ነብዪ ብትንቢታዊ መገዲ ኪእዝዝ ከሎ፣ እቲ ኻህን ግን ብቴክኖሎጂ ኽህነት ኣቢሉ ነቲ ነብዪ ዝሃቦ ትእዛዝ ኣብ ምትግባር ይነጥፍ !

ኣብ ዘሁልቍ 16፣ 47ሓደገኛ ኵነታት ኣብ ዝነበረሉ ግዜ፣ እቲ ኻህን ዝነበረ ኣሮን፣ ነቲ ነብዪ ሙሴ እተዛረቦ ትንቢታዊ ትእዛዝ ከፈጽሞ ኸሎ ነስተብህል።. ካህን ምኻንካ ምስ ተረድኣካ ንስድራ ቤትካን ንጐረባብትኻን ንኸተማኻን ዚጐድእ ዝኾነ ይኹን ሕማም ደው ንምባል ብቴክኖሎጂ ኽህነት ክትጽመድ ትኽእል ኢኻ። እቲ ናይ ክህነት ተክኖሎጂ ነቲ ኸም ካህን መጠን ዘሎካ ስልጣን ክትጥቀመሉ የለዓዕለካ!ናይ ክህንነት ኣገልግሎትካ ክግለጽን ክዓቤን ብንጥፈት ጸልይ። ጽባሕ ዘይኩነስ ሕጂ ተንስእ!

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

**በቲ ጸላኢ ዘጸወዶ ነገራት ክጽለው ዘይክእል ናይ መንግስቲ ኽህነት እየ። ብክርስቶስ መን ምኻነይ እፈልጥ ኢየ።ህይወተይ ልዕሊ ኩነታት ዘመላልሰኒ ብልጽግናን ዓወትን ዝተመልአ ኢዩ።**

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**1 ሳሙኤል 10 ፣24**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ - ሉቃስ 22, ዮሃንስ 13**



ይሁ 1:9
ሚካኤል፡ እቲ ሊቀ መላእኽቲ፡ ግና ብዛዕባ ስጋ ሙሴ ምስ ድያብሎስ እናተኻራኸረ ምስ ተማጎተ፡ እግዚኣብሄር ይግናሕካ፡ ደኣ በሎ እምበር፡ ፍርዲ ጸርፊ ኺዛረቦ ኣይደፈረን።

ናይ ሎሚ ጥቕሲ ኻብ ካልእ ፍልይ ዝበለት ጥቕሲ እያ። እቲ ኣገልጋሊ ኣምላኽ ዝነበረ ሙሴ ምስ ሞተ ፣ ኣምላኽ ጥራይ እዩ ኣብ ቀብሩ ተኻፊሉ። ድሕሪኡ ኣብ መንጎ ሚካኤል ሊቀ መላእኽቲን ድያብሎስን ብዛዕባ ሬሳ ሙሴ ርሱን ክትዕ ከም ዝነበሮም ነንብብን ንግንዘብን። ድያብሎስ ነዚ ሬሳዚ ምእንቲ ኽምርምሮ ናብ ቤተ - ምርምር ገሃነም ክወስዶ ኢዩ ደልዩ ነይሩ።

ሬሳ ሙሴ ኣብ ኢድ ሰይጣን ምእንቲ ኸይወድቕ ሓደ ተራ መልኣኽ ዘይኰነስ ሊቀ መላእኽቲ ብቕልጡፍ ክስደድ ነበሮ።ከመይ ዓይነት ሰብ ስለዝነበረ እዩ ግን ? ሙሴ ንናይ ኣምላኽ ነገራት ብርቱዕ ጥሜት ነበሮ። ብምሉኡ ኣካላቱ ከይተረፈ ብህላውነት ኣምላኽ ዘንጀርበበ ካብ ምንባሩ ዝተላዕለ ኣብ ግዜ ሞቱ ኣካላቱ መባኣሲ መላእኽቲ ኮይኑ። ንስኻ ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ኢኻ። ኣብዛ ዓመት ጸባን መዓርን ኣብ ሂወትካ ኣምላኻዊነት ይሳዕርር። ሽዑ መላእኽቲ ኪዋግኡልካ ዓወትካ ድማ ርግጽ ክኸውን ኢዩ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ህይወተይ ብጐይታ ዝተቃጻጸለት ኢያ። ጽሕፍቶይ ካብ ኣምላኽ ከም እተቖርጸ እፈልጥ እየ። ድሕሪ ደጊም ብቀሊሉ ክታለል ኣይክእልን እየ።ነቲ ልዑል ጽውዓ ክርስቶስ ሕራይ እብል ኣለኹ። ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዘዳግም 34፣6

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ - ዮሃንስ 14-17



**2ይ ጢሞቴዎስ 4:7**
**ሰናይ ገድሊ ተጋዲለ፡ እቲ ጕያ ወዲኤ፡ ነቲ እምነት ሐልየ።**

ኣብ ዝኾነ ቦታ ቤተክርስቲያን ናይ ጸሎት ጸውዒት ኣብ እትገብረሉ ግዜ፣ ብዙሓት ክርስትያናት ብዓብይ ድሌትን ስምዒትን ክቕበልዎ ተዓዚበ ኣለኹ። ኣብተን ናይ መጀመርታ ሓሙሽተ ወይ ዓሰርተ ደቓይቕ ሓይሊ ዝመልኦ ሓዊ ዝኾነ ጸሎት ኢዩ ዝካየድ። ይኹን እምበር ግዜ ጸሎት እናቐጸለ ምስ ከደ እቲ ዝርአ ዝነበረ ሓጐስ እናነከየ ይኸይድ ከም ዘሎ ብንጹር ይግለጽ። እቶም ዝጨድሩን ዝውጭጩን ዝነበሩ ሰባት ብትሑት ቃና ኪዛረቡ ይስምዑ።

ንምዝኽኻር፣፦ጸሎት ናይ ታህዋኽ ጕያ ኣይኰነን፣ ከም ማራቶን ግዜ ይሓትት እዩ! ናይ ጸሎት ድሌትካን ናይ ጸሎት ሂወትካን ቀጻልን ዘይቀያየርን ይኹን። ናበይ ኢኻ እትጐዪ ዘለኻ? ንመንከ ኢኻ እትበኣስ ዘለኻ? ከም ንማራቶን ዝወዳደር ሰብ ጸሎትካ ብኣትኩሮ ይኹን ካብኡ ሓሊፍካ ድማ ብቛንቛታት ምጽላይ ውን ወስኸሉ።ኣብ ቃል ኣምላኽ እዚ ዝብል ጥቕሲ ነንብብ።ሮሜ 8:26 - መንፈስ ድማ ከምኡ ንድኻምና ይድግፎ እዩ። ከመይ ጌርና ኽንጽሊ ኸም ዚግብኣና፡ ኣይንፈልጥን ኢና፡ ስለዚ እቲ መንፈስ ባዕሉ እዩ ብዘይንገር እህህታ ዚልምነልና። ተቐዳደምቲ ማራቶን ንኻልኢት ወይ ደቓይቕ ዘይኲነስ ነቲ ዘይተመዝገበ ዘባታት ዓወት ንምጭባጥ ሓድሽ ክብረ መዝገብ ንምርካብ ከምኡውን ቮላታ ንምስጋር ሰዓታት እዮም ስትራተጂ ዚሕንጽጹ። ሎሚ እውን ከምኦም ንኹን ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብ ጻዊዒተይ ዝተጸመድኩ ኢየ። ጕያይ ብትግሃት ክውድእ እየ። ንኣምላኽ ምዕያየይ ናይ ምሉእ ግዜ ስራሐይ ኢዩ፣ ካልእ ዝኾነ ይኹን ነገር ከኣ ናይ ክፍለ ግዜ ተወሳኺ ስራሕ እዩ። ክብሪ ንጎይታ ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ግብሪ ሃዋርያት 20፣24**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ - ማቴዎስ 27, ማርቆስ 15**



ሉቃ 18:1
ከይቀበጹ ኹሉ ሳዕ ኪጽልዩ ኽም ዚግብኦም ድማ፡ ብምስላ ተዛረቦም፡ ከምዚ ኢሉ፡

ጸሎት ሓበሬታ ንምርካብን ንምሃብን ዘይኰነስ ንምህናጽና እዩ ዕላማኡ። ኣብ ዓለም ቆጸራ ህዝቢ ክካየድ ከሎ፣ንነፍስ ወከፍ ሰብ ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ከሎ ናይ ኣምላኽ ግና ፍልይ ዝበለ ኢዩ። ኣምላኽ ቆጸራ ህዝቢ ከተማታትን ሃገራትን ክገብር ከሎ ክንደይ ናይ ጸሎት ሰባት ኣብቲ ቦታ ኣለዉ ኢሉ ኢዩ ቆጸራ ዝገብር። ንኣብነት ኣብ ሓንቲ ዓሰርተ ሚልዮን ሰባት ዝቁመጡላ ሃገር፣ሓደ ሚሊዮን ጥራይ ዝጽልዩ እንተኮይኖም ፣እታ ኸተማ ዓሰርተ ሚልዮን ዘይኰነስ ሓደ ሚልዮን ተቐማጦ ኣለዉዋ ኢዩ ዝብል።

ኣብዛ ሎሚ ዘላ ጥቕሲ ኣምላኽ ንሰባት እንታይ ኪገብሩ ኽም ዝግብኦም መምርሒ ሂብዎም ኣሎ። ኣብ ወንጌል ማቴዎስ 26፣ 40፣ የሱስ እቲ ኣብ ሰማያት መዝገብ ዝረክብ ጸሎት ብውሑዱ ናይ ሓደ ሰዓት ግዜ ዝወሰደ ጸሎት ክኸውን ከም ዘለዎ ተዛሪቡ ኣሎ።

ሎሚ ናይ ጸሎት ግዜኻ ኻብ ሓሙሽተ ደቓይቕ፣ ዓሰርተ ደቓይቕ፣ ወይ ሰላሳ ደቓይቕ፣ ናብ ብውሑዱ ሰዓት ክብ እተብለሉ ግዜ ኢዩ፣ማለት ኣብ ሰማያት እቲ ዝተሓተ መዝገብ ንምርካብ። ቐንዲ ዕላማ ጸሎት ስምዒትካ ብዘየገድስ ብኽመይ ትህነጽ ኢዩ። እቲ ትጽቢት እተገብረሉ ዘለኻ ውጽኢት ክሳዕ ዚመጽእ ብጸሎት ክትነቅሕ ኣሎካ። ኣብዛ ዓመት ጸባን መዓርን ብጸሎት ብሓይሊ ድፋእ፣ ኣዝዩ ዘደንጹ ውጽኢት ኣብ ህይወትካን ስድራቤትካን ድማ ክግለጽ ክትርእይ ኢኻ!

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ጸሎተይ ብዕቱብነትን ሓይልን ካብ ምኺኑ እተላዕለ ክዛረብ ከለኹ ኹነታተይ በቲ ሓያል ስም የሱስ ከም ዝቕየር ኣየጠራጥርን ኢዩ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኤፌሶን 6 ፣18

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ - ሉቃስ 23, ዮሃንስ 18-19



**ዘጽ 3:17 -**
ካብ ጸበባ ግብጺ ናብ ምድሪ ኸነኣናውያንን ሔታውያንን ኣሞራውያንን ፈረዛውያንን ሃዋውያንን ይቡሳውያንን፡ ጸባን መዓርን ናብ እተውሕዝ ምድሪ ኽደይበኩም እየ፡ ድማ በልኩ።

ናይ ሓቂ ነብያት እቲ ንምልክት ዝጥቀምሉ ነገር፣ ጨው፣ ስእሊ፣ ዘይቲ፣ ማይ፣ ካቴና፣ መዓር ወይ ጸባ ወዘተ ይኹን ብዘየገድስ ብትእምርትን ተኣምራትን ኣብ ዝመልአ ዓለም እዮም ዚዓዩ። እዛ ዓመት እዚኣ ነቲ ኣብ ህይወትካ ብ2024 እትረኽቦ ጥዑምን ህዱእን ህይወት እትርእይ ዓመት ጸባን መዓርን እያ።

ኣምላኽ ኪዛረብ ከሎ ነቲ ቃሉ ከም ዝፍጸም ውን ይገብሮ ኢዩ። እቲ ትንቢታዊ ኣዋጃት ካብታ እተባህለላ ህሞት ኣትሒዙ ኣብ ኣየራት ስለ ዝተዘርገሐ፣ክፍጸም ብግዲ ኢዩ! እቲ ኣብዛ ዓመት እዚኣ ኽትረኽቦ ኢኻ ዝበለካ ኣምላኽ ኣይኪፈሽልን ወይ ከይተፈጸመ ኣይክተርፍን እዩ።

ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ደቂ እስራኤል በቲ እናቐረበ ዚኸይድ ዝነበረ ሰራዊት ግብጺ ናብ ባርነት ከይምለሱ ፍርሂ ምስ ኣጋጠሞም ኣብ ታሪኽ ወድሰብ ተራእዩ ዘይፈልጥ ተኣምር ረኣዩ። ጎይታ ብትንፋስ ኣፍንጫኡ ንቀይሕ ባሕሪ ኣንቀጾ።
በቲ ኸም ናይ ቀይሕ ባሕሪ ዝመሰል ኹነታትካ ሕጂ ኣይክትጠፍእን ኢኻ፣ ምስክርነትካ በቲ ሓያል ስም የሱስ ፍሉይን ክቡርን ኪኸውን እዩ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣቀዲመ ተኣምራት ኣብ ሂወተይ ከምዝኸውን ኣሚነ የጸምብል ኣእኹ።መልሲ ሕቶታተይ ኩሉ ካብ መቅደስ ኣምላኽ ከም ዝወረደ ይኣምን ኣለኹ ። ኣብዛ ዓመት ጸባን መዓርን ክርእዮ ኢየ። ሃሌሉያ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ዘጸኣት 6፣ 6**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ - ማቴዎስ 28, ማርቆስ 16**



ያቆ 5፣17
ኤልያስ ከማና ዝድኻሙ ሰብ እዩ ዝነበረ፡ ዝናም ከይዘንም ከኣ ጸሎት ጸለየ እሞ፡ ሰለስተ ዓመትን ሹድሽተ ወርሕን ኣብ ምድሪ ኣይዘነመን።

መብዛሕትኦም ክርስትያናት ህይወት መንፈሳዊ ከም ዝኾነ ኽይተስተውዓሉ ብወዝቢ ኪመላለሱ ክትርእይ ከለኻ ንምእማኑ ዜጸግም እዩ። ንህይወትካ ብሸለልትነት ክትመርሓ ኸለኻ ውዒልካ ሓዲርካ ኽትመውት ኢኻ። እዚ ሓቂ ኢዩ። ንኣምላኽ ባህ ከተብል ምስ እትብገስ ግን ጽምኣት መንፈስ ቅዱስ ክሓድረካ ኢዩ። ጽምኣት ዘለዎ ሰብ ፍሉይ ግዜ ወይ ሰዓት ጸሎት የብሉን ፣ ኣብ ቤተ-ክርስትያን ኰነ ኻብ ቤተ-ክርስትያን ወጻኢ ብቛንቋታት ይፍንጀሩ። ብዓይኒ ሰብ ኣብ ዘይርአ ስፍሓትን ግዝኣትን ዘለዎ መንፈሳዊ ዓለም ኪነብሩ ኺብህሉ ኸለዉ ነቲ ኽባቢኦም ፍጹም ኣጋይሽ እዮም ዚመስሉ።

ብስጋዊ ትምኒታትካ ኣብ ክንዲ እትምራሕ መንፈሳዊ ጽምኢ ይሃልኻ፣ ስጋዊ ባህግታት ብዕቱብ ዝኾነ ጾምን ጸሎትን ኣወግዶ።

ጸሎት ዘዘውትሩ ሰባት ፍቓድ ጐይታ ክፍጽሙ ብርቱዕ ጽምኣት ዘለዎም እዮም። ኣብዛ ዓመት ጸባን መዓርን፣ ክርስትናኻ ኻብቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ጽምኣት ዝመነጨ ናብ ኣዝዩ በሪኽ ቦታ ከሳግረካን ህይወትካ ናብ ዝበለጸ ክቅይርን ኢዩ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ዝብሎን ዝገብሮን፣ክሳብ ምጽኣት ጎይታ፣ ንኣምላኽ ንኽገልግሎ ዘሎኒ ሓያል ባህጊ ዘንጸባርቕ ኢዩ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1 ነገስት 17፣ 1

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ - ሉቃስ 24, ዮሃንስ 20-21



ሉቃ 5:4
ዘረባኡ ምስ ወድኤ ኸኣ፡ ንስምኦን፡ ናብቲ ዓሚቑ ቅርብ በል እሞ መርበብኩም ንምግፋፍ ደርብዩ፡ በሎ።

እዛ ናይ ሎሚ ጥቕሲ መርበብ ዘይኰነስ መርበባት ከም እነውርድ እያ ትገልጽ። ኩሉ ግዜ ናይ ገንዘብ ባጀት ዘይኮነስ ፣ ናይ እምነት ባጀት ይሃሉኻ። ካብቲ ነገራዊ ቍጠባዊ ዓለም ዚዓየሉ መገዲ ውጽእ ኢልና፣ ነቲ ናይ በሓቂ ህይወት እሞ ንርአ ።

ናይ ብሓቂ ነጋዶ ብዘይ ርእሰ ማል ኢዮም ንግዲ ዝጅምሩ! ከም ውሉድ ኣምላኽ መጠንን፣እምነት ኣምላኽ ዘለካ ሰብን፣ ገንዘብ ኣድራሻኻ ኪፈልጥ ብግዲ ኢዩ። ኣብዘን ዳሕሮት መዓልትታት እቲ ቐንዲ ዕላማ፣ ንወንጌል ናብ ርሑቕ ክፍልታት ዓለም ንምብጻሕ ኢዩ።

ወንጌል ናጻ እኳ እንተኾነ ንምዝርግሑ ግን ብዙሕ ነገር የድሊ። ክርስትያናት ብኣእምሮ ሓያላት ክኾኑ ዝያዳ ኣታዊ ንምርካብ ብንግዲ ክሕይሉን ዕዳጋታት ከጽንዑን ይግብኦም። መሬት ንምርካብ ኣብ እተፈላለየ ኢንዱስትሪታት ንምስታፍ ከምኡውን ተለቃሕቲ ዘይኰነስ ኣለቃሕቲ ንምዃን ጸጋ ተዋሂቡና ኣሎ።

ኣምላኽ ሓደ ቢልዮን ዶላር ኬምጽኣልካ ዚኽእል ሓደ ቢልዮን መገድታት ከም ዘለዎ ፈሊጥካ እምነትካ ናብ ካልእ ደረጃ ኸም እትበጽሕ ግበር። ስለዚ ኣብዚ ዓመት ጸባን መዓርን እዚ ኣብ ህይወትካ ኻብ ኵሉ ዝዓበየ ገንዘባዊ ኣታዊ ምእንቲ ኽትረክብ መርበባትካ ዘርግሕ!

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብ ሂወተይ ክብሪ ኣምላኽ ዝግለጸሉ ግዜ ኢዩ ሕጂ።። ልክዕ ከም ንስሪ እናበርኽኩ ክኸይድ ከለኹ ንኽብሪ ጎይታ ዝኸውን ኣታዊታት ንምኽዕባት ንኹሉ ጽቡቕ ዕድላት ንቁሕ ኢየ። ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዮሃንስ 21፣ 6

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ጥቕሲ መጽሓፍ ቅዱስካ፦ ግብሪ ሃዋርያት 1-3



ኢሳ 40:31
እቶም ንእግዚኣብሄር ዚጽበዩ ግና ሓይሎም ይሕደስ። ከም ንስሪ በኽናፍ ይድይቡ፡ ይጐዩ እሞ ኣይሕለሉን፡ ይኸዱ እሞ ኣይደኽሙን።

ጸላኢኻ ክዕወተለን ዘይክእል መግንገድታት ውሱናት ጥራይ እየን ። ንስሪ ንሓደ ተመን ኬጥቅዕ ከሎ እቲ ተመን ብፍጥነት ከም ዝሃድምን ኣብ ምድሪ ጽቡቕ ገይሩ ኸም ዚንቀሳቐስን ይፈልጥ እዩ። እቲ ተመን ኣብ ምድሪ ዘለዎ ቅልጣፈ ኹነ ተዓጻጻፍነት መወዳድርቲ የብሉን ።ነቲ ተመን ኣብ ቦትኡ ከሎ ምቍጽጻር ድማ ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ ዚኸውን!

ስለዚ ንስሪ ነቲ ተመን ንምሓዝን ናብቲ ንኻልኦት ፍጥረታት ብህይወት ንምንባር ኣዝዩ ኣስጋኢ ዝኾነ መጠን ኦክስጅን ዘለዎ ሃዋህው ንምብጻሕን ፍሉይ ናይ ምህዳን ክእለቱ ይጥቀም ።ሽዑ ንሽዑ እቲ ተመን ኦክስጅን ስለ ዘይረክብ ፣ገና እቲ ንስሪ ናብ ምድሪ ከይተምልሰ ከሎ ይመውት።

ደጊም ንምንባር ጥራይ ኢልካ እትቃለሶ ቃልሲ ኣብቂዑስ፣ ናብ ካልእ ደረጃ እትድይበሉ ግዜ እዩ። ናይ ጸሎት፣ናይ ጾም፣ ናይ ኣገልግሎት ጸውዒትካ ብዝለዓለ ዲሲፕሊንን ርዝነትን ርኣዮ። ምንጪ ኦክስጅን ናይ ጸላኢኻ ንምብታኽ ምሃብን ምልጋስን ተለማመድ። ንኽብሪ ኣምላኽ እንዳ በልጸግካ ምእንቲ ክትከይድ ብኣተኩሮን ትግሃትን ተጋደል።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ከም ንስሪ ብኣኽናፍ ክድይብ እየ። ኣብዚ ዕዮ እዚ ብመላእኽቲ ኣምላኽ ተደጊፈ ድማ ብሓያል ስም የሱስ ንኹሉ ንኸነታት ክሰገሮ እየ ። ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
2 ቈረንቶስ 4፣8

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ መጽሓፍ ቅዱስ፦ ግብሪ ሃዋርያት 4-6



**ማቴ 13:11**
**መሊሱ በሎም፡ ምፍላጥ ምስጢር መንግስተ ሰማያት ንኣኻትኩም ተውሂቡ ኣሎ፡ ንኣታቶም ግና ኣይተዋህቦምን።**

ሓደ ኻብቲ ባህ ዜብል ባህርያት ሓንቲ ድቓላ ማኪና፣ እናተንቀሳቐሰት ከላ ምንጪ ሓይላ ክትቅይር ምኽኣላ ኢዩ። እዘን ማካይን እዚኣን ደው ከይበላ ካብ ብሓይሊ ነዳዲ ናብ ብሓይሊ ኤለክትሪክ ምንቅስቃስ ክቕይራ ይኽእላ። ብኤለክትሪክ ጥራይ ዝንቀሳቀሳ ማካይን ከምኡውን ብነዳዲ ጥራይ ዝንቀሳቀሳ ማካይን እኳ እንተለዋ፣ ድቓላታት ማካይን ግን ብኽልቲኡ ስለ ዝጥቀማ ሓለፋ ብሉጽነት ኣለወን።

ንስኻ መንፈሳዊ ሰብ ኮይንካ ነፍሲ ኣሎካ ኣብ ስጋ ድማ ትነብር። ንስኻ ኣብ ክልተ ዓለማት ክትንቀሳቀስ እትኽእል ድቓላ ፍጥረት ኢኻ። ኣብቲ ባህርያዊ ዓለም እትርእዮን እትምከሮን ነገር ዘይዓዪ እንተ ኾይኑ፣ንኣብነት ኣብ ስራሕካ እናወሰኽካ እንተ ዘይከይድካ፣ እቲ እትደልዮ ዕቤት እንተ ዘይረኺብካዮ ናብ መንፈሳዊ ዓለም ግዓዝ።

እቲ ንዓለም ዚምልከት ነገር ንዓኻ ኣይምልከተካን እዩ። ብፍልይ ዝበለ ሕግታት ኢኻ እትምራሕ ። ስለምንታይ ? ምኽንያቱ ኣብ መንጎ ተፈጥሮኣውን መንፈሳውን ዓለም ክትንቀሳቀስ እትኽእል ድቓላ ፍጥረት ኢኻ። ብዛዕባ ኩነታትካ ንኣምላኽ ምንጋር ኣቋሪጽካ ንኩነታትካ፣ኣምላኽ ክንድምንታይ ዓቢ ምዃኑ እትነግረሉ ግዜ ኢዩ እዚ ዓመተ ጸባን መዓርን።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

**ጸላኢ ብባህርያዊ መገዲ ይዕወት ከም ዘሎ ገይሩ ክሓስብ ኸሎ፣ናብቲ ብስም የሱስ ዝረኸብክዎ ዓወት ዘለዎ መንፈሳዊ ቦታ እቐየር ። ኣሜን ።**

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ሉቃስ 8 ፣10**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ መጽሓፍ ቅዱስ፦ ግብሪ ሃዋርያት 7-8**



ማቴዎስ 6:22
ናይ ስጋ መብራህቲ ዓይኒ እያ። ዓይንኻ ጥዕይቲ እንተ ኾነት፡ ብዘሎ ስጋኻ ብሩህ ይኸውን።

ዓይኒ መስኮት መንፈስን ነፍስን ምኳና ኽትርዳእ ልዕሊ ኹሉ ኣገዳሲ እዩ። እቲ እትርእዮ ነገር ኢኻ ኣብ መወዳእታ እትበጽሖ። ዓይንኻ ኢያ ንስጒምትኻ ትመርሖ፣ስለዚ እንታይ ኢኻ ትርእይ ዘለኻ? ንርእስኻ ከም ንዕዮ መንግስቲ ኣምላኽ እትምውል ጌርካ ዲኻ እትርእያ ? ወይ ድማ ነፍሳት ዝረሕብ ትጉህ ክርስትያን? ወይስ ዕዉት ነጋዳይ ?

ኤልያስ ንኤልሳእ ክኸይድ እንተርኣኻኒ ክብሎ ከሎስ፣ብዛዕባ ናይ ስጋ ኣዒንቲ ዘይኮነስ ናይ መንፈስ ኣዒንቲ ኢዩ ዝዛረብ ነይሩ።
ኣዒንትኻ መንፈሳዊ ነገራት ኬመሓላልፉ ይኽእሉ እዮም፣ ምኽንያቱ ነገራት ቅድሚ ኣብዚ ነገርዊ ዓለም ምግላጾም ኣዕንትኻ ኣቀዲመን ስለዝግንዘባኦ። ኣብርሃም ኣቀዲሙ ስለ ዝረኣየ ኢዩ ኣቦ ብዙሓት ኣህዛብ ክኸውን ዝኸኣለ። ኣምላኽ ኮነ ድያብሎስ ዚጥቀሙሉ ኣዝዩ ሓደገኛ መሳርሒ ኣዒንቲ እየን ።

ጸብለልትነት ንስረ ካብ ነዊሕ ርሕቐት ምርኣይ ምኽኣል እዩ፣ ሸሞንተ ዕጽፊ ልዕሊ ደቂ ሰባት ኺርእዩ ይኽእሉ እዮም ። ብመንፈሳዊ ኣዒንትኻ ኽትርኢ ጀምር። ክትርእዮ እንተ ኽኢልካ ክትውንኖ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ኣካላትካ ኣብ ሓዳርካ ኣብ ገንዘብካ ኣብ ንግድኻ ከምኡውን ኣብ ስራሕካ ፈውስን ዓወትን ርአ እሞ ከምኡ ድማ ክኸውን ኢዩ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣኺሉ ዚተርፍን ዚፈስስን ህይወት እርኢ ኣለኹ ። ብልጽግና ናተይ እዩ። ሕጂ ገንዘብ ይመጸኒ ኣሎ! ሃብትን ክብረትን ናባይ ክመሓላለፍ ኽሎ እርኢ ኣለኹ ፣ብስም የሱስ። ክብሪ ንጐይታ!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሉቃስ 11፣34

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ - ግብሪ ሃዋርያት 9-10



**ኦብ 1:17**
ኣብ ከረን ጽዮን ግና ዘምለጡ ኺህልዉ እዮም፡ ንሱውን ቅዱስ ኪኸውን እዩ፡ ቤት ያእቆብ ከኣ ርስቶም ኪርስተዩ እዮም።

ካብ ግብጺ ናብታ ምድሪ ተስፋ ጕዕዞ፣ ኣርብዓ መዓልቲ እዩ ዚወስድ ነይሩ። ደቂ እስራኤል ግን ኣርብዓ ዓመት ኣብ ምድረ በዳ ኈብለል በሉ። ሰባት ኰብለል ክብሉ ኽለዉ እሞ ኣብ መወዳእታኡ ጥራይ ኢዶም ክሞቱ ኽለዉ እርኢ ኢየ፣ ኢያሱ ግን ካብ ኲብለል ምባል ናብ ምውራስ ገዓዘ። ኣብ ጕዕዞኡ ውጽኢትን ዕቤትን ይስዕቦ ነበረ ።

እያሱ ኣብቲ ዝሓለፈ ጌጋታት ኣቓልቦኡ ከውድቕ ኣይፈቐደን። ነታ ምድሪ ኺወርስ ኣብ ዝነበሮ ሃረርታ ጸኒዑ ነበረ። ብመንፈሳዊ መዳይ ንምዕባይ ኣይትተዓገትን ኣይትሰልክን።

ሎሚ ምምልላስካ ጭቡጥ ፍረ ከምጽእ እእውጀልካ ኣለኹ። ኵሉ ጻዕርኻ ብዘይ ዓስቢ ኣይክኸውንን ኢዩ። ብዘይ ፍረ ኮብለል ኣይክትብልን ኢኻ። ኣብ መንጎ እቶም ብዘይ ዓስቢ ዝመላለሱ ኣይክትቈጸርን ኢኻ። ሕጂ ብመንፈስ እእውጅ ኣለኹ፦ እተን ብዘይ ፍረ ኰብለል ዘበልካለን መዓልትታት ኣብቂዐን ኣለዋ! ካብዛ ህሞት እዚኣ ኣትሒዝካ ዕዮኻ ጭቡጥ መርትዖ ዘለዎ ውጽኢት ኺወልድ እዩ። ኣብዛ ዓመት ጸባን መዓርን ካብ ትንቢት ናብ ፍጻሜ ክትግስግስ ኢኻ!

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ንዓለም ስዒረያ ንብረተይ እውን ሒዘያ እየ ፣ ኣብ ህይወተይ እውን ካልእ መዓልቲ ኽይስበር እየ ። ካልኦት ኣብ ዚቃለሱሉ እዋን ክዕወት እየ ። ብሓይልን ብስልጣንን ዝመልአ መርትዖ ዘፍሪ ክርስትያን እየ! ንጐይታ ወድስዎ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**መዝሙር 69፣ 35**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ መጽሓፍ ቅዱስ ፡- ግብሪ ሃዋርያት 11-12**



GoodNews DAILY



ኢያ 2:1
እያሱ ወዲ ነዌ ድማ ካብ ሽጢም ንኽልተ ሰብ፡ ኬድኩም ነታ ሃገርን ንያሪኮን ርኣዩ፡ ኢሉ ኽስልዩ ብሕቡእ ሰደዶም። ንሳቶም ድማ ከይዶም፡ ኣብ ቤት ረሃብ ዝስማ ኣመንዝራ ሰበይቲ ኣተው፡ ኣብኣውን ሐደሩ።

ስምዑንን ኣስተውዕሉን፡- ጐይታ ዝሃበና ዓመት ጸባን መዓርን እዚኣ እያ። ጌጋ ኣይኰነን፣ እቲ ትንቢታዊ ቃል ተኣዊጁን ወጺኡን ኢዩ፣ብኡ ተመሪሕካ ተዋጋእ። ትንቢት ኣብ ውግእ ክትሳተፍ እትጥቀመሉ ኣጽዋር እዩ። ኣብ ትንቢትካ ኾፍ እንተ ኢልካ እቲ ውግእ ኣንጻርካ ተላዒሉ ከሰንፈካ ኢዩ።

ሎሚ ኣቦታትኩም ኣብ ዝፈሸሉሉ ውግእ ኣይክትወድቁን ኢኹም ኢለ እእውጅ ኣለኹ። ኣብቲ ኣቦታትኩም እተዓገቱሉ ኣይክትዕገቱን ኢኹም። ነቶም ቅድሜኻ ዘለዉ ዝደረቶም ቦታ ኣይክድርተካን ኢዩ።

ንስኻ መፍረሲ ደረት፣ሰባሪ ማእሰርቲ፣በታኺ ሾላታ፣ኣግዓዚ ኣኽራን፣መንፈሳዊ ጅግና ኢኻ። ዓው ኢልኪ “ኣነ ናይቲ እቶም ቅድመይ ዝነበሩ ኺፍጽምዎ ዘይካኣሉ ኺፍጽም ዚኽእል ወለዶ እየ” በል። ኣሜን!

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ወትሩ ጸባን መዓርን ዝመለኦ ኢዩ ሂወተይ! ክዓዪ ከለኹ መላእኽቲ ድማ ይዓዩ፣ ክዛረብ ከለኹ ቃለይ ብግብሪ ተፈጺሙ  እርእዮ። ህይወተይ ንክብሪ ኣምላኽ ብምስክርነት ዝመልአት እያ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ያእቆብ 2፣ 25

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ መጽሓፍ ቅዱስ ፦ ግብሪ ሃዋርያት 13-14

## ኣብ ኣምልኾ እቶ



**እብ 13:15**
**እምብኣርስ ብእኡ ንኣምላኽ ኩሉ ሳዕ መስዋእቲ ምስጋና፡ ማለት ንስሙ ዚእመና ፍረ ኸናፍር፡ ነቕርብ።**

ኣምልኾና፣ ናይ ፍረ ኸናፍርና መስዋእቲ እ። ውዳሰን ኣምልኾን ኣብ እተወሰነ ህሞት እዩ ዚጅምር መወዳእታ ግን የብሉን ። ንኣምላኽ ክብሪ ምሃብ ዘይውዳእ ስለ ዝኾነ ኣምልኾ ውን ቀጻሊ ክኸውን ኣለዎ ።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዳዊት ንልቢ ጐይታኡ ብኸመይ ባህ ከምዘብሎ ዚፈልጥ ሰብ ከም ዝነበረ ይገልጸልና፣ ኣምላኽ ከኣ ዝኸምልበይ ኢሉ ቅጽል ክህቦ ከሎ ንርእይ። ኣምላኽ ብውዳሰ ህዝቡ ኸም ዚነብር ቃሉ ይነግረና።ስለዚ ኣምልኾ ንኣምላኽ ናባና ኣቃልቦኡ ከምዝገብር ይገብሮ።

ኣምልኾ ናብ ኣምላኽ ከም እትቐርብን ልቢ ኣምላኽ ከም ዝህልወካን ይገብረካ።ንኣምላኽ ከተምልኾ ኽለኻ ንሱ ኣብ ልብኻ እዩ ዝነገስ፣። ንኣምላኽ ከተምልኾ ኽለኻ ምስክርነትካ ጋህዲ ይኸውን። ኣምላኽ ኪምለኽን ኪውደስን ከሎ መንፈሳዊ ምንቅቃሕ  እዩ ዚፍጸም ፣ እዚ ማለት ኸኣ መስዋእቲ ኸናፍርካ ናብኡ ይድይብ፣ በረኸት ኣምላኽ ድማ ናባኻ ይውሕዝ ።

ኣምልኾ ደቂ ሰብ ኣብ ልቢ ኣምላኽ ፍሉይ ቦታ እዩ ዘለዎ ፣ እዚ ኸኣ ብኻልኦት ፍጡራት ኪፍጸም ኣይክእልን እዩ። ንስም ጐይታ ምምላኽን ምውዳስን ቀጽሉ ጸገማትካ ድማ በቲ ሓያል ስም የሱስ ኪጠፍእ እዩ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ንኣምላኽይ ብኹሉ ህይወተይን ብኹሉ ነፍሰይን ብኹሉ እንታይነተይን ክውድሶን ከምልኾን እየ! ክብሪ ንጎይታ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**መዝሙር ዳዊት 119 ፣108**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ - ያእቆብ**



**1ይ ቆረ 15:57**
**ግናኸ ነቲ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ገይሩ ዓወት ዚህበና ኣምላኽ ስብሓት ይኹኖ።**

ሓደ ካብቲ መለለዪ ክርስትና ሓይሊ እዩ ። ክርስትና ሃይማኖት ዘይኰነስ ጥቡቕ ዝምድና ምስ ኣምላኽ እዩ። ኩሎም ሃይማኖታት ቍጥዓ ኣምላኽ ስለ ዚፈርሁ ኢዮም ናብ ኣምላኽ ኪጽግዑ ዝጋደሉ። ኣብዚ ኢዩ ዘሎ እቲ ፍልልይ፣ ክርስትያናት ነቲ ፈቃርን፣ለዋህን፣ምሕረተኛን ዝኾነ ኣምላኽ ብሉዓላዊ ስልጣኑ ንደቂ ሰብ ከም ዝበጽሖም ፈሊጦም ኢዮም ዘገልግልዎ ። ንሕና ገና ሓጥኣን ከለና ኢዩ ክርስቶስ ምእንታና ሞይቱ። ውሉድ ኣምላኽ ክንበሃልሲ ከመይ ዝበለ ፍቕሪ እዩ ኣቦ ኣፍቂሩና።

ንስኻ ብመንፈስ ቅዱስ ደኣ እምበር ካብ ፍቓድ ሰብ ወይ ስጋ ዘይኰነስ ካብ ኣምላኽ እተወለድካ ውሉድ ኣምላኽ ኢኻ። እዚ ኸኣ እዩ ካብ ካልኦት ዚፈልየካ። ንስኻ ብክርስቶስ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ሓድሽ ፍጥረት ኹንካ ኢኻ ናይ ዓለም ኣይኰንካን። ንስኻ ኣባል እቲ ፍቃድ ኣምላኽ ኣብ ምድሪ ከፈጽም ስልጣን ዘለዎ ወጻእተኛ ዓሌት ኢኻ። ብስልጣንን ብልጽግናን እትገዝእ ደኣ እምበር ኣብ ትሕቲ ስእነትን፣ ድኽነትን፣ ስንፍናን ፣ኣይኰንካን እትነብር። ህይወትካ ኸም ሰዓሪትን ስጉምቲ ቀላሲትን ምኳና ኣስተብህል። ካብ ንጉሳዊ ቤተሰብ ኢኻ፣ ኣብዛ ዓመት ጸባን መዓርን በዚ መንነትካ ተመላለስ!

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ብክርስቶስ የሱስ ኢየ ዝነብርን ዝወሳወስን፣ ብእኡ ድማ ኢየ ዘለኹ! ዝጐደለኒ ነገር የልቦን ዚጠፋኣኒ ነገር እውን የልቦን ። ብክርስቶስ ኢየ ተመሊአ ዘለኹ! ኣሜን

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ሮሜ 8፣ 37**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ሎሚ ዘሎ ቕዱሳት ጽሑፋትካ፡- ግብሪ ሃዋርያት 15-16**



ኤፈ 1:13
ንስኻትኩምውን ብእኡ ቓል ሓቂ፡ ናይ ምድሓንኩም ወንጌል፡ ምስ ሰማዕኩም ብእኡውን ምስ ኣመንኩም፡ ብናይ ተስፋ መንፈስ ቅዱስ ተሐተምኩም።

ነብዪ ሳሙኤል ንዳዊት ንጉስ እስራኤል ኪኸውን ምስ ቀብኦ መንፈስ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ዳዊት መጸ (1 ሳሙኤል 16 1-13)። ኣብ ሓድሽ ኪዳን መንፈስ ኣምላኽ ክሳዕ መዓልቲ ድሕነት እተሓተምናሉ መንፈስ ተባሂሉ ተገሊጹ ኣሎ (ኤፌሶን 4 30)። ስለዚ ዳዊት ብንግስነት ምስ ተቐብአ እቲ ማሕተም ኰይኑ ዘገልግል ዝነበረ መንፈስ ድማ ኣብ ልዕሊኡ ወረደ ። ናይ ዝፋን መንግስቲ ቅብኢ ጥራይ ዘይኮነስ፣ነቲ ኽም ዘይቅረብ ዝገበሮ ማሕተም እውን ተቐቢሉ እዩ።

ኣይትፍራህ ። ብሰሪ ጸላኢኻ ድቅስ ኣይትስኣን። ብእኩይ ውዲቱ ውን ኣይትሰንብድ። ስራሕካ፣ ንግድኻ፣ውሉድካ፣ ገንዘብካ፣ ኣገልግሎትካ፣ስድራኻ፣ ዝተሓትሙ ኢዮም። ወዲ ሓራ ዜውጽኦ ብሓቂ ሓራ እዩ! ኣምላኽ ይፈልጠካ ኢዩ፣ ስምካ ኣብ ጻዕዳ ኣእዳዉ ተወቂጡ ኣሎ ንስኻ ድማ ራዳር ኣምላኽ ኢኻ። ማንም ኣይኪጐድኣካን ወይ ኣይክጥፍኣካን እዩ። ስለዚ ንድያብሎስ ኣጓይዮ፣ኣህድሞ፣ደስ ይበልካ ኣምላኽ ከለላኻ ኢዩ! ክብሪ ንጐይታ!

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

እዛ ሕጂ ዝነብራ ዘለኹ ህይወት ብመንፈስ ቅዱስ እተሓትመት ኣብ ክርስቶስ ድማ ዝተሰወረት እያ፣ ዝትንክፈኒ የለን፣ ንሞት ዝተቓላዕኩ ኣይኮንኩን! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ገላትያ 3፣14

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ - ገላትያ 1-3



GoodNews DAILY



ፊሊ 4:6
ድሌትኩም ዘበለስ ብጸሎትን ልማኖን ምስናይ ምስጋና ኣብ ኣምላኽ ይፈለጥ እምበር፡ ብገለ እኳ ኣይትጨነቑ።

ብጸሎት ኽትስረት ምስእትደሊ ሓደ ሓደ ነገራት ምውናን የድልየካ እዩ። ጸሎት ሓበሬታ ንምሃብን ንምርካብን ዘይኰነስ ንምስራትን ምትካልን ምኳኑ ኣይትረስዕ ። ጸሎት ውጥን ወይ ድማ መደብ ከም ዚተሓሓዝ ክትርዳእ ኣሎካ። ብዘይ ውጥን ወይ መደብ ዝግበር ጸሎት ውጽኢት ስለዘይብሉ ተስፋ ከቑርጸካ ዝከኣል ኢዩ።

ወላኳ ብመንፈስ ክትምራሕ ኣገዳሲ እንተኾነ ብእተኻእለካ መጠን ንጸሎትካ መደብ ከተውጽእ ኣሎካ። ዕላማ እቲ ጸሎትካ እንታይ ምኳኑ ንርእስኻ ሕተት ። ጸሎትካ ከም ዝተመለሰ ምእንቲ ኽትግንዘብ ቅድሚ ምጽላይካ ነጥብታት ጸሎት ኣዳሉ።

ሓደ ሓደ ግዜ ጾም እናወሰኽካ ክትጽሊ የድልየካ እዩ። ኣብ ጳውዒት እተፈላለየ ኣገልግሎት ስለ ዘሎ ነቲ እተጸዋዕካሉ ኣገልግሎት ብትግሃት ንምፍጻም ሓይሊ ጸሎትን ጾምን የድልየካ እዩ።

ጸሎትን እምነትን ኢድ ንኢድ ስለ ዝኸዳ፣እቲ እትጽልዮ ዘለኻ ማኪና ንኽትውንን ድዩ፣ገዛ ክትገዝእ፣ኮንትርት ናይ ስራሕ ክትረክብ ወይ ውን ሓዳር ክትገብር፣ናይ ኣምላኽ ዓይነት እምነት ከምዘለካ ኣረጋግጽ። ጸሎት ምስ መንፈስ ቅዱስ ጥቡቕ ሕብረት ክትገብር ስለ ዝሕግዘካ፣ ኣብ ግዜ ጸሎትካ ኣምላኽ ክዛረበካ ተጸበ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ክጽሊ ኽለኹ ሰማያት ይምልሱ ። ብመንፈስ ጸሎት ኣብ መንገ ኣምላኽን ሰብን ደው ኢለ በቲ ሓያል ስም የሱስ ብስልጣን ክገዝእ ኢየ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዳንኤል 6፣10

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ - ገላትያ 4-6



1ይ ቆር 15:4
ተቐብረ ኸኣ፡ ከምቲ እቶም ጽሑፋት ዚብልዎ፡ ብሳልሰይቲ መዓልቲውን ተንስኤ፡

ብዛዕባ መለኮታዊ ባህርዩ ብዙሕ መጐተን ክትዓትን እኳ እንተ ተገብረ ነቐፍቱን ተኸራኸርቱን ኣምላኽ ከም ዝኾነ ንምርግጋጽ ሰለስተ መዓልቲ ጥራይ እዩ ኣድልይዎ። የሱስ ኣብ መንጎ መሎከታውነቱን ሰባውነቱን ዘሎ ፍልልይ ንምርኣይ ሰለስተ መዓልቲ ጥራይ እዩ ዜድልዮ ነይሩ ነዚ ድማ ብዜደንቕ መገዲ እዩ ፈጺምዎ!

ኵሉ እቲ የሱስ ዝገበሮ ተኣምራት ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልቲ ኽሳዕ ዚሰቕልን ክሳዕ ዚመውትን ክሳዕ ዚቕበርን ከም ብሓድሽ ክሳዕ ዚትንስእን ነቶም ኣብ ግዜኡ ዝነበሩ ተጠራጠርቲ ኣየዕገቦምን፣ ብድሕሪኡ ግና ብሓቂ መሲሕ ምዃኑ ኣመኑ።

የሱስ መንነቱ ንኽገልጽ ኣዝዩ ፍሉይን ዓብይን፣ ካልእ ሰብ ቅድሚኡ ዘይከዶን መገዲ ኢዩ ተጠቂሙ። ሓደ ሰብ ኪመውት ካልእ ሰብ ከኣ ካብ ምዉታት ኬተንስኦ ዚካኣል እኳ እንተ ኾነ ባዕሉ ኻብ ምዉታት ዘተንስኤ ግና የልቦን።

ብዙሓት ክርስትያናት ንዓቢ ነገር ኣይዳለዉን እዮም፣ ኣብ ትሕት ዝበለ ኢሎም ዝመላለሱ! ዕላማኻ ክብ ዝበለ ንምግባር ተምሃር ። ንስድራ ቤትካን ንኣገልግሎትካን ንደቅኻን ንገንዘብካን ንፕሮጀክትታትካን ክብ ኣበሎ። ኣምላኽ ንበይኑ እኹል ኢዩ። ንሱ ናይ ሕልፍን ትርፍን ኣምላኽ እዩ። ንዕኡ እመኖ እሞ ንሱ ድማ ክፍጽመልካ ኢዩ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ዓስቢ እቲ ልዑል ጽውዓይ ክጬብጦ እየ ። በዚ ድማ ኽዕወት እየ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሆሴእ 6፣2

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ ፦ ግብሪ ሃዋርያት 17

# ነቲ ቓል ኣጥቢቕካ ሓዞ



**ዮሃ 1:1**
**ቃል ብመጀመርታ ነበረ፡ እቲ ቓል ድማ ኣብ ኣምላኽ ነበረ፡ እቲ ቓልውን ኣምላኽ ነበረ።**

ኵሉ ተኣምራት ኣብ ቃል ኣምላኽ እተመስረተ እዩ! ቃል ኣምላኽ ክንሰብኽ ከለና ንስለ ምስባኽ ጥራይ ዘይኰነስ ሓይሊ ቓሉ ንምንጽብራቕ እዩ። ኣምላኽ ኣዝዩ ዓብዪ ስለ ዝኾነ ድያብሎስ ጸላኢ ኣምላኽ ተባሂሉ ኺጽዋዕ ኣይክእልን እዩ።

ከምቲ እቲ ጸሓፍ መዝሙር ኣብ መዝሙር 110፣1 ብንጹር ዝገለጾ “ጐይታ ንጐይታይ ንጸላእትኻ መርገጽ እግርኻ ኽሳዕ ዝገብሮም ኣብ የማነይ ተቐመጥ በሎ።” ሕስብ እሞ ኣብል እቲ ብግርማኡን ሓይሉን ዜደንቕ ኣምላኽ ድያብሎስ ከም ጸላኢ ጌርካ ክትቆጽሮ! ኣምላኽ ጸላኢ የብሉን። ኣብ ሰማይ ውግእ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ሚካኤልን ካልኦት መላእኽትን ንድያብሎስ ኪዋግእዎ ኸለዉ ኣምላኽ ገና ኣብ ዝፋኑ ተቐሚጡ ነበረ ።

ኣብዚሑ ኺባርኸካ ዚኽእል ዓብዪ ኣምላኽ ኢኻ እተገልግል! ሎሚ ውን ነዚ ትንቢታዊ መልእኽቲ እንዳ ኣንበብካዮ ከለኻ ሓሳብን ድሌትን ኣምላኽ ይፍጸም ኣሎ! ኣምላኽ ተዛረበ ከምኡ ድማ ኾነ።ብርሃን ይኹን ምስ በለ ብርሃን ድማ ኮነ።
ሎሚ ኣብ ሂወትካ ብልጽግና ይእውጅ ኣለኹ።ሎሚ ጸባን መዓርን ዝኾነ ሂወት ኣስተማቅር።ብስም የሱስ ኣሜን!

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ህያው ቃል ኢየ ። እቲ ቓል ከም ዚዓዪ ስለ ዝፈልጥ ሓጐሰይ ካብኡ እዩ ዚምንጩ! ነቲ ቓል ኣጥቢቐ ብምሓዝ ምስክርነተይ የብዝሕ ኣለኹ! ክብረ ንጐይታ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1 ዮሃንስ 1፣ 1-2

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ - 1ይ & 2ይ ተሰሎንቄ



መዝ 42:1
እራብ ናብ ዓይኒ ማያት ከም እትናፍቕ፡ከምኡ ኸኣ ነፍሰይ ናባኻ፡ ዎ ኣምላኽ፡ ትናፍቕ ኣላ።

መንፈሳዊ ዕቤት ብኣወንታዊ ወይ ብኣሉታዊ መገዲ ኪልካዕ ይከኣል እዩ ። ግዜኡ ግዜ ተክኖሎጂ ብምዃኑ ድያብሎስ ንገለ ኻብዚ ተክኖሎጂ መደቡ ንምግላጽን ንምስፍሕፋሕን ይጥቀመሉ ኢዩ። ስለዚ ኣብዘን ዳሕሮት መዓልትታት ነቲ ናይ ኣምላኽ ነገራት ክንጸምእ ይግብኣና ።

ጽምኣት ካብ ጥቡቕ ምምልላስ እዩ ዝመጽእ። መዓልታዊ ልማኖኻ ጐይታ ኵሉ ውሰዶ፣ ጽምኣትካ ጥራይ ሃበኒ ኢዩ ክኸውን ዘለዎ! እቲ እትምነዮ ዘለኻ ነገራት ንጥሜትካ ይውስኖ እዩ። ጽምኣትካ ነቲ ናይ ኣምላኽ ነገራትን፣ ንኣገልግሎት ቤቱን፣ ዝያዳ ነፍሳት ንምርባሕን ካልእ ከምዚ ዘመሰለን ክኸውን ኣለዎ።

ኣብቲ ነፍስኻ እትገትኣሉ ዘበለ ኩሉ ምልኪ ኣአካ። እቲ ኣባኻ ዘሎ መንፈሳዊ ጽምኣት እንዳዓበየ ምስ ዝኸይድ ንስኻ ማንም ክትንክፈካ ዘይክእል ጅግና ተዋጋኢ ኢኻ እትኸውን!

ብስጋ ጀሚርካ ናብመንፈሳዊ ውግእ ተሰጋገር። ኣብ ጸሎትካን ኣገልግሎትካን ኣይትሰልኪ። ኣብ ኵሉ እቲ ጐይታ ኣብዘን ዳሕሮት መዓልትታት ዚገብሮ ዘሎ ብንጥፈት ተሳተፍ ዓወትካ ድማ ንኵሉ ግሁድ ክኸውን እዩ!

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ቅንኣት ጐይታ ይበልዓኒ ኣሎ፣ ሂወትይ ንጎይታ የሱስ ይውፈ። ሂወተይ ብክርስቶስ ሓጐስን ሰላምን ዝመልኦ እዩ ።ምስክርነተይ እንዳ ዓበየ እኸይድ ኣሎ። ብስም የሱስ! ኣሜን!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
መዝሙር 119፣ 20

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ተወሳኺ መጽናዕቲ


GoodNews DAILY



1ይ ዮሃ 5:4
ካብ ኣምላኽ እተወልደ ዘበለ ዅሉ ንዓለም ይስዕራ፡ እታ ንዓለም እንስዕረላ ስዕረት ከኣ፡ ንሳ እምነትና እያ።

ካብ ኣምላኽ እየ ተወሊደ፣ ንዓለም ስዒረያ እየ። ቃላተይ ንእኩይ ሓሳብ ኣይገልጽን ኢዩ። ሂወተይ ብክርስቶስ ባህ ዜብል እዩ። ኣባይ ስእነት የለን ። ኣነ ተዓዊታይ ደኣ እምበር ግዳይ ኣይኰንኩን በረኸት ዝመልኦ ህይወት ድማ እየ ዝነብር ዘለኹ! ክብሪ ንጐይታ!

መጽሓፍ ቅዱስ ሃይማኖታዊ መጽሓፍ ኣይኰነን። ግሁድን ሓቀኛን ህይወት እዩ። ስለዚ እሕጐስ ኣለኹ፣ እቲ ቓል ይዓዪ እዩ! ህይወትካ ነቲ ብክርስቶስ ዝረኸብካዮ ዘለኣለማዊ በረኸት ዜርኢ ኪኸውን ኣለዎ።

ኰላሊትካ ምሉእ ብምሉእ ብዝግባእ ኪዓያ ኣለወን። ልብኻ ነቲ ደም ብትኽክል ክትጨንጉዖ ኣለዎ። ኣዒንትኻ ብንጹር ኪርእያ ኣለወን፣ ክባላሸዉ ኣይተፈጢሩን ። ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ኣካላትካ ምስ ቃል ኣምላኽ ክሰማማዕ ኣለዎ። በረኸትካ ከንጀርብብ ኣልዎ ። ዘድልየካ ገንዘብ ብትእዛዝካ ኺመጸካ ኣለዎ። ድኽነት ውርሻኻ ኣይኰነን።

እቲ እንሰብኮ ብስራት ካብ ድኽነት ናብ ብልጽግና ይመርሓካ። ሎሚ ነዚ ተንብቦ ምህላውካ ጥራይ ጽቡቕ ነገር ከጋጥመካ ኢዩ። ዜደንቕ ለውጢ ኣብ ሂወትካ ክትገብር ኢኻ ስለዚ ተሓጎስ!

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ካብ ኣምላኽ እየ ተወሊደ ፣ ክወድቕ ኣይክእልን እየ ። ኣነ ተዓዊተ እየ ፣ከመይሲ ናይ ዓወት ተግባራት ጥራይ ኢየ ዝገብር።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1 ዮሃንስ 4። 4

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ - 1 ቈረንቶስ 1-4

ቀዳም፣ 30 ሕዳር



**ምሳሌ 10:15**
**ንሃብታም እቲ ሃብቱ ጽኑዕ ከተማኡ እዩ፡ ንድኻ ግና እቲ ድኽነቱ ጥፍኣቱ እዩ።**

መብዛሕትኦም ሰባት ብፍላይ ከኣ ብዙሓት ክርስትያናት ብዛዕባ ገንዘብን ሃብትን ፍልይ ዝበለ ኣረኣእያ እዩ ዘለዎም። ድኽነት መዕነዊ ኣጽዋር ምኺኑ ኽትርዳእ ኣለካ! ድኽነት ንሰባት ይቐትል እኳ እንተ ኼነ ሃብታማት ግና ንገንዘብ ከም መዕቈብን መከላኸልን ይጥቀሙሉ። ይኹን እምበር ድኻታት ተመሳሳሊ ድኽነት ምስ ዘጓንፎም ንምክልኻል ዚጥቀሙሉ ገንዘብ የልቦን፣ ስለዚ ኣሉታዊ ሳዕቤናቱ የጋጥሞም ።

ገሊኦም ክርስትያናት ንድኽነት ምስ ቕድስና፣ ለማኒ ናብራ ድማ ከም ትሕትና ገይሮም ብጌጋ የተሓሕዝዎ እዮም። እዚ ጌጋ ጥራይ ዘይኰነስ ጐዳኢ እውን እዩ ፣ ከመይሲ ገንዘብ ምስኣን ናብ ሞት ኬብጽሓካ ይኽእል እዩ።

ክርስትያን ከም ምኧንካ መጠን ንዕቤት መንግስቲ ኣምላኽን ከምኡውን ንስድራቤትካን ሓዳርካን ቤተ-ክርስትያንካን ከምኡውን ከተማኻን ካብ ዝወርድ ናይ ድኽነት መጥቃዕትን ዕንወትን ከተድሕን ኣተሓሳስባኻ ብዛዕባ ገንዘብ ለውጥ። ገንዘብ ናብ ኣምላኽ ኽትጽሊ ውን ግዜ ይህበካ እዩ። ስለዚ ኣብዚ ናይ መወዳእታ ዘመን ተጽዕኖ ክትገበር እንተኮይንካ ንጸላእትኻ ብጸሎት ጥራይ ዘይኰነስ ብስም የሱስ ብቝጠባዊ መዳይ እውን ድሉው ኩን!

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ማእሰርትታት ድኽነት እበትኮ ኣለኹ። ንገዛእ ርእሰይን ንስድራ ቤተይን ብገንዘበይ ገይረ እዓርዶም እለኹ። ንመንግስቲ ኣምላኽ ንምዝርጋሕ ብዙሕ ሃብቲ እድልብ ኣለኹ ። ገንዘበይ ተባሪኹ እዩ ፣ ብብልጽግናን ብመለኮታዊ በረኸትን እየ ዝመላለስ ። ኣሜን!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ምሳሌ 18፣ 11**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ - 1 ቈረንቶስ 5-8**

## ንድሕሪት ኣይትጠምት



**ፊሊጲ 3:13-14**
ኣሕዋተየ፡ ኣነ ብርእሰይ ከም ዝረኸብክዎ ኣይመስለንን አሎ። ሓደ ነገር ደኣ ኣሎኒ፤ ኣብ ድሕረይ ዘሎ እናረሳዕኩ፡ ነቲ ኣብ ቅድመይ ዘሎ እናተመጣጠርኩ፡ ናብቲ ሕንጹጽ ዕላማ ኣቢለ፡ ናብቲ ዓስቢ ዓወት ናይ ላዕሊ ጽውዓ ኣምላኽ ብክርስቶስ የሱስ እጕዩ አሎኹ።

ሓደ ንደቂ ኣምላኽ ዝጭበት ውጽኢት ካብ ምርካብ ዝዓግቶም ነገር እንተ ሃልዩ ካብ ሕሉፍካ ወጺእካ ንቕድሚት ዘይ ምኻድ ኢዩ። ብኸምዚ ነገር ዝሳቀዩ ዘለዉ ሰባት ቆጺረ ክውድኦም ኣይክእልን ኢየ ። እዚ ናይ ሰይጣን ጥበብ ንሰብ ኣብ ዝሓለፈ ሂወት ብምእሳር እንዳኣታለለ፡ ነቲ ጽቡቕን ሕማቕን ኣብ ሕሉፍ ዝገበርካዮ ደጋጊምካ ክትዝክር እሞ ኣብኡ ክትነብር ይገብረካ።ጽቡቕ ውን ኢየ ዝብል ዘለኹ።

ንምብራህ፣ ብናይ ቕድም ዝገበርዎ ጽቡቅ ጥራይ ዝዛረቡ ሰባትዶ ገጢሞሙኹም ኣለዉ።ኣነ ዓቢየ ኔረ፡ ከምዚውን ይገብር ኔረ ቕድሚ ዒስራ ዓመታት ብኸምዚ ዕዉት ነይረ ይብሉ። እዚስ አንታይ ይብሃል፧ አዚ ሕሉፍ ሂወት የታልለካ ኣሎ፣ በዚ ዝኽርታት ጌይሩ ሓንጎልካ ኣልሚሱ፣ ሂወትካ ከይትመርሕ ካብ ዘብለጸ መጻኢ ከትርፈካ ኢዩ።

ካብ ሎሚ መዓልቲ ጀሚርካ ናይ ዝሓለፈ ገጋታትን ብልጫታትን ካብ ሓሳብካ አውጽኣዮ፡- ንመዘከርትኡ ፈጺምካ ካባኻ ደምስሶ ክምለስ ኣይተፍቅደሉ።ኣብ ቅድሜኻ ዝበለጸ ኣኽሊል ተነቢሩ ኣሎ ።ግናኸ ቅድም ሕሉፍካ ረስዓዮ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ናይ ቅድም ዛንታይ ኣብ ድሕረይ ኣሎ፡- ካብ ሎሚ መዓልቲ ጀሚረ ካብቲ ዝሓለፈ ዝበልጽ ስራሕ ክገብር ኢየ፣ ሕሉፍ ኣሉታዊ ኣረኣእያ ኣብ መጻኢ ሂወተይ ቦታ የብሉን ብስም ጎይታ የሱስ ክርስቶስ፣ አሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ትንቢት ኢሳይያስ 43:18

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ 1ይ ቀረንቶስ 9-11



**1ይቲ ጢሞቴዎስ 3:15**
**እንተ ደንጐኹ ግና፡ ኣብታ ቤት ኣምላኽ፡ ማለት፡ ናይታ ሓቂ ዓንድን መሰረትን ዝኾነት ማሕበር ህያው ኣምላኽ፡ ከመይ ክትገብር ከም ዚግብኣካ ኽትፈልጥ እፈቱ አሎኹ።**

እዛ ጥቕሲ እዚኣ ኣብ ቤት ኣምላኽ ክንመላለሰሉ ዘሎና መገዲ ኽም ዘሎ እያ እትነግረና ። እዚ ኣካይዳ ድማ ብኹሉም ክርስቲያናት ክግበር ዘለዎ ቅዲ ምምልላስ ኣብ ቤት ኣምላኽ ኢዩ።ከም ነገስታትን ካህናትን ስለ እተጸዋዕና ብፍርሃት ነቲ ጸዋርናዮ ዘለና ህላውነት ኣምላኽ ከነኽብሮ ተጸዊዕና ኢና ።

ኣሕዋትን ኣሓትን ናብ ኣምላኽ ኣዕሚቑካ ብዝኸድካ መጠን ንኣሉታዊ ጠባይ ብዚምልከት ዝያዳ ቐይድታት እዩ ዚህልወና። ከምቲ ቐደም ዝነበርካዮ ኻብ ምዃን ኣቋሪጽካ ዝሓሸ ሰብ ኢኻ እትኸውን! ብሃንደበት ተግባራትካ፣ ኣዘራርባኻ ምስ ሰባት፣ ኣከዳድናኻ ናብ ቤተክርስቲያን ክትከይድ ከለኻ ልክዕ ከምዘይኮነ ከተስተውዕል ትጅምር፣ እዚ ኽኣ ብስም ክርስቶስ ስለ እተጸውዕካ ምስኡ ዚመጽእ ስልጣትን ክብርን እዩ።

ካብ ሎሚ መዓልቲ ጀሚርካ ንርእስኻ ብኸመይ ንክርስቶስ ኣብ ኣካይዳኻ ንኻልኦት ሰባት ተርእዮ ወይ ድማ ተኽብሮ ኣጸቢቕካ ሕሰብ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ከም ንጉስን ካህንን እቲ ልዑል ኣምላኽ ምዃነይ መጠን ሓድሽ መምርሒ ሂወት መገዲ ይኽተል ኣለኹ። ብዝለዓለ መገዲ ብዅሉ መዳይ ንክርስቶስ ክውክሎ እየ ሃሌሉያ፦

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ናይ ሰብ ሮሜ 1:9**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ 1ይ ቀረንቶስ 12-14**



ዮሃንስ 14:15
እተፍቅሩኒ እንተ ኼንኩምሲ፡ ትእዛዛተይ ሐልዉ።

ፍቕሪ ኸምቲ ሰባት ዚሓስብዎ እተሓላለኸት ኣይኮነትን ። ብሓጺሩ ነቲ ብቓላትካ እትገልጾ ፍቕሪ ብተግባራትካ ከተርእዮ ከለኻ ኢዩ።

ንኣምላኽ ከም እነፍቅሮ ዜርኢ መርትዖ ቃሉ ምግባር እዩ፣ ንሱ ድማ ፍቕሩን ባህርያቱን ንምግላጽ እዩ። ህይወቱን ባህርዩን ማለት እቲ ኣባና ዘሎ ጽድቂ ቅኑዕ ናብራ ንምንባር ይከኣል ጥራይ ዘይኮነስ ንምንባሩ እውን ቀሊል ይገብሮ እዩ።

ብዘይ ቃልሲ መዓልታዊ ንኣምላኽ ከነሐጉሶ ንኽእል ኢና ። ብዙሓት ሰባት ክትጸም ከለኻን ብንብዓት ከተምልኽ ከለኻን ከምኡ ውን ኣብ ልብኻ ባህ ዘብል ነገር ክስመዓካ ከሎን ጥራይ ንኣምላኽ ፍቕሪ ከም ዘርኣይዎ ገይሮም ይሓስቡ ። ከምቲ ቓል ዚብለና እንተ ተመላለስና እቲ መርትዖ ፍቅሪ ንኣምላኽ ንሱ እዩ ፣ ቃል ህያው እዩ ፣ እዚ ኸኣ ብሓቂ ኽም ነፍቅሮ ዘርኢ መርትዖ እዩ፦ሕግታትን መብጽዓታትን ኣምላኽ ምግባር፡ ንዕኡ ኽም ነፍቅሮ ዜርኢ እኹል መርትዖ እዩ.

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ከም መርትዖ ፍቅረይ ንኹሉ እቲ ጐይታይ እግዚኣቢሄር ኣምላኸይ ክፍጽሞ ዝሃበኒ ቃል ይስዕቦ ኣለኹ። ትእዛዛቱ ንዓይ ህይወት እዩ፣ ብስሙ ብምጽውዐይ ከኣ ተባሪኸ እየ፦ ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
2ይ ዮሃንስ 1:6

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ 1ይ ቀረንቶስ 15-16



**መዝሙር ዳዊት 16:11**
**ንመገዲ ህይወት ትሕብረኒ፣ ኣብ ቅድሚ ገጽካ ናይ ሓጎስ ጽጋብ፣ ኣብ የማናይካውን ንዘልላለም ብጽእና ኣሎ።**

ክርስትና ኣሰልቻዊ ኣይኮነን። ኣንጻር እቲ ዓለም እትሓስቦ – ምስ ኣምላኽ ርክብ ምግባር ኣሰልቻዊ ኣይኮነን፦

ነዛ ኣብ ላዕሊ ዘላ ጥቅሲ ደጊምካ ኣንብባ፣ ኣብ ህላውነት ኣምላኽ ብኹሉ መንገደይ ዝተሓለኹ ኢየ፣ዝኾነ ጌጋ ክርከብ ኣይክእልን ኢዩ።ኣብኡ ውን ደው ኣይበለን ብናይ ሓጎስ ጽጋብ ውን ንዘልኣለም ይኽልለኒ።

ምስ ኣምላኽ ሕብረሲ ከመይ ኢሉ ኣሰልቻዊ ክኸውን ይኽእል፧ ምድራዊ መዝገብ ክትረክብ ኢልካስ ከመይ ጌርካ ምስ ግጉይ ህዝቢ ክትሓብር ትመርጽ።ሰብ ዝሰርሖ ደስታ ረስዓዮ፧ ንሱ ንግዝያዊ ጥራይ ዘይ ኾነስ ብዙሕ ጣዕሳ ውን ዘምጽእ ኢዩ። ህላወ ኣምላኽ ዘይንገር ደስታ ይህበና፧ ካብ ጸቕጢ ነጻን ጥዑምን ህይወት ከኣ ንነብር።

ካብዚኣ ደቂቕ እዚኣ ኣትሒዝና ምስ ኣምላኽ ምሕባር ቐዳምነት ሃብ። ነቲ ቓል ብምሉእ ልብኻን ብሃንቀውታን ኣጽንዕ። ንቃል ኣምላኽን ንጸሎትን ምዱብ ግዜ ይሃልኻ ።በዚ ዝመጽእ ልደትን ድሕሪኡን ድማ ናይ ደስታ ግዜ ይኹነልካ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብ ክርስቶስ እቲ ዝበለጸ ህይወት እየ ዝመርሕ፦ ምስልቻው፧ ምሽባር፧ ስእነትን ምድንጋርን ብስም የሱስ ኣብ ህይወተይ የለን፧ ፈጺሙ ድማ ኣይክህሉን እዩ፦ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**መጽሓፍ እዮብ 36:11**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ 2ይ ቀረንቶስ 1-4**



1ይ ጴጥሮስ 2:9
ንስኻትኩም ግና ደግነት እቲ ኻብ ጸልማት ናብቲ ዜገርም ብርሃን ዝጸዉዓኩም ምእንቲ ኽትነግሩ፣ ሕሩይ ወለዶ፣ ናይ መንግስቲ ኽህነት፣ ቅዱስ ህዝቢ፣ ጥሪት ኣምላኽ ዝኾኑ ህዝቢ ኢኹም።

እዚ ከመይ ዝበለ ሓያል ጥቕሲ እዩ፣ ተመስገን ኣምላኽ፦ ኣሕዋትን ኣሓትን እዚ እንታይ ይብል ከምዘሎ ትርእይዎዶ ኣለኹም፧ ኣምላኽ ብፍሉይ ክደሌና መጺኡ፣ ብስምና ጸዊዑ፣ ኣብ ማእከል ጸልማት ረኺቡና፣ ካብቲ ከቢብና ዝነበረ ናይ ጸልማት ቦታ ኣውጺኡ ውን ናብ ብርሃኑ ስሒብና፦ እንታይ ዓይነት ጸጋ እዩዚ፦

ጸልማት ካባኻ ምስ ተባረረ ከመይ ጌርካ ከም ኩሉ ሰብ ክትመላለስ ትኽእል፧ ከመይ ኢሉ እዩ ሕማም ኣባኻ ክነብር ዝደፍር፧ ገና እኮ ኣብቲ ክግለጽ ዘይክእል ብርሃን ኣምላኽ ኢኻ ትነብር ዘለኻ፧ ብዘይ ምእማንካ ንዓለም ኣይትመሳሰላ።ሰባት ኣነ ብርሃን ኢየ ክብሉ ሰሚዕካ ዶ ትፈልጥ፣ኣብ ጸልማት እንዳነበርክስ እሞ ከመይ ኣቢልካ ኢኻ ብርሃን ክትከውን።እቲ ብርሃንሲ ንሕና ኢና፣እቲ ንክርስቶስ ዝተቕበለ ዘበለ ነቲ ጸልማት ሓድጉ ኣብ ብርሃን ኣምላኽ ኢዩ ዘሎ።

እቲ ብክርስቶስ ዝወረስካዮ ብርሃን ንዓለም ከተርኢን ከተካፍልን ተጸዊዕካ ኢኻ፦ ሎሚ መዓልቲ ከምኡ ግበር፦

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብቲ ክግለጽ ዘይክእል ብርሃን ኣምላኽ እየ ዝነብር እዚ ድማ ፍሉይ ፍጥረት ይገብረኒ። ሎሚ ክስዕር መዓልተይ ኢያ፣ ካብ ምዕዋት ዝንእስ ነገር ኣይቅበልን እየ፦ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ፊሊጲ 2:15-16

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ 2ይ ቆረንቶስ 5-9



**እብራውያን 1:7**
**ብዛዕባ መላእኽቲ ኸኣ፣ መላእኽቱ ንፋሳት፣ ኣገልገልቱውን ሃልሃልታ ሓዊ ዚገብር፣ ይብል።**

ከም ክርስትያን መጠን ሓዊ ኽወርድ ዘይትእዝዘሉ ህሞት ኣሎ፣ እንታይ ድኣ ንባዕልኻ ሓዊ ትቕየር ሓዊ ድማ ትፈጥር።

ሕጂ ብዛዕባ ክዳውንቲሞ ንርኣዮ፣ ንብረት ወይጥረ ነገራት ተቓጸልቲ ኢዮም ዝብል ዝተጻሕፎም ርኢኻ ትፈልጡዶ፧ ሓደገኛታት ድዮም ኣይኮኑን ብምጥማት ክንፈልጥም ኣይንኽእልን፣ሓደገኛታት ኣይመስሉን ኢዮም።። ሓቀኛ ባህሪ ናይዞም ክዳውንቲ ዝግለጽ፣ ዝነኣሰት ውን ትኹን ብልጬታ ሓዊ ምስ ዝትንክዮም ኢዩ። ካብቲ ከተጥፍኦም እትኽእል ንጥፈት ንላዕሊ ቀልጢፎም ሓዊ ይሕዙ፦

ከምዚ እዩ ኸኣ ሓቀኛ ባህሪ ናይ ኣገልገልቲ ኣምላኽ ። ሃልሃልታ ሓዊ ኮይንካ ኢኻ፦ ሎሚ ንግሆ ምስ ተሳእካ ኣብ መስትያት ምስ ረኣኻ፡ ከም መስኪን ሰብ ትመስል ትኸውን፡ ኣድላይነት ምስተፈጥረ ግን ሓዊ ትኸውን፤ ፈጺምካ ኽትዕገት ኣይትኽእልን ኢኻ፦

ሎሚ ንሃልሃልታኻ ዚዓግቶ ነገር የልቦን። ሃልሃልታ ሓዊ ኼንካ ኢኻ። ካብ ሎሚ ኣትሒዙ፣ ንክርስቶስ ብዝያዳ ክትነድ ኽለኻ ዓለም ኽትርኢ እያ፦

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

**ኣምላኽይ ሃልሃልታ ሓዊ ገይሩኒዩ፣ እንታይ ኣሎ ክገብርሮ ዘይክእል፧ ሕጂ ህይወተይ ንኣምላኽ ክብሪ ከተምጽእ ብዝያዳ ደሚቃ ትበርህ ኣላ፣ ብስም ጎይታ የሱስ፦ ኣሜን።**

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**መዝሙር ዳዊት 104:4**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ 2ይ ቆረንቶስ 10-13**


GoodNews DAILY



ትንቢት ሆሴእ 4:6
ህዝበይ ሰኣን ፍልጠት ይጠፍእ። ፍልጠት ሰለ ዝኣቤኻ፣ ኣነ ድማ ካህን ከይትኾነኒ ኽኣብየካ እየ። ሕጊ ኣምላኽካ ስለ ዝረሳዕካ፣ ኣነ ኸኣ ንደቅኻ ኽርስዖም እየ።

ሎሚ ነዚ መልእኽቲ ዘንብቡ ዘለዉ ክርስትያናት ኣለዉ፡ ከም ደቂ ኣምላኽ መጠን ብሰይጣን ክጭቆኑ ከምዘይብሎም ክኣምኑ ጸገም ዘይብሎም፡ ግና ቀጻሊ ሰይጣናዊ መጥቃዕትን ምትላልን የጋጥሞም። ክሓሙ ከምዘይብሎም ይኣምኑ፡ ግን ጽቡቕ ጥዕና ዳርጋ የብሎምን። ሰላምን ሓጎስን ውርሻኦም ምዃኑ ይፈልጡ እዮም፡ ኣብ ገዛኦም ግን፡ ሰላማዊ ድቃስ ወይ ብሓጎስ ክነብሩ ኣይከኣሉን። እዚኣቶም ከበድቲ ጌጋታት እዮም፣ ኣሕዋትን ኣሓትን ብኽልተ ቀለልቲ መንገዲ ጌርና ከነዐርዮም ንኽእል እና።

መጀመርታ ብዛዕባ እቲ ቃል ቅኑዕ ርድኢት ይሃልኻ። ንምስማዕ ጥራይ ኣይትሰምዓዮ ወይ ንምባብ ጥራይ ኢልካ ኣይተንብቦ፤ ክትርድኦ ጽዓር፦ ካልኣይ ቃላትካ ምስ ቃል ኣምላኽ ዘይሰማማዕ እንተ ኾይኑ፣ እታ ደጋዊ መግለጺ ቃላትካ ዝኾነት ህይወትካ፡ ኣብ መንፈስካ እንታይ ከምዘሎ ብልክዕ ኣብ ሓጺር ግዜ ከተርኢ እያ። ነቲ ቃል እንዳ ተዛረብካ ስጋዊ ናብራ ኽትነብርን ኣይትኽእልን ኢኻ። ገሊኦም ነዞም ቀለልቲ ነገራት ስለዘይፈልጡ እዮም ዝቃለሱ ዘለዉ። ነቲ ቃል ተረዲእካን በቲ ቃል ንበር። ኣንጻር ጸሎትካ ናይ ምግባር ልምዲ ኣይሃልኻ። ሎሚ ፍልጠት ቃል ረኺብ እሞ ልክዕ ከምቲ እቲ ቃል ዝብሎ ንበር፦

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ብዝኾነ ይኹን ንእምነተይ ከበላሸው ተባሂሉ ዝግበር ናይ ሰይጣን ሜላታት በቲ ኣብ ውሽጠይ ዘሎ ቃል ፣ብስም የሱስ ይጥፋእ፣ ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
መጽሓፍ እያሱ 1:8

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ናይ ሰብ ሮሜ 1-3



**ወንጌል ማርቆስ 8:36-37**
**ንሰብ፤ ብዘላ ዓለም ረቢሑ፡ ነፍሱ እንተ ኣጥፍኤ፡ እንታይ ይጠቅሞ፧ ሰብከ በጃ ነፍሱ እንታይ ምሃበ፧**

ኣብ ናይ ሎሚ ጥቕሲ ዘሎ ቃል ጎይታና ኢየሱስ ኣዝዩ ሓያል እዩ። እዛ ዓለም እዚኣ ብርግጽ ክትጠፍእን ብኻልእ ክችካእን ምዃና ምርዳእ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እሞ ደኣ ከመይ ኢሉ እዩ ሓደ ሰብ ነፍሱ ስኢኑስ ብግዝያዊ ነገር ክዓግብ ዝኽእል፧ ዘለኣለማዊት ህይወት ምስቲ ኩቡር ኣቦና ምንባር፡ ዘይሓልፍን ሂወትካውን እንትኾነ ከተወፍየሉ ዝበቅዕን ሂወት ኢዩ።

ከመይ ኢሉ እዩ ኣብዚ ናይ መወዳእታ ዘመን፡ ምግላጽ ቃል ኣምላኽ ዝበዝሓሉ ግዜ ክነሱስ ፡ ክርስትያናት ግን ምስ ኣምላኽ ዘለዎም ርክብ ብምሕዳግ ምስ ሓጢኣት ዘለዎም ዝምድና የብዝሑ ዘለዉ፧ ነቲ ናይ ሎሚ ጥቕሲ ተጠንቀቑሉ። ፍርቓ ፍርቓ ኣይትኹን፡ ሎምዓልቲ ወስን፦ ከምዚ ሓደ እግርኻ ኣብ ቤተ ክርስቲያን እቲ ካልኣይ ድማ ኣብ ዓለም ከይትኹን፣ኣብ ክልተ ቦታ ኣብ ሓደ ግዜ ክትከውን ኣይትኽእልን ኢኻ።

ብዘይ ዋጋ ዕዳጋ ህይወትካ ንጐይታ ጥራይ ንበር። ሃቀናኻ ኩሉ ብዛዕባ ወንጌል ክርስቶስን ኣብ መላእ ዓለም ምዝርጋሕን ይኹን። ነፍስኻ ኣብ ተጠንቀቕ ኢያ ዘላ።፡ ኣተኩሮኻ ዝሰርቑ ድማ ብዙሓት እዮም። ገሊኦም ኣዝዮም ብብልሓት ዝተማህዙ እዮም፥ ከም ትጠፍእ ዘለኻ ኣይክመስለካን እዩ። ተጠንቀቕ፦ ኣብዛ ዓለም ዋጋ ዘለዎ ነገር የለን ፡ ንኣምላኽ ንበይኑ ጥራይ ንበሩ፦

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ካብ ሎሚ ኣትሒዘ፡ ህይወተይ ንኣምላኽ እውፍይ ኣለኹ። ብስም ጎይታ የሱስ ህይወተይ ምሉእ ብምሉእ ንዕኡ የግዝኣ ኣለኹ ፦ ኣሜን።

### ተወሳኺ መጽናዕቲ
ወንጌል ማቴዎስ 10:39

### ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ናይ ሰብ ሮሜ 4-7



**መጽሓፍ ምሳሌ 3:5-6**
**ብምሉእ ልብኻ ብእግዚኣብሄር ተኣመን፡ ኣብ ልቦናኻ ኣይትጸጋዕ። ኣብ ኩሉ መገድኻ ንእኡ ሕሰብ፡ ንሱ ኸኣ ኣኻይዳኻ ኬቕንዕ እዩ።**

ልዕሊ ኣቦና ኣምላኽ ወላ ሓደ እኮ እንተኾነ ብዛዕባ ዓወትና ዝሓስብ የልቦን። እቲ ዘገርም ነገር ከኣ፡ ኣምላኽ ነቲ ናይ ሕልሞምን፣ ሞያኦምን ህይወቶምን ከምኡውን ካብ ኻልእ ሃረርትኦምን ከየታርፎም ዝፈርሁ ክርስትያናት ኣለዉ ። እግዚኣብሄር ሂወትካ ክርብሽ መደብ የብሉን። ግናኸ እግዚኣብሔር ደራሲ ህይወትካ እንተዘይኮይኑ ብፍጹም ጽቡቕ መደብ ክህልወካ ኣይክእልንዩ።

ካብቲ ንስኻ ንርእስኻ እተፍቅራ ንላዕሊ ኣምላኽ ከም ዘፍቅረካ ኣይትረስዕ። ንዓለም ብምልእታን ንዓኻ ውን ከም ዝፈጠረ ከይረሳዕካ ጥበበኛ ኣምላኽ ምኧኑ ዘክር፦ማይክሮስኮፕ ክርእዮ ዘይክእል ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ይርእይ እዩ። ብዛዕባኻ ኩሉ ይፈልጥ ጥራይ ዘይኮነስ ንዓኻ ዝኸውን ቅኑዕ መምርሒ ኣንፈት ኣለዎ። ብእኡ ክትምራሕ ድሉው ምኧንካ ጥራይ ንገሮ። ብህይወትካ እመኖ። ኣብ ማእከል ፍቓዱ ተመላለስ፡ ፈጺምካ ድማ ኣይክትከስርን ኢኻ። ብምሉእ ልብኻን ኣእምሮኻን ኣብ ጎይታ ተኣማሚንካ ኣብቲ ፍጹም ዝኾነ ብዛዕባኻ ሓሳቡ ዕረፍ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

**ካብ ሎሚ ዝገብሮ ኹሉ ስጉምቲ ናይ መንፈስ ቅዱስ ምንቅስቓስ ክኸውን ኢዩ። ካብ ሕጂ ኣትሒዘ ህይወተይ ብስም የሱስ ተፈጺማ እያ፦ ኣሜን ።**

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**1ይ ጴጥሮስ 2:6**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ናይ ሰብ ሮሜ 8-10**

# ግሩም ዝኾነ ሕብረት



**1ይ ቀረንቶስ 6:17**
**እቲ ምስ ጐይታ ዚለግብ ግና ምስኡ ሓደ መንፈስ እዩ።**

ሰባት "ኣምላኽ ምሳኻትኩም ኣሎ" ወይ "ኣምላኽ ኣብ መንጎኹም ኣሎ" ክብሉ ምስማዕ ልሙድ እዩ። እዚ ሓቂ እኳ እንተኾነ ካብኡ ዝበለጸ ኣሎ፣ ንሱ ድማ ኣምላኽ ኣብ ውሽጥኻ እዩ ዝነብር፦ ኣብዚኤን ኣበሃህላታት ፍልልይ ኣሎ፡ ኣስተውዕሉ። ኣምላኽና ኣብ መንጎ ህዝቡ ወይ ምስኦም ጥራይ ኮይኑ ክነብር ከምዘይደሊ ወሲኑ፤ ኣብ ውሽጥና ክኸውን ተመነየ። ልክዕ ከምኡ እዩ ኮይኑ በቲ ክቡር ናይ ድሕነት ስራሕ። እቲ ጥርዚ ፍቕሪ ኣምላኽ ንዓና ህዝቡ ዝገበረልና እዚ ኢዩ፦ እዚ ክውንነት እዚ ተረድእዎ፥ እዚ ዓቢ ክቡር ኣምላኽ ፡ ብኹሉ ምልኣትን ሓይልን ኣብ ውሽጥና ይነብር፦

ሰብነትካ ቤቱ እዩ። ኣብ ዝኸድካዮ ዘበለ ይኸይድ ። ስራሕካ እውን ናቱ እዩ፦ክቐርበካ ኢልካ ክትዝምር ወይ ክትጽሊ ፈጺምካ ኣየድልየካን ኢዩ፤ ንሱ ድሮ ኣብውሽጥኻ እዩ ዘሎ፦ነዚ ሓቂ እዚ ምስ ተረድኣካ፡ ኣተሓሳስባኻን ኣነባብራኻን ክቕይሮ እዩ፤ ብዛዕባ ህይወት ምሉእ ብምሉእ እተፈልየ ኣረኣእያ ኺህልወካ እዩ። ንነብስኻስ ከምዚ እልካ ንገራ፡ ኣነን ኣምላኽን ሓደ ኢና። ምስኡ ተጸንቢረ እየ፤ ህይወተይ ምስኡ ኣብ ክቡር ዝኾነ ሕብረት ትነብር ኣላ፦ ክብሪ ንኣምላኽ ይኹን፦

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ልበይ መንበረ እግዚኣቢሄርይ እዩ። ብስም የሱስ፡ ኣባይ ምሉእ ለውጢ ዘስዕብ ሃብታም ሕብረት ከስተማቕር እየ፣ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ወንጌል ዮሃንስ 14:11**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ናይ ሰብ ሮሜ 11-13**



እብራውያን 13:5
ንሱ ባዕሉ፡ ኣይክሐድገካን ዕሽሽውን ከቶ ኣይብለካን እየ፡ ኢሉ እዩ እሞ፡ ንብረትኩም ብዘይ ፍቕሪ ገንዘብ ይኹን፡ በቲ ዘሎኩም ዕገቡ።

ዝተነጸለ ወይ ጽምዋ ዝመልኦ ህይወት ዝነብሩ ሰባት ምስቶም ካብ ማሕበራዊ ርክብ ዘይተነጸሉ ከተዋዳድሮም ከለኻ፣ እቶም ተነጺሎም ዝነብሩ 32% ናይ ሞት ሓደጋ ከምዘጋጥሞም ዘርኢ መጽናዕቲ ኣንቢበ። እዚ ኣብ ስምዒታትን ባህርያትን ደቂ ሰባት ዝተመርኮሰ ናይ ሰብ መጽናዕቲ እዩ። ዳግማይ ዝተወልዱ ክርስትያናት ዝነብሩሉ መገዲ ግን ኣዝዩ ዝለዓለ እዩ። ከም ውሉድ ኣምላኽ መጠን መንፈስ ቅዱስ ኣባኻ ኣሎ፤ ስለዚ በይንኻ ኣይኮንካን። ኩሉ ግዜ ኣብ ውሽጥኻ እዩ ዘሎ። ምሳኻ ምሕባሩእኮ ንእምነትካ ምድልዳልን ከምኡውን ፍቓድ ኣምላኽ ንኽትገብርን፡ ጸውዒትካ ንኽትፍጽምን፡ ኣባኻ ትብዓት ምልዕዓል እዩ።

ብዛዕባ ህላውነቱ ንቑሕ ኩን። መንፈስ ቅዱስ ጽልዋ ወይ መንፈስ ጥራይ ኣይኰነን፣ ንሱ ኣበኻን መራሒኻን ሓላዊኻን ሓጋዚኻን እዩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ገለ ብድሆታት የጋጥሙኻ ይህሉ፤ ኣይትጨነቕ፤ በይንኻ ኣይኮንካን ዘለኻ። ኣቓልበኻን ፍቕርኻን ኣብ መንፈስ ቅዱስ ኣቕምጥ፤ ፈጺሙ ኣየሕፍረካን እዩ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

በይነይ ፈጺመ ኣይኮንኩን። መንፈስ ኣምላኽ ኣባይ ይነብር፡ ምስኡ ድማ ምስቶም ብዙሓ እየ፣ ሃሌሉያ፡- ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ወንጌል ዮሃንስ 14:26

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ናይ ሰብ ሮሜ 14-16



ራእይ ዮሃንስ 12:11
ሳላ ደም እቲ ገንሸልን ሳላ እቲ ቓል ምስክሮምን ድማ ሰዐርዎ፡ ንህይወቶምውን ክሳዕ ሞት ኣየፍቀርዋን።

ክልተ ዓይነት ምስክርነት ኣሎ። ቀዳማይ ነቲ ቓል ምምስካር ኢዩ። ብሓጺሩ ንቃል ኣምላኽ ከምቲ ምስ ኩነታትካ ዝሰማማዕ ጌርካ እትእውጆ ኢዩ። ከምቲ ቓል ዚብሎ ጌርካ ኢኻ እትዛረብ። ካልኣይ ድማ ብዛዕባ ጸጋኡን ፍቕሩን ዚገልጽ ምስክርነት ኣሎ። ሎማልቲ ኣብዚኣ ኢና እነተኩር ።

ምናላባት እዚ ኣይትፈልጥዎን ትኾኑ እምበር፥ ኣጋንንቲ ብሓቂ እንታይ ከም እትሓስብ ወይ እንታይ ከም እትፈልጥ ኪነግሩ ኣይክእሉን እዮም፣ ምስክርነትካ ምስ ሰምዑ ግና መንነትካ ኸም እትፈልጥ ይርእዩ፡ መልእኽቲ ድማ ናብቶም ጨፍራኦም የማሓላልፉ።ካብዚ ሰብ ራሓቑ ዝብል። ስለዚ፡ ኩሉ ግዜ ብዛዕባ ሓይሊ ኣምላኽን ቃሉን ኣብ ህይወትካ ምምስካር ልምዲ ግበሮ። ዝኾነ ነገር ጐይታ ዝገበረልካ፡ ንእሽቶ ነገር እዩ እሞ ክዛረበሉ ኣይክእልንየ ኢልካ ኣይትሕሰብ፡ ኣብ ምስክርነትካ ሓይሊ ኣሎካ። እዛ ናይ ጸባን መዓርን ዓመት ክትዛዘም ከለና ኸኣ፡ ብስም የሱስ ዝያዳ ኽትምስክር ኢኻ፦

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ብቃል ምስክርነተይ፡ ነቲ ተጻባእን ንኹሉ መከራን ስዒረዮ ኢየ። ብስም የሱስ ናይ ጎይታ ሓይልን ክብርን ኣብ ሕይወተይ ክግለጽ እዩ፦ ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ወንጌል ማርቆስ 5:20

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ግብሪ ሃዋርያት 20-23



**ኤፌሶን 4:22-23**
ነቲ ቐደም እተመላለስኩምሉ፡ ብትምኒት ስሕተት ዚጠፍእ ኣረጊት ሰብ ቀንጢጥኩም፡ በቲ ናይ ኣእምሮኹም መንፈስ ክትሕደሱ እሞ፡

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ናይ ኣረጊት ሰብኣይ ክዛረብ ከሎ፡ ብዛዕባ ናይ ቀደም ባህርያት፡ ናይ ቀደም ኣካይዳ ወይ ኣገባብ ህይወት እዩ ዝዛረብ ዘሎ። ሕጂ ከም ዳግማይ ዝተወልደ ውሉድ ኣምላኽ ኮይንካ፡ ህይወት ተስተማቕር ስለ ዘለኻ፡ ናይ ቀደም ነገራት ግደፎ። እቲ ትኸዶ ዝነበርካ ቦታታት፡ ድሕሪ ሕጂ ክትከዶ ኣይትኽእልን ኢኻ። እቲ ትብሎ ዝነበርካ ነገራት ወይ ትፈልጦም ሰባት፡ ድሕሪ ሕጂ ከተዘናግዖም ኣይትኽእልን ኢኻ። እዞም ናይ ቀደም ኣካይዳታት ብልሹዋት ስለዝኾኑ፣ ብመሰረት ቃል ንሎሚ ምሕዳስ ኣእምሮኻ እቲ እንኮን ዝበለጸን ንቅድሚት ዝመርሓካ ሓይሊ ኢዩ።

እቲ ናይ ምሕዳስ መስርሕ ክፍጸም መታን ብዝበለጸ ኣተሓሳስባ ብምሓብ ክንጅምሮ ክንጽዕር ኣለና። ኣእምሮኻ ኣብቲ ንጹህ፡ ፍትሓዊ፡ ቅኑዕ፡ ፍቑር፡ ጽቡቕ ባህርን ፣ጽቡቕ ጸብጻብ ዘለዎን ነገራት ኣተኩሮ (ፊሊጲ 4:8 )። በቲ ናይ ቀደም ኣነባብራኻ ኽትቅጽል ግዜ የብልካን፣ ሕጂ እተፈለኻ ኢኻ። እቲ ቅድሚ ነዊሕ እዋን ሞይቱ ኢዩ፤ ድሕሪ ሕጂ ብዛዕባ እቲ ናይ ቀደም ንስኻ ናይ ክሲ ስምዒት ኣይሰምዓካ። ከምዚ ኽትገብሩ ኸለኹም ጽባቐ እቲ ኣብ ውሽጥኹም ዘሎ መንፈስ እናወሰኸ ብዝኸደ መጠን ኣብ ወጻኢ ክግለጽ ኢዩ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ብመንፈስ ኣምላኽ ዝተሓደስኩን ከም ብሓድሽ እተወለድኩን ፣ብመልክዕን ምስልን ኣምላኽ ዝተቐርጽኩን ኢየ። ካብ ሎሚ ጀሚረ ብሉጻት ሓሳባትን፡ ዓወትን፡ ብልጽግናን እየ ዝሓስብ፡ ብስም የሱስ፦ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ናይ ሰብ ሮሜ 12:2**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ግብሪ ሃዋርያት 24-26**



**1ይ ጢሞቴዎስ 2:1-4**
**እምብኣርከ ስለ ኹሉ ሰብ፡ ብኹሉ ኣምልኾን ምርዛንን ሃዲእና ብዘይ ህውከት ምእንቲ ኽንነብርሲ፡ ስለ ነገስታትን ስለ ኹሎም ምኳንንትን ልማኖን ጸሎትን ምህልላን ምስጋናን ኪግበር፡ ቅድሚ ኹሉ ምእዕድ ኣሎኹ። እዚ ኣብ ቅድሚ እቲ ኹሉ ሰብ ኪድሕን ናብ ፍልጠት ሓቂዉን ኪመጽእ ዚፈቱ እግዚኣብሄር መድሓኒና ጽቡቕን ቅቡልን እዩ።**

**ናይ ሎሚ ጥቕሲ ብዓሚቕ መምርሒታት ጸሎት ዝተጻዕነ ስለ ዝኾነ፡ጽን እልኩም ስምዑኒ። ናብ ጸሎት ክንኣቱ ኸለና ፈለማ እንታይ ክንገብር ከም ዘሎና እነግረና ኣሎ። እዚ መምርሒ እዚ ምእንቲ ዅሎም ሰባት ክትጽሊ እዩ ዚምህረካ። ስለዚ ቅድም ምእንታኻ ክትጸሊ ኣይትተሃወኽ፣ ንኻልኦት ለምነሎም። እቲ ዝቕጽል ጸሎት ነቶም ኣብ ስልጣን ዘለዉ፣ ነገስታት፣ ገዛእቲ ኣህዛብ ወዘተ፤ ኣስተውዕል፡ ንዝመረጽካዮ ፖለቲካዊ ውድብ ወይ መራሒ ጸልዩ ዘይኮነስ፡ ንኹሎም ጸሊ ኢዩ ይብል።**

**ቅዱሳን፣ እዚ ጸሎት እዚ ጥቕሚ ኣለዎ። ከምዚ ኽንገብር ከለና ፍርሃት ኣምላኽን ክብርን ዘለዎ ሰላምን ህድኣትን ዝመልኦ ናብራ ንነብር ከም ዘለና ይገልጽ። በዚ ኸምዚ ምጽላይ እውን ንኣምላኽ የሐጉሶ እዩ። ብዛዕባኻ ተገዳሲ እንድዩ ግን፣ ንኻልኦት ቀዳምነት ሂብካ ክትልምነሎምን ከለኻ ድማ የሐጉሶ። ድሕነት ንኹሉ ሰብ እዩ፡ ሕጂ ንሓደ ሰብ ጸልይ።**

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

**ካብ ሎሚ ጀሚረ ብዝያዳ ምእንቲ ኻልኦት ክጽሊ እየ። ንኹሎም ነገስታትን ንኹሎም ስልጣን ዘለዎም ብስም የሱስ በረኸትን ጥበብን ሰላምን እዛረብ፡- ኣሜን።**

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ትንቢት ኤርምያስ 29:7**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ግብሪ ሃዋርያት 27-28**



**ትንቢት ኢሳይያስ 41:15**
**እንሆ፡ በሊሕ ዘስናኑ ሓድሽ ሰረገላ መኼዳ ኽገብረካ እየ፡ ነኸራን ክሳዕ ዚድቁሱ ኽተኺዶም፡ ንኹረቢት ከኣ ከም ብቑቡቑ ክትገብሮም ኢኻ።**

ብዙሓት ክርስትያናት ኣብ መልሓሶም ክሳዕ ክንደይ ሓይሊ ኸም ዘለዎም ኣይተረድኦምን። ስለዚ ብዘይፍላጥ ስለ ዝኸዱ ኣብ ህይወቶም ድማ ዋላ ሓንቲ ነገር ቅኑዕ ኣይርአን ኢዩ። ኣብ መጽሓፍ እያሱ 1:3 እግዚኣብሔር “ እግርኻ እትረግጾ ዘበለ ኹሉ ኣነ ሂበካ እየ” ኢሉ። ኣሕዋት እዚ ኣዝዩ ጽቡቕ እኳ እንተመሰለ ናይ ብሉይ ኪዳን እዩ። ሕጂ ዝበለጸ መንገዲ ኣሎና ፡ ዓወትና ኣብ መልሓስና እያዘላ፦ ሕጂ ዝበልካዮ ቓል ኣብ ሂወትካ ብግሁድ ክግለጽ እዩ፦

ብኣፍካ፡ ማለት ብቓላትካ ጥራይሲ ክንዲምንታይ ሓይሊ ከምእተመንጩ ተረዳእ፦ ብኣፍካ ቓላት ከተውጽእ ከለኻ፡ ሓደገኛ ብሬት ኢኻ እትጥቀም ዘለኻ። እቲ ዝበለጸ ክፋል ድማ ተንቀሳቓሲ ምኳኑ እዩ፡ ብዘይ ብእኡ ናብ ዝኾነ ቦታ ክትከይድ ኣይትኽእልን ኢኻ፦ ኣፍ ብግሪኽኛ ቓል “ስቶማ” ይብሃል፣ ትርጉሙ ድማ “እቲ በሊሕ ነገር ከም ሴፍ ወይ ብረት” ማለት እዩ። ናይ ሎሚ ጥቕሲኸኣ፡ ስኒ ዘለዎ በሊሕ መሕረዲ ኢዩ ዝብል ዘሎ፦ ስለዚ ድኽነት፡ ውድቀት፡ ሕፍረት፡ ሕማም ሽኮር፡ ኤችኣይቪ፡ ዝኾነ ይኹን ክትቆርጾ ትኽእል ኢኻ። ሎሚስ፡ ናይ ገዝእ ርእስኻ ዓለም ከም እቲደልያን ትፈትዋን ጌርካ ብኣፍካ ፍጠራ፦

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ሎሚ፡ ብኣፈይ ዝበልኩዎ ዘበለ ኩሉ ወኒነዮ ኣለኹ። ኣፈይ ኣጽዋረይ እዩ፣ ሕጂ ድማ ብዝያዳ ክጥቀመላ እየ፣ ብስም የሱስ፦ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ትንቢት ዘካርያስ 4:7**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ቀሎሴ፣ ፊልሞን**



እብራውያን 13:15
እምብኣርስ ብእኡ ንኣምላኽ ኲሉ ሳዕ መስዋእቲ ምስጋና፡ ማለት ንስሙ ዚእመና ፍረ ኸናፍር፡ ነቕርብ።

ሓደ ሰብ ክንደይ ግዜ ንኣምላኽ ከመስግኖ ኣለዎ፧ ሓንቲ መዓልቲ ኣብ ሰሙን ፣ማለት ሰንበት ጥራይ ድዩ ወይስ እቲ ስምዒት ክመጸካኸሎ፧ መጽሓፍ ቅዱስ ብንጹር መልሲ ሂብና ኣሎ፣፡ ብቐጻሊ ንኣምላኽ ኣመስግኑ ይብል። ከም መስዋእቲ ምስጋና፥ እዚ ማለት ድማ ኣብ ጽቡቕን ክፉእን ግዜ ንዕኡ ውዳሰ ንህቦ ማለት ኢዩ፦ እዚ ብቐጻሊ ዚቕርብ መስዋእቲ ምስጋና ኢ።ማዓልታዊ ኣመስግንዎ።

ውዳሰ ኺበሃል ከሎ ምስጋና፥ ማለት ግርማኡን ዕቤቱን ምንጋር፣ ንኣምላኽ ብምምስጋን ልዕል ምባልን፡ እቲ ሕያውነቱ እንዳዘከርና ኸኣ ክብሪ ምሃብን ማለት እዩ። ኣብዚ ናይ በዓል ግዜ ኸኣ፡ ህያብ ኣምላኽ እንዳዘከርና፡ ማለት መስዋእቲ ናይቲ ሓደ ወዱ፡ ክቡር ጎይታና የሱስ ክርስቶስ፡ ዝያዳ ናይ ምስጋና ድሌት ይሃልወና። ሓድሽ መዝሙራት ናይ ምስጋና ዘምሩሉ፡ መዓልታዊ ድማ ወደስዎ። ኣብዚኣ ናይ ጸባን መዓርን ዓመት እዚኣ ንሱ ተኸናኺንኩም ኣሎ፡ ኣብዛ ትመጽእ ዓመት ድማ ልክዕ ከምኡ ክገብር እዩ። ስለዚ ኣመስግኖ፦

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ብኣፈይ መስዋእቲ ምስጋና ንኣምላኸይ የቕርብ። ሳልኡኸኣ ህይወተይ ጸቢቓ ኣላ። እግዚኣቢሄር ኣቦይ፡ ኣብ ህይወተይ ዘሎካ መንነት የመስግነካለኹ፦ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ትንቢት ሆሴእ 14:2

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ኤፌሶን



**1ይ ዮሃንስ 4:17**
**ከምቲ ንሱ ዘለዎ፡ ከምእውን ንሕና ኣብዛ ዓለም እዚኣ ኢና ዘሎና እሞ፡ ብመዓልቲ ፍርድስ ትብዓት ምእንቲ ኺህልወና፡ በዚ እታ ፍቕሪ ኣባና ተፈጸመት።**

ድሕሪ ትንሳኤ ናይ ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ደቂ መዛሙርቱ ኣብ ሓደ ክፍሊ ተኣኪቦም ከለዉ፣ የሱስ ብመንደቕ ኣትዩስ ኣብ ማእከሎም ደው ኢሉ። ኣብ መጀመርታ መንፈስ መሲልዎም ኔሩ፡ ንሱ ግን መንፈስ ከምዘይኰነ፡ ስጋን ዓጽምን ከም ዘለዎ ከርእዮም ስለ ዝደለየ ክትንክፍዎ ዓደሞም።

እዛ ኣብ ላዕሊ ዘላ ጥቕሲ፡ ንሕና እውን ኣብዚኣ ዘለናያ ዓለም፡ ልክዕ ኸምኡ ከምምኳና እያ ትገልጽ። ተሰሚዕካ ኣይተሰመዓካን ብዘየገድስ፡ ነዛ ሓቂ እዚኣ ግን ኣየንክያን እዩ። ዋላ ብደጋዊ፡ ንህዝቢ ዓለም ንጹር እኳ እንተ ዘይኰነ፡ እታ ሓቂ ግን ዘይትቕየር ሓቒ እያ። ንሕና፡ ኩሉነትና ኣምላኽ ዝብሎ ኢና፡ ከም ደቂ ኣምላኽ ከኣ ኣብዚኣ ዓለም ንነብር። ባህርያቱውን ምስና እዩ ዘሎ። ብመንደቕ ምሕላፍ ክእለት ኣለካ፤ ቃል ብቓሉውን ንኣኽራን ናብ ባሕሪ ክጥሕሉ ክትነግሮም ትኽእል ኢኻ፣ ካብ ምእዛዝ ሓሊፎም ድማ ካልእ ኣማራጺ የብሎምን። እዛ ጥቕሲ እዚኣ፡ ሓይሊ ኣብዛ ሕጂ ትመጽእ ዘላ ዓለም ዘይኰነስ ኣብዚ ዘለናዮ ግዜ ኢዩ፦

ኣባኻ ዘሎ ባህርያቱ ተቐቢልካ፡ ኣብዛ ዓለም እዚኣ፡ ዝተዋህበካ ሓይሊ ተጠቐመሉ፦

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ከምቲ ሓያል ኣቦይ፡ ልክዕ ሓይሊውን ኣለኒ፦ ነዛ ዓለም እዚኣ ብክርስቶስ ስም፡ ስዒረያ እየ። ኣብ ሂወተይ፡ ዝዓግተኒ ብድሆ የብለይን ብስም የሱስ ክርስቶስ፦

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**መዝሙር ዳዊት 82:6**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ፊልጲ**



**ፊልጺ 2:12**
**ደጊም፡ ኣቱም ፍቁራተይ፡ እቲ ምእንቲ ጽቡቕ ፍቓዱ ኢሉ፡ ኣባኻትኩም ድሌትን ግብርን ዚገብርሲ ኣምላኽ እዩ እሞ፡ ከየሎኹ ግን እቲ ዚበዝሕ እምበር፡ ከሎኹ ጥራይ ዘይኰነ፡ ከምቲ ዅሉ ሳዕ እተኣዘዝኩም፡ ብፍርሃትን ራዕድን ንምድሓንኩም ፈጽሙ።**

ቃል ኣምላኽ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተጻሒፉ ብምህላዉ ጥራይ ዘምጽኦ ወላሓደ ፍረ የሎን።እቲ ቃል ካብቲ መጽሓፍ ዘሊሉ ምስ ተሰእልካ እሞ ምስ እተስተንትኖን እትዛረቦን፣ ፍሪኡ ክትሪ እኻ። ምስ ተዛረብካዮ ጥራይ እዩ ህዌታዊ ዚዀውን። ቃል ኣምላኽ ገባሪ ደኣ ዀኑ፣ ኣንበብቲ ቃሉ ጥራይ ኣይትኹኑ።

እግዚኣብሄር ድሮ፡ ጸባን መዓርን ዝመልአ ህይወት፡ ከዳልወልካን ከተስተማቕሮን ክገብሮ ዝግበኦ ኩሉ ገይሩ እዩ። ንስኻ ግን ነቲ ቃል ኣብ ህይወትካ ከተውዕሎ ሓላፍነት ኣሎካ። ኩሉ እቲ ኣብ ህይወትካ ዝግለጽ ድንቂ በረኸት ኣምላኽ ከተረጋግጽ ዘለካ ንስኻ ኢኻ። እንድሕር ደኣ ኣብ ኣካላትካ ሓሚምካ ኣለኻ፡ ተሰቢርካ ወይ ተሳቒኻ ኣለኻ፡ ክትሓዊውን እንተደሊኻ፡ እምነትካ ኣብ ስራሕ ኣእቱ። ንነብስኻ ኮፍ እልካ ክትድንግጸላ ኣይትጀምር። ተሲእካ፡ ነቲ ኩነታት ከም ዝተወደአ ምእዋጅ ጀምር፡- ነቲ ቃል ኣምላኽ ስራሓዮ፣ ዓው ኢልካውን ጨድር፡ ምኽንያቱ እቲ ቃል ህይወት እዩ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

**ሎሚ ቓል ኣምላኽ ክዛረብ ኸለኹ ናይ ምሕዋይ ብልጽግና ዓወት ከምኡውን ናይ ስራሕ ዕቤት ክርእይ እየ ። ኵሉ እቲ ኣፈይ ዚእውጆ ብስም የሱስ እዩ! ኣሜን ።**

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ያእቆብ 1:22-25**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ 1ይቲ ጢሞቴዎስ**



GoodNews DAILY

# እቲ ዝበለጸ ህያብ



**መዝሙር ዳዊት 2:8**
ኣምላኽ እንታይ ከም ዝበለ ክነግረኩምየ። ንሱ ድማ “ወደይ ስለዝኾንካ፡ ሎሚውን ዕለተ ልደትካ ስለዝኾነ፡ እንታይ ኢኻ ደሊኻ፧ ስመዮ፥ ኣህዛብ ከም ህያብ፧ ኣህጉራት ከም ሽልማት፧ ኩሎም ክስዕስዑልካ ክትእዝዞም ትኽእል ኢኻ፡ ወይ ድማ ምስ ናይ ጽባሕ ጓሓፍ ክትድርብዮም ትኽእል ኢኻ።”

ሕጂ ኩላትና ንፈልጥ ኢና፡ ብዘይካ እቲ ቀንዲ ምኽንያት ልደት፣ማለት ልደት ክቡር ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝኽበር ፣እዚ ግዜ ምስ እትፈትዎም ሰባት ህያባት እትለዋወጠሉ ግዜ ውን ኢዩ። ሕጂ ንሓንቲ ደቒቕ ሕሰብ፡ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ፡ ንዓመትካ እንታይ ትደሊ እንተዝሓተካስ እንታይ ምበልካ፧ መልስታትካ ክግምቶ ይኽእል እየ፡-

ንህያብ ዝበለጸ ክኸውን ዝገብሮ ግንሲ እንታይ እዩ፧ ናይ ሎሚ ጥቕሲ ደጊምኩም ርኣይዎ። እግዚኣብሄር ሕቶ እዩ ዝሓተካ ዘሎ። እዚ ፈጣሪ ምድሪን ሰማይን እምበር፡ እቲ ዝሃብተመ ሰብ ካብ ዓለም ኣይኮነን። ከም ደቂ ሰባት ውን ብኣእምሮና ሃብቱ ክንርድኦን ክንግምቶን ኣይንኽእልን ኢና፡ ኣብ ፍቕዲ 8 “እንታይ ትደልዩ፧” ኢሉ ይሓትት ኣሎ፣ ብዝበለጸ መልሲ ድማ መሊሱ ኣሎ፡ “ኣህዛብ ከም ህያብዶ ወይስ ኣህጉራት ከም ሽልማት፧”

እቲ ሞንጎ እቲ ኣምላኽ ዚሓስቦን፡ እቶም መብዛሕትኦም ሰባት ዚሓስቡሉን ፍልልይ ትርኢዎዶ ኣለኹም፧ ብዙሓት ዕድል እንተዝወሃቦም፡ ናይ ዓለማዊ ነገራት፡ ኣዝዩ ውሑድ፡ ወይ ረብሓ ዘይብሉ ስጋዊ ነገራት ምጸውዑ ነይሮም። ኣብዚ ናይ በዓል እዋን፡ ወንጌላውያን ክትኮኑ ድለዩ። ንሓደ ሰብ እቲ ዝበለጸ ህያብ ሃቡ፡ ማለት ድሕነት ብስም የሱስ ክርስቶስ ዝተወሃብና፡-

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብዚ ናይ ልደት በዓል እዚ ዝምነዮ ዝበለጸ ህያብ፡ ኣብ ኣህዛብን ሃገራትን፡ ብስራት ንምዝርጋሕ እዩ። ቅድሚ ሕጂ ተራእዩ ዘይፈልጥ ምርኢት፡ ሰባት ንየሱስ ክርስቶስ ክረብሕ እየ፡ ብስም የሱስ፡- ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ትንቢት ኤርምያስ 29:7

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ቲቶስ



**መዝሙር ዳዊት 119:105**
**ቃልካ ንእግረይ መብራህቲ፣ ንመንገደይ ብርሃን እዩ።**

ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ካብ መጽሓፍ መዝሙር ዳዊት፡ ሓንቲ ካብተን ዝበለጸት ጥቕስታት እያ። እንተሓሰብካዮስ፡ ከመይ ጌርካ ኢኻ ከምዚ ዝመሰለ ጥቕስታት ተዓጢቕካ ክትጠፍእ ወይስ ኣንፈት ዘይብልካ ክትከውን ትኽእል፧ ብቃል ኣምላኽ፡ ነፍሲ ወከፍ ትወስዶ ስጉምቲ ጽቡቕ ብርሃን ዘለዎ ስለዝኾነ ፡ ናበይ ከም እትኸይድ ዘለካ ክትደናገር ኣይትኽእልን ኢኻ።

ጎይታ የሱስ ኣብ ዮሃንስ 8:12 "...ኣነ ብርሃን ዓለም እየ፡ እቲ ዝስዓበኒ ብርሃን ህይወት ኪረክብ እምበር፡ ብጸልማት ኣይክመላለስን እዩ።" ርኢኻ ቃል ኣምላኽ መራሒ ህይወት እዩ፤ ንመገድኻ የብርህ። ኣብ ዝኾነ ነገር ኣቲኻ ውን ኣይትጠፍን ኢኻ። ንቃል ኣምላኽ ኣዋፍሮ፡ ብኡ ጌሩ ኸኣ፡ ኣንፈት ዘምጽእ ብርሃን ከቕርበልካ እዩ። ቃሉ እንተተኸቲልካ መገድኻ ፈጺምካ ኣይሳዓርን ኢዩ፤ ኣብ ኩሉ እትገብሮ ውን ክትብልጽግ ኢኻ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

**ኣነ ኣንፈት ዘይብሉ ክርስትያን ኣይኮንኩን። ቃል እግዚኣብሔር፡ ኣባይ ስለዘሎ ኩሉ ዝገብሮ ስጉምቲ ምሉእ ብምሉእ ብርሃንን ንጹርን እዩ። ዓለመይ ስለ ዘብራሃካለይ ጎይታይ የመስግነካ ኣለኹ፡-**

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**መጽሓፍ እያሱ 1:8**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ 1ይ ጴጥሮስ**



**ወንጌል ማርቆስ 9:23**
**የሱስ ከኣ፡ እትኽእል እንተ ኾንካ፡ ትብል አሎኻ። ንዚኣምን ኩሉ ይክኣል እዩ፡ በሎ።**

ኣሕዋትን ኣሓትን፡ ክንደይ ዓቕሚ ከም ዘለኩም ክትርድእዎ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። መንፈስካ ንሂወትካ ዝበለጸ ክገብሮ ፍሉይን ሓያልን ዓቕሚ ኣለዎ። መንፈስካ ንቃል ኣምላኽ ክሕዞ ከሎ፡ እንታይ ክትገብር ከም እትኽእል ዝስሓት ኣይኮነን ፤ እንታይ ክትከውን ከም እትኽእል ክንገር ውን ኣይክእልን ኢዩ፤ እንታይ ክህልወካ ከም ዝኽእል ድማ ክግመት ኣይክእልን፣ዝዓግተካ የለን፦

እንታይ ድሩትነት ኣለካ ዘገድስ ኣይኮነን፣ ካብ ሕማቕ ስድራቤት መጺእካ ክትከውን ትኽእል ኢኻ፣ ጌጋ ምትእስሳር ኣለካ ወይ ኣብ ሕማቕ ከባቢ ከም ዝዓበኻ ክትብል ትኽእል ኢኻ፣ ወይ ዝበለጸ ትምህርቲ የብለይን ትብል ትኸውን ግን – ጸገምን የብሉን – ምኽንያቱ ብዙሕ መንገዲ ተኸፊትልካ ኣሎ። አዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ጽሑፍ፡ ኩሉ ነገራት ይከኣል እዩ ዝብል ዘሎ። ግን ቀንዲ ነገር ዘድሊ፡ አምነት እዩ። ሎሚ ህይወትካ ምሉእ ብምሉእ ናብ ዝበለጸ ክቕየር ከም ዝኽእል ትኣምን ዲኻ፧ እቶም ተኽእሎታት ኣለዉ ፡ እመኑ ጥራይ፦

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

**ሎሚ ህይወተይ ናብ ዝበለጸ ትቕየር ከም ዘላ ብምሉእ ልበይን ኣብ ኣምላኸይን ይኣምን እየ ። ከም ዝተፈጸመ ስለ ዝፈልጥ ከኣ ብሓጐስ መሊአ ኣለኹ፦ ኣሜን ።**

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ማቴዎስ 12:35**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ እብራዉያን 1-6**



ወንጌል ዮሃንስ 10:10
ሰራቒ፡ ብጀካ ኺሰርቕን ኪሐርድን ኬጥፍእን ኢሉ ኣይመጽእን እዩ። ኣነ ግን ህይወት ምስ ተረፋ ምእንቲ ኺረክባ እየ ዝመጻእኩ። ( መሊኡስ፡ ጃሕ ጃሕ ክሳብ ዝብል)።

ጎይታናን፡ መድሓኒናን፡ የሱስ ክርስቶስ፡ ስለምንታይ ናብዛ ዓለም መጺኡ ኢልካ ትሓስብ እንተኾንካ መልስኻ ኣብዚኣ መኽፈቲ ጥቕስና ኣሎ። እግዚኣብሄር ህይወት ብዝበለጸ ከተስተማቕሮ ኣዝዩ እዩ ዝምነ፣ ማለት ህይወት ምሉእ ብምሉእ ምንባር፣ ክሳብ ዝውሕዝ፦

ንገሌኹም ህይወት ክህልዎምን ከስተማቕሩን ኢሉ ከም ዝመጸ ምእማን ክኸብዶም ይኽእል እዩ፣ ብፍላይ ንነዊሕ እዋን ዝተፈለየ ተመኩሮ እንተሃልይዎም። ህይወት ክሳብ ምስ ቃንዛኦም ክነብሩ ከም ንቡር ዝረኣይዎ፣ ካልእ ዘይጽበዩሉ ደረጃ ወሪዳ ኣላ። ከምዚ ኢልካ ክትነብር ዘሕዝን ህይወት እዩ፣ ብፍላይ እቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ብቕጥታ ኣንጻር እዚ ስለዝኾነ።

ኣቦኻ፡ እግዚኣቢሄር፡ ጥዑይን፡ ሓያልን፡ ብሓጎስ ዝመልኦን ህይወትን፡ ዝውሕዝን ሃልዩካ ክርእየካ ባህጉ እዩ። ስለዚ ንህይወት ምሉእ ብምሉእ ከተስተማቕሮ ዝሃበካ መደቡ ተቀበሎ። ብስም የሱስ፡ ብጸጋ ሰላም ሰሓቕ ዝበዝሖ ህይወት ንበሩ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ካብዚኣ መዓልቲ እዚኣ ጀሚረ ህይወተይ፡ ከም ዉሕጅ ምፍሳስ ጥራይ ከም እትፈልጥ እእዝዝን እእውጅን ኣለኹ። እኹል ጥራይ ኣይክህልወኒን እዩ፤ ኩሉ ግዜ ብስም የሱስ ናይ ኩሉ ጽቡቕ ነገር ምልኣት ክህልወኒ እዩ፣ ከምኡ እዩ፦

ተወሳኺ መጽናዕቲ
1ይ ጢሞቴዎስ 6:17

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ እብራዉያን 7-10



ወንጌል ሉቃስ 1:74-75
ብቕድስናን ብጽድቅን ብዅሉ ዕለትና ኣብ ቅድሚኡ ኻብ ኢድ ጸላእትና ድሒንና ብዘይ ፍርሃት ከነምልኾ ኢና።

መብዛሕትኡ ግዜ፡ ገሊኦም ክርስትያናት ኣለዉ፡ ብዛዕባ ጽድቂ ይደናገሩ። ብሕጽር ዝበለ፡ ጽድቂ ህያብ ኢዩ፡ ብናጻ ስለ ዝተዋህበ ክትረኽቦ ትገብሮ ነገር የለን። ብክርስቶስ ጻድቕ ኢኻ፡ ብዘየገድስ ዝገበርካዮ ሕማቕ። ህይወትካ ንክርስቶስ ኣብ ዝሃብካላ ህሞት ጻድቕ ኲንካ ኢኻ። ድሕሪኡ ድሕነትካ ብኣምላኻዊ ኣኽብሮት ምስራሕ ኣሎ፤ ናይ ጻድቕ ሰብ ህይወት ክትነብር ኣለካ። ቅኑዕ ምንባር ድማ ይበሃል።

ገሊኦም ክርስትያናት ክብሪ ኣምላኽ ኣብ ሕይወቶም ክገልጹ ይደልዩ፡ ግናኸ ከኣ ቅኑዕ ኣነባብራ የብሎምን። ክርስትና ግን ጸውዒት ንጽድቂ እዩ። እቲ ኣባኻ ዘሎ ክርስቶሳዊ ህይወት ክግለጽ ኣለዎ፣ ቃል ኣምላኽ ድማ ብርሃንካ እዩ። ንዕኡ ዘለካ ፍቕሪ ምርኣይ ማለት ቃሉ ምፍጻም እዩ፤ ፍቕሩን ባህርያቱን ንምግላጽ እዩ። ኣባኻ ስለዘሎ ሕይወቱን ባህርያቱን፣ ነቲ ኣባኻ ዘለዎ ጽድቂ ቅኑዕ ናብራ ከም ዝከኣልን ቀሊልን ይገብሮ። ጐይታ የሱስ ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ዓወት ሂቡካ ኣሎ፣ ስለዚ ብጽድቂ ንበሩ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ምስ ክርስቶስ ኣብቲ ልዕሊ ሰይጣንን ኣብ ልዕሊ ጒጅለታት ጸልማትን ብሓይልን ብግዝኣትን ተቐሚጠ ኣለኹ። ብስም የሱስ፡ ኣነ ኣብ ትሕቲ ጽልዋ ወይ ቁጽጽር ናይ ገዛኢ እዛ ዓለም ብፍጹም የለኹን፦ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ወንጌል ዮሃንስ 14:15

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ እብራዉያን 11-13



ወንጌል ዮሃንስ 14:8-9
... እቲ ንኣይ ዝረኣየ ነቦ ረኣዮ። ከመይ ኢልካኸ፡ ነቦ ኣርእየና፡ ትብል አሎኻ፧

ኣብዚ ሕጂ ዘለናዮ እዋንዚ፡ ኣብዛ ዓለም ጐይታ የሱስ መን ምዃኑ ዘይፈልጡ ብዙሓት ኣለዉ። ገሊኦም ዓቢ ሃይማኖታዊ መራሒ እዩ ይብሉ። ጎይታ ኢየሱስ ግን መራሒ ሃይማኖት ጥራይ ኣይኮነን፤ ንሱ ኣምላኽ እዩ። ነዚ ንምርካብ ቃል ኣምላኽ ከተጽንዑ ኣለኩም። ኣብ ወንጌል ዮሃንስ 5:39, የሱስ "ቅዱሳት መጻሕፍቲ መርምሩ፡ ብዛዕባይ ይምስክሩ እዮም እሞ፡" ኢሉ። ኣብዚ ናይ በዓል ልደት፡ መልእኽቲ ብስራት እንዳዘርጋሕኩም ከለኹም ነዚ ዘረጋግጹ ጥቕስታት ከርእየኩምየ።

ኣብዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ጥቕሲ ይነግረና ኣሎ፥ አንተ ርኢኻኒ፣ ነቦይ ርኢኻዮ ኣለኻ። ጐይታና የሱስ ክርስቶስን ኣቦና እግዚኣቢሄርን ሓደ እዩ።

ዮሃንስ 1:1 "ቃል ብመጀመርታ ነበረ፡ እቲ ቃል ድማ ምስ ኣምላኽ ነበረ፡ እቲ ቃል ከኣ ኣምላኽ ነበረ።" ጥቕሲ14 ከምዚ ይብል፡ "እቲ ቃል ከኣ ስጋ ኰነ (ኮነ)፡ ኣብ ማእከልናውን ተቐመጠ፡ (ክብሩ ድማ ረኣናዮ፡ ምሉእ ብምሉእ ክብሪ ናይ ሓደ ወዲ ኣቦ አግዚኣቢሄር፡) ጸጋን ሓቅን መሊኡ።" እዚ ንየሱስ ዘመልክት እዩ። ስለዚ ኣብ ብዓል ልደት፡ ነቲ ህያውን ስጋ ዝለበሰን ቃል ኢኻ ተብዕል ዘለኻ።

መጽሓፍ ቅዱስ ምልኣት ኣምላኽነት ብስጋ ኣብኡ ከም ዝነብር ይእውጅ (ቆሎሴ 1:19, 2:9)። ንሱ ምሉእ ብምሉእ ኣምላኽ ብስጋ እዩ። እዚ ነብዕሎ ዘለና ልደት ናይ "ክርስቶስ" እዩ። ኣምላኽ ብስጋ የሱስ እዩ መጺእና። እዚ ክጽንብለሉ ዝግባእ እዩ፡-

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ካብ ሎሚ ጀሚረ፡ ክርስቶስ ኣባይ ኣሎ፤ ካብዚ ዝንእስ ኣይጽበን እየ፡- ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ወንጌል ዮሃንስ 1:10-12

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ 2ይ ጢሞቴዎስ



**ወንጌል ሉቃስ 2:11-14**
ሎሚ መድሓኒ ኣብ ዓዲ ዳዊት ተወሊድልኩም ስለ ዘሎ፡ ንሱ ኸኣ ክርስቶስ ጐይታ እዩ፡ ንኹሉ ህዝቢ ዚኸውን ዓብዩ ሓጐስ ኤበስረኩም ኣሎኹ እሞ፡ ኣይትፍርሁ። ምልክት ድማ እዚ ይኹንኩም፡ ኣብ መብልዕ ማል ኣዓለባ እተጠቕለለ ሕጻን ደቂሱ ኽተረኽኑ ኢኹም፡ በሎም። ብዙሓት ሰራዊት ሰማይ ድማ ኣድንገት ምስቲ መልኣኽ ተጸምቢሮም፥ ክብሩ ንኣምላኽ ኣብ ላዕሊ፡ ሰላም ከኣ ኣብ ምድሪ ኣብ መንጎ አቶም ስምረት ኣምላኽ ዘለዎም ሰባት፡ እናበሉ ንኣምላኽ ኣመስገኑ።

እዛ ኣብ ላዕሊ ዘንበብኩማ ጥቕሲ፡ መልእኽቲ ካብ መልኣኽ ናብ ጓሶት ኣብታ ድንቂ መዓልቲ ዝተወሃብዋ እያ። ሰማያት ዉን ናይ ንጉሳት ንጉስ ኢለን ንልደት ዘብዓሉላ መዓልቲን ንሕና ውን እነብዕላ መዓልትን ኢያ። ፍቓድ ኣቦ ንምፍጻም እዩ ተወሊዱ። ንሱ ዝተገልጸልና ፍቕሪ ኣምላኽ እዩ ነይሩ። ንሱ ክመውትን ዋጋ ምድሓን ዓለም ክኸፍልን፡ ንሰባት ናብ መለኮታዊ ሕብረት ምስ ኣቦ ከእትዎምን ናይ እግዚኣብሄር መስዋእቲ ገንሸል እዩ ነይሩ።

ብናይ ገዛእ ርእሱ ፍቕሪ ኣድሒኑና ሕይወቱ ድማ ሂቡና ምእንቲ ብሕብረት ፍቕሪ ኣቦ ከነስተማቕሮ። ካብ የሱስ ሃሊፉ ንፍቕሪ ኣቦ ዝተመኮረ ካልእ ሰብ የለን። ኣብ ዮሃንስ 14:10 “ኣነ ኣብ ኣቦ እየ፡ ኣቦውን ኣባይ ኣሎ” ኢሉ። ብኣቦ ተመላለሰ፡ ኣቦ ድማ ብእኡ ተመላለሰ። ከምቲ ምስ ኣቦ ዘሕለፎ ፍቕሪ፡ ንዓና እውን ኣካፊሉና። ብቑዓት ኣይነበርናን ግና ብቑዓት ጌሩና።ንኣምላኽ ክብሪ ይኹኖ፡-ርሑስ በዓል ልደት!

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ሎሚ ነቲ ኣብ ውሽጠይ ዘሎ ፍቕሪ ኣምላኽ ንብዙሓት ከካፍሎም እየ፡- ክብሪ ንእግዛቢሄር ይኹን፡ ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ወንጌል ዮሃንስ 3:16**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ 2ይ ጴጥሮስ፣ መልእኽቲ ይሁዳ**



ኤፌሶን 5:1
ደጊም ከም ፍቁራት ዉሉድ፣ ሰዓብቲ ኣምላኽ ኩኑ።

ከም ሰዓብቲ ኣምላኽ መጠን፡ ክንነብረሉ ዝግብኣና ኣብነት ኣለና፡ ህይወት ናይ ጎይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ ክንምርምር ይግበኣና። ከም የሱስ ተዛሪቡ ዝፈልጥ ሰብ ኣይነበረን። ቃላቱ፣ እምነቱ፣ ተስፋኡ፣ ፍቕሩ፣ ዘርኢ ጥራይ ዘይኮነስ ንሰማዕቱ እውን ከምኡ ኣመሓላሊፋሎም።

ቃላት ከውጽእ ከሎ ዓበይቲ ተኣምራት ድማ ይስዕቦ ነበረ። ንጴጥሮስን መሳርሕቱን፡ ምሉእ ለይቲ ደኺሞም ዓሳ ከይሓዙ፡ ሽዑ በሎም "ናብቲ መዓሙቕ ደርብይዎ መርበብኩም" (ወንጌል ሉቃስ 5:4) ነገሮም። መርበቦም ክድርብዩ ከለዉ ብዙሕ ዓሳ ስለ ዝነበሮም ናብ ገምገም ባሕሪ ንምምጻእ ኣዝዩ ይጽገሙ ነበሩ። ብቃሉ ከመይ ዝበለ ተኣምር ገበረ፦

ካልኦት ኣብነታት ድማ፡ ቃላት ብምዝራብ ንብዙሓት ሰባት ብናይ ንእሽቶ ወዲ ምሳሕ ከመይ ጌሩ ከም ዝመገቦም፤ ቃላት ተዛሪቡ ነቲ ዝሞተ ኣልኣዛር ብህይወቱ መለሳ፤ ብቃሉ ድማ ንብርቱዕ ህቦብላ ደው ኣበሎ። መዓት ኣብነታት ከምዚኦምውን ኣለዉ። ቃላት ተጠቒሙ ኸኣ ተስፋ ዘይብሉ ኩነታት ናብ ምስክርነት ቀይርዎ። ንሱ ድማ "ቃል ኣቦይ እዛረብ ኣለኹ" በለ። ካብ ሎሚ ጀሚርካ ከምኡ ግበር፡ ካብ ኣቦ ቃላት ጥራይ ተዛረብ፤ ከም ጎይታ የሱስ ተዛረብ፦

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ከምቲ ኣቦይ ዚዛረቦ እየ ዝዛረብ። ካብ ለሚ ጀሚረ፣ ልክዕ ከም ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ቃላተይ ብሓይሊ ፍጥረት መሊኡ ኣሎ። እቲ ዝበሎኩዎ ክፍጸም እዩ።ሃሌሉያ፦

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ይ ቆረንቶስ 11:1

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ 1ይ ዮሃንስ


GoodNews DAILY



**ያእቆብ 3:11**
**ወይስ ዔላዶ ኻብ ሓንቲ ዓይኒ ማይ ጥዑምን መሪርን ማይ ትፍልፍል እያ፧**

ብዙሓት ክርስትያናት፡ ናይ መጀመርታ ሓድሽ ዓመት ንምጽንባል ኣብ ናይ መወዳእታ ደቒቕ ምድላዋት ተጸሚዶም ኣለዉ። ዕላማታቶም ተዘርዚሮም ኣለዉ፣ ርግጸኛታት ስለ ዘይኮኑ ድማ፡ ነቲ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ክበጽሕዎ ዝሓሰቡ ክፍጽሙ ተስፋ ይገብር። ብቐጻሊ ዕዉት ክትከውን እንተደሊኻ፡ ትኹረትን ኣብ ዕላማኻ ምጽናዕን ከድልየካ ኢዩ። ተሾቕሪርካ ምጽባይ ኣይሕግዘካን እዩ። ሓይሊ፡ ትብዓት፡ ዓወት፡ ራህዋ፡ ጥዕናን ምሉእነትን ኣንዳ ተዛረብካ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ድማ ድኽመት፡ ፍርሒ፡ ውድቀት፡ ድኽነትን ሕማምን ክትዛረብ ኣይትኽእልን ኢኻ።

ህይወት ላዕልን ታሕትንእ ኣለዋ እንተኢልካ፡ ህይወትካ ኩሉ ግዜ ዘይቃዶን ዘይግመትን ዘይርጉጽን ክኸውን እዩ ኢኻ ትብሎ ዘለኻ። እዚ ንክርስትያን ኣይኮነን፤ ንሕና ንላዕልን ንቕድሚትን ጥራይ ኢና ንኸይድ።

ኣብዚ ሓድሽ ዓመት፡ ብመደብ ናብቲ ዕላማኻ ኪድ። እቲ ንፍቓዱ ክትገብር ኣባኻ ዝሰርሕ ዘሎ ኣምላኽ ክብሪ፡ ኣብዚ ዝመጽእ ዓመት ነፍሲ ወከፍ ዓወትን ሓጐስን ክትውንን ርግጽ ምሳኻ ኢዩ። ጽኑዕ ጥራይ ኩን።፡-

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

**ኣብዛ ሓድሽ ዓመት፡ ኣብቲ ዝበለጸ ህይወተይ ከተኰር እየ። ጥዑምን መሪርን ነገራት ብሓንሳእ ኣይክሓዋውስን እየ። ኰሉ ጥዑም እዩ ብስም የሱስ፡- ኣሜን ።**

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ያእቆብ 1:8**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ 2ይን 3ይ ዮሃንስ**



**ወንጌል ሉቃስ 6:37**
**ኣይትፍረዱ ኣይክትፍረዱን ኢኹም፡ ኣይትኹንኑ ኣይክትኩነኑን ድማ ኢኹም፡ ሕደጉ ኺሕደገልኩም እዩ።**

ጴጥሮስ ጐይታ ኢየሱስ ድሕሪ ምእሳሩ ከም ዘይፈልጦ ኢሉ ክሒዱዎ ነይሩ። ገለ ሰባት ጴጥሮስ ሃዋርያ ክበሃል ዘይበቅዕ፡ ክስረዝ ውን ነይርዎ ኢሎም ይሓስቡ።የሱስ ግና ከምኡ ኣይኮነን፦ ድሕሪ ትንሳኤኡ ንደቀ መዛሙርቲ ተራእዩ ንጴጥሮስ ናብ ስርሑ ኣእቲይዎ። ንጴጥሮስ ሰለስተ ግዜ “ትፈትወኒ ዲኻ፧” ጴጥሮስ ንዝሃቦ ኣወንታዊ መልሲ፡ ኢየሱስ “ኣባጊዐይ ሓሉ” (ዮሃንስ 21:15-18) ኢዩ።

ኣስተውዕሉ፡ የሱስ “ጴጥሮስ ዝገበርካዮ ዝርስዖ መሲሉካ፣ተስፋ የብልካን፦ ድሕሪ እቲ ኩሉ ምሳይ ዝረኣኻዮ ተኣምራትን ክሳብ መወዳእታ ክጽዕበኒ ኢኻ ኢልካ ምጅሃርካን ግን ክሒድካኒ። በቲ ዝገበርካዮ ክትጣዓስ ኢኻ። ከመይ ጌረ ክኣምነካ ይኽእል ሕጂ፧”ኣይበሎን፣ ኣይፋሉን ንጌጋ ጴጥሮስ ኣብ ግምት ኣየእተዎን። እዚ አዩ ፍቕሪ ጎይታና፦ ከምዚ ሕማቕ ዝገበረካ ሰብ እንታይ ምገበርካዮ፧ ከምቲ የሱስ ዝገበሮ ዋላ ሓንቲ ጸብጻብ ኣይምሃለወካንዶ፧ ገለ ካባኻትኩም ይቕረ ትብሉ፡ ድሕሪ ይቕረ ምባል ግን ሕሱማት ኢኹም። ሕጂ እውን እቲ ሰብ ቁጥዓኻ ከተስምዖ ትደሊ። እዚ ይቕሬታ ኣይኮነን። ሕጂ ግዜኡ እዩ። ቅድሚ ናብ ሓድሽ ዓመት ምስጋርና ይቕረ በል። ነታ መልእኽቲ ስደዳ፡ቴለፎን ደውል፣ ይቕረ በል፦

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ንኣምላኽ ስለ ዘይፈረደኒን ይቕረ ስለ ዝገበረለይን የመስግኖ። ከምቲ ዝረኸብክዎ ይቕሬታ፡ ንኻልኦት እውን ይቕረ እብለሎም ኣለኹ ኣብዚ ሕጂ ኣውዳመት እዋን። ንኣምላኽ የመስግን ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ኤፌሶን 4:32**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ራእይ ዮሃንስ 1-8**



**ወንጌል ሉቃስ 1:12-13**
**ነቲ ናብ ግደ ርስቲ ቅዱሳን ኣብ ብርሃን ዘብቅዓና ኣቦ እናኣመስገንኩም፥ ንሱ ኻብ ስልጣን ጸልማት ዘዉጽኣና፡ ናብታ መንግስቲ ፍቁር ወዱዉን ኣእተወና።**

ብናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ነዚ ተረድኣዮ፡ ኣብ ትሕቲ ስልጣን፡ ግዝኣቱ፡ ወይ ሓይልታት ጸልማት ኣይኮንካን ዘለኻ። ዳግማይ ስለዝተወለድካ ንህይወትካ ክጸልዉዎ ኣይክእሉን እዮም። ሕጂ ኣብቲ እዞም ሓይልታት ጸልማት ክበጽሕዎን ክቐርቡን ዘይክእሉ ዓውዲ ኢኻ ዘለኻ፤ መንግስቲ ናይ እቲ ፍቑር ወዲ ኣምላኽ እያ። ኣብ ትሕቲ ጽልዋ ኣጋንንቲ ክትህሉ ኣይግባእን እዩ። እቲ ጸገም ግን ብዙሓት ኣብ ቤተ ክርስቲያን ስልጣኖምን ግዝኣቶምን ኣብ ልዕሊ ሰይጣንን ሓይልታት ጸልማትን ዘይምጥቃሞም እዩ።

ዳግማይ ምውላድካ፡ ካብ ሰይጣን ትበልጽ ኢኻ፤ ንሰይጣን ምስ የሱስን ኣብ የሱስን ኮይንካ ኣብ ስፍራኡ ኣብ ሲኦል ስዒርካዮ ኢኻ፡- የሱስ ክስዕሮ ከሎ ንስኻ ኣብኡ ኢኻ ነይርካ፡-

ስምዑ እግዚኣብሄር ንተመንን ዕንቅርቢትን ኣብ ልዕሊ ኩሉ ዓቕሚ ጸላኢ ክትረግጽ ሓይሊ (ስልጣን) ሂቡካ እዩ፣ ብዝኾነ ይኹን መገዲ ዝጎድኣካ የለን። ሰይጣን ኣብ ህይወትካ፡ ኣብ ገዛኻ፡ ወይ ኣብ ህይወት ትፈትዎም ሰባትን ነገራንት ክጎዪ መሰል የብሉን። ምስ ክርስቶስ ሓደ ኢኻ፡ ንሰይጣን ንምግዛእ ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ዘሎ ኩሉ ሓይልን ስልጣንን ምሉእ ብምሉእ ተጻዊንካ ኢኻ ዘለኻ። ንኹነታት ዓብሊልካ ንዓለምካ ሓላፍነት ውሰድ፡-

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ሎሚ ኣብ ልዕሊ ንዓለመይ እገዝእ ኣለኹ ። ዲያብሎስ ኣብ ልዕለይ ይኹን ኣብ ልዕሊ ዝፈትዎም ዋላ ሓንቲ የብሉን። ንነዊሕ እዋን ዝተሳዕረ ጸላኢ እዩ፡ ከምኡውን ኢሉ ክጸንሕ እዩ፡- ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ቆሎሴ 2:15**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ራእይ ዮሃንስ 9-16**

## ፍጹም ዝኾነ ዕላማ



**መዝሙር ዳዊት 23:3-4**
**ምእንቲ ስሙ ኢሉ ብመገዲ ጽድቂ ይመርሓኒ። በትርኻን ምርኲስካን የጸናንዓኒ አዩ፤ ንስኻ ምሳይ ኢኻ እሞ፤ ብርባርባ ድነ ሞት አኳ እንት ኸድኩ፤ ክፉእ ኣይፈርህን እየ።**

ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጐይታኻን መድሓንኻን፡ ጌርካ ምስ ተቐበልካዮ ጽሕፍቶኻ ኣብ ኣምላኽ ጀመረ። ከምቲ ኣብዛ ሎሚ እነንብባ ጥቕሲ ኣብ መገዲ ጽድቂ ኢኻ እትጐዓዝ ዘለኻ። ገሊኦም ሰባት ኣብ ቃል ኣምላኽ ስለ ዘይነብሩን ብእኡ ስለ ዘይመላለሱን ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ወጻኢ እዮም ዚነብሩ ዘለዉ። ኣብ ዘይግብኦም ቦታ ምስ ዘይግብኦም ሰባት ኣብ ዘይናቶም ኣባይቲ እዮም ዚነብሩ፣ ምሉእ ህይወቶም ተወዲኡ እዩ፣ እዚ ኸኣ ጌጋ እዩ ።

ናትካ ነገር ፍልይ ዝበለ ኪኸውን ኣለዎ፣ እቲ ግሩም ጽሕፍቶኻ ኣባኻ ይዓዪ ኣሎ ህይወትካ ድማ ኣብ ኣምላኽ ዕላማ ኣለዎ ። በቲ ኣባኻ ዚነብር መንፈሱ ይመርሓካ፣ ኣብታ ንኽትመላለስ ዘዳለወልካ መገዲ ኸኣ ጽውዓኻ ንኽትፍጽም ዜድልየካ ዘበለ ኹሉ ይቅርበልካ። ምናልባት ካብቲ ኣምላኽ ንህይወትካ ዘለዎ ዕላማ ኸም ዝረሓቕካ ኰይኑ ይስምዓካ ይኸውን። እቲ ግዜ ኣይተወደአን። ስለዚ ኸኣ እዩ እዚ ቓል እዚ ሕጂ ናባኻ ዚመጽእ ዘሎ። ብቓል ኣምላኽ ኣቢልካ ነቲ ኣብ ኣምላኽ ዝነበረካ ስጒምቲ እንደገና ዳግመ ግምት ግበረሉ።ግዜ ኣይኣኸለን ። ሓሲብካዮ ዘይትፈልጥ ክብሩ ክዓነፈካ ክትርእይ ኢኻ ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብዚ ዝመጽእ ዘሎ ዓመት ብመንፈስ ከይተመራሕኩ ዝወስዶ ስጒምቲ የለን። ካብ ሕጂ ኣትሒዘ ኣብቲ ኣምላኽ ንህይወተይ ዘውጽኦ ፍጹም መደብ ይመላለስ ኣለኹ፦ ሃሌሉያ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
**ኤፌሶን 1:11**

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
**ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ራእይ ዮሃንስ 17-22**



2ይ ቆረንቶስ 2:14
ግናኸ ነቲ ብክርስቶስ ኵሉ ሳዕ ናብ ዓወት ዚመርሓና፡ ብኣናውን መኣዛ ፍልጠቱ ኣብ ኵሉ ቦታ ዚገልጽ ኣምላኽ፡ ስብሓት ይኹኖ።

ንዓመተ ጸባን መዓርን ንድሕሪት ተመሊስና ክንርእዮ ከለና፡ ልብና ንኹሉ ልዕለ ባህርያዊ ዓወታትና፡ ከም ኣገልግሎት ይኹን ኣብ ውልቃዊ ህይወትና፡ ዘሕለፍናዮ ንጐይታ ምስጋና ይኹኖ። ናይ ሎሚ ጥቕሲ እግዚኣብሄር ኩሉ ግዜ ብክርስቶስ ከም ንዕወት ይገብረና ትብል፡ እዚ ድማ ኩሉ ምኽንያት ንምምስጋን እዩ፡- ኩሉ ዓወት ብቐጥታ ንዕኡ ንኣምላኽ ክብሪ እዩ።

ስለዚ ንድሕሪት ምልስ ኢልካ ነታ ዓመት እሞ ርአያ፣ ንጐይታ ስለቲ ዝገበረልካ ዅሉ ተሓጎስን ኣመስግንን ውሬታ ድማ ምለስ። ንዕኡ ምሉእ ምስጋና ይኹኑ በል። ንዅሉ እቲ ዘጋጠመ ኽፉእ ነገራት ክትቌጽር ኣይትጀምር፣ ኣብ ክንዳኡስ ነቲ ዝረኸብካዮ በረኸት ጸብጽብ ። ንእሽቶ ይኹን ብዘየገድስ ብዅሉ ዝሓለፈ ዕዮኻ ተሓጐሰሉ፡-

ሓጐስ መግለጺ እምነትካ ምዃኑ ኣይትረስዕ። ብምጽንባልን ብምሕጓስን ንኣምላኽ ስእሊ እምነትካ ኣርእዮ። ካብዚ ብዝዓቢ ውን ኣብ ን2025 ብትጽቢት ኣመስግን፡- ኣብዚ ሓድሽ ዓመት፥ ናይ ጸሎት ሂወትካ ከም ሓዊ ቓል፡ ቓል ኣብሎ፡-

ርሑስ ሓዱሽ ዓመት፣ ጐይታ ይባርኽኩም።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ሓድሽ ዓመት ንጐይታ ብሓጐስ  እየ ዝውድሶ።በቲ ሓያል ስም የሱስ እታ ዝበለጸት ዓመት ክትከውን እያ! ኣሜን ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
1ይ ተሰሎንቄ 5:18

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
አንቛዕ ሓጎሰኩም፡-
ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ ወዲእናዮ።

BY PROPHET
**UEBERT ANGEL**

# OUR LORD JESUS CHRIST

Our Lord Jesus Christ is the cornerstone of the Christian faith, His life and teachings have profoundly influenced the course of history. Our Lord Jesus Christ is known for His unparalleled compassion, wisdom, and the miraculous deeds He performed. His message centered on love, forgiveness, and the promise of eternal life, offering hope and redemption to all who believe in Him. Throughout His ministry, He travelled across the lands of Judea, healing the sick, comforting the afflicted, and teaching about God's eternal kingdom.

Receiving Jesus Christ as your personal Lord and Savior means accepting His teachings and inviting His transformative presence into your life. It is a journey toward spiritual fulfilment, grounded in faith, love, and the promise of salvation.

Through our Lord Jesus Christ, we find strength, hope, and a path to eternal peace.  To be made whole, or to be saved, is to submit to God and His plan and purpose for our lives. It is a turning from our old ways and turning to Jesus Christ, to ask Him for forgiveness from our sins and to give us new life in Him.

**Romans 10:9 says:**
"If you declare with your mouth that Jesus is Lord, and believe in your heart that God raised him from the dead, you will be saved."

Salvation is God's free gift to us and we become His children. It is an irrevocable acceptance into the family of God and it is an empowerment to live life wholly and fully with the purpose of reflecting God to the rest of His creation.

## ንየሱስ ክርስቶስ ኣብ ሂወትካ ተቐቢልካዮዶ፧

ነዛ ጸሎት እዚኣ ብምጽላይ ንየሱስ ክርስቶስ ጐይታ ህይወትካ ኽትገብሮ ንዕድመካ ኣለና።

ኦ ጐይታይ ኣምላኽ፣ ብስም የሱስ ክርስቶስ ናባኻ ይመጽእ ኣለኹ። ብምሉእ ልበይ ኣብ ወዲ ህያው ኣምላኽ ዝኾነ የሱስ ክርስቶስ ይኣምን እየ። ምእንታይ ከም ዝሞተን ኣምላኽ ካብ ሞት ከም ዘተንስኦን እኣምን እየ። ሎሚ ብህይወት ከም ዘሎ እኣምን እየ። የሱስ ክርስቶስ ካብዛ መዓልቲ እዚኣ ኣትሒዙ ጐይታ ህይወተይ ምኳኑ ብኣፈይ እእመን ኣለኹ። ብእኡን ብስሙን ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣሎኒ፣ ዳግም ተወሊደ እየ። ጐይታይ ንነፍሰይ ስለ ዘድሓንካያ አመስግነካ። ሕጂ ውሉድ ኣምላኽ እየ ። ሃሌሉያ!

እንቋዕ ሓጐሰካ! ካብ ሕጂ ውሉድ ኣምላኽ ኰንካ ኢኻ።

To receive more information on how you can grow as a Christian, please get in touch with us on

**UK: +44 3333 448 612 / USA +1 240 781 6942**
**RSA +27 51 004 0209**

www.uebertangel.org | www.goodnewsworld.com

# ንሓለዋ ዝኸውን ጥቕሲ

ትንቢት ኢሰያስ 54

14 ኣነ ጽኑዕን ኣብ ጽድቂ ዝተሰረትኩን እየ። ካብ
ዝኾነ ይኹን ሽግር ዝረሓቕኩ፣ ዝፈርሆ ነገር
የብለይን። ራዕዲ ካባይ ርሒቑ እዩ፣ ጥቓይውን
ፈጺሙ ኣይቐርብን።

15 ዝኾነ እንተ ኣጥቂዕኒ፣ ብፍጹም ካብ
ኣምላኽ እዩ ተላኢኹ ኢለ ኣይሓስብን። ዝኾነ
ዓይነት መጥቃዕቲ እንተመጸ፣ ንዓይ ግን
ኣይክጎድኣንን እዩ።

16 ነቲ ሂወት ንምንጽናት ኢሉ እተሰርሐ ኣጽዋር
ዝሰርሕ ሰብ እግዚኣብሄር እዩ ፈጣሪኡ። ነቲ
መጥፍኢ እውን ንሱ እዩ ፈጢርዎ።

17 ንዓይ ኪጐድኣኒ ዚኽእል ኣጽዋር ግና ተሰሪሑ
ኣይፈልጥን። ዝኾነ ሰብ እንተ ደኣ ኸሲስኒ፣ ከም
ሓሳዊ ክንጸግ እዩ። ኣነ ኣገልጋሊ ኣምላኽ ስለ
ዝኾንኩ፣ እዚ እዩ ርስተይ። እግዚኣብሄር ድማ
ኩሉ ነገር ንጹቡቐይ ከም ዝሰርሕ ከረጋግጽ እዩ።

እቲ ኣምላኽ ዝብለኒ እዚ እዩ
ብስም የሱስ ፈጺሙ ኣይክፈሽልን እዩ!

TRANSLATED FROM THE MESSAGE BIBLE IN ENGLISH




# SPONSOR A LANGUAGE

**Sponsor a language today through our outreach campaign. Join us on this remarkable journey by sponsoring and sharing the GoodNews Daily devotional so that we can penetrate the hearts of millions around the world. Together, we can spread the goodnews message of God's grace to every city, every street, and household in multiple languages across the world.**

**Every month, our dedicated partners distribute free copies of the GoodNews Daily devotional to people in orphanages, prisons, hospitals, homes of the elderly, schools, government institutions, and countless other locations around the world. We have received testimonies of salvation, healing, divine provision, and many more as a result of this global distribution campaign. Be part and parcel of this glorious move of God by giving someone the chance for a new start and fresh hope for tomorrow.**

**BY PROPHET UEBERT ANGEL**

@GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL

SPONSOR AT: WWW.GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL.COM

**AVAILABLE IN MULTIPLE LANGUAGES**

# A GLOBAL VISION, REQUIRES A GLOBAL BUDGET

**Become A GoodNews Daily Partner**

Through your generous partnership and financial support we are able to share the GoodNews Daily devotional to every corner of the world and tell the untold about the goodnews revelation of our Lord Jesus Christ as taught by the Highly Esteemed Prophet Uebert Angel. We are able to translate, print, and distribute the GoodNews Daily devotional via our Mission Trips, GoodNews On-The-Go Campaign, and Adopt a Nation/Language to help further spread the gospel. Become a partner and stakeholder in this global vision and join us in taking God's divine message to nations across the globe through our Messenger Angel, The GoodNews Daily.

*By Prophet Uebert Angel*

@GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL



**PARTNER AT: WWW.GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL.COM**

## WELCOME TO OUR

# ONLINE HUB

BY PROPHET UEBERT ANGEL

**VISIT OUR WEBSITE**

W W W . G O O D N E W S D A I L Y D E V O T I O N A L . C O M

@GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL





Experience daily inspiration and spiritual growth by visiting the GoodNews Daily website. Dive into your prophetic Word of the day and enriching content that can transform your life. Don't miss the opportunity to deepen your faith and find joy in the Word of God. Visit the GoodNews Daily website today!


For more information visit: www.goodnewsdailydevotional.com
You can also send an email to: gnd@goodnewsworld.com
Or Call At: **USA: +1 (240) 781-6942 UK: +44 333 344 8612**
**ZW: +263 773 195 955 RSA: +27 (51) 004-0209**

# EVERY-DAY ON

Spotify




Join our community of global listeners who start their day with the GoodNews Daily devotional. Listen to the GoodNews on Spotify and let it be your companion on the path to spiritual growth and biblical truth under the revelation and teachings of Prophet Uebert Angel.




# EVERY-DAY ON

YouTube

We bring you real-life testimonies on the impact the GoodNews Daily devotional has had worldwide through our YouTube channel. As the number one daily devotional, it has touched countless lives, spreading the message of hope, love, and faith. Through the profound teachings of Prophet Uebert Angel, the GoodNews Daily devotional has become a powerful tool for personal transformation, inspiring individuals, families, and children to live a life of purpose and fulfillment.

**BY PROPHET UEBERT ANGEL**

SUBCRIBE NOW

@GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL

WWW.GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL.COM

# GOODNEWS DAILY KIDS

The global GoodNews Daily devotional kids is reaching and impacting the world in a glorious manner. This wonderful booklet has reached millions of homes around the world, impacting the lives of children with the profound Word of God.

One of the remarkable aspects of the GoodNews Daily kids is its availability in multiple languages across the world. This inclusivity allows many individuals and children to explore the message of joy and hope contained within the devotional in their native language. As a result, more and more families and children are embracing the transformative power of God's word and experiencing positive change in their lives.

**BY PROPHET UEBERT ANGEL**







SCAN ME

Access to worksheets & quizzes at:
**www.goodnewsdailydevotionalkids.com**

@GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL




SCAN QR CODE FOR YOUR FREE COPY!

# MY NOTES



**TheGoodNewsWorld Helplines**

USA: +1 (240) 781-6942

UK: +44 333 344 8612

ZW: +263 773 195 955

RSA: +27 (51) 004-0209

www.goodnewsworld.com